# መጽሄት ዲቦራ

መጽሄት ዲቦራ ቁ.7 ሓምለ 2018



## “. . . ጊዜ መዝሙር በጽሔ . . .”

### ወንጌላዊ ኣዋጅ ነብዩ ሱራፌል ደምሴ



“ዎ እግዚኣብሄር፣ ከም ንወሓይዝ ደቡብ ጌርካ ንምሩኻትና ምለሶም።” መዝ126፡4

# ትሕዝቶ




4 ዓምዲ - እዋናዊ ቃል
ንሓውኻ ከም ደጋፊኻ እምበር ከም መወዳድርትኻ ኣይትርኣዮ

7 ዓምዲ - ምስክርነት
“እግዚኣብሄር ማህጸን ዝኸፍት ኣምላኽ እዩ።

9 ዓምዲ - ቤተሰብ
ምስዕዓም ንኣካላትና ናብ ስጋዊ ርክብ ዘዳሉ ሆርሞናት ከም ዘንዝዑ ይገብር።

11 ዓምዲ - ኣነቓቓሒቲ ስብከታት
ጎይታ በቲ ዝሕሉ ቅብኣቱ ናብ ማዕርፎና ከብጽሓና እዩ።

13 ራእይ
ካብ ካልእ ዝተፈለየ መልእኽቲ እምበር፣ ህያባት መንፈስ ቅዱስ ብዓል ራእይ ኣይገብሩን እዮም።

14 ዓምዲ - ነፍስየ
እምነት ካብ ተስፋታት ኣምላኽ እያ እትምንጩ እሞ ብተስፋታት ኣምላኽ ምላእ።

15 ዓምዲ - ትምህርቲ
ቤተክርስትያን ክሳብ ዘላ ሃዋርያት ኣለዉ!

17 ዓምዲ - እዋናዊ ሕቶ
ንሓውኻ ከም ደጋፊኻ እምበር ከም መወዳድርትኻ ኣይትርኣዮ!

22 ዓምዲ - ኣማኒን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን
ካብ መንፈስ ቅዱስ እምበር፡ ካብ ኩነታት፡ መከራ፡ ካብ ሰባት ኣይንመሃርን ኢና።

24 ዓምዲ - ካብ ዘንበብናዮ
“ካብ ሓደ ሚልዮን ዶላር፡ ሓደ ሚልዮን ነፍሳት ይሕሹኒ!” ራይናርድ ቦንኪ

26 ዓምዲ - ሓድሽ ተኽሊ
ዳግም ዝተወለድና፡ በቲ ኣምላኽ ቀደም ዘዳለወልና ቅዱ ሂወት መታን ኪንመላለስ ኢዩ።

28 ሓይሊ ኣምልኾ
ንስኻ እናምለኽካ ከለኻ እግዚኣብሄር ኮፍ ክብል ኣይክእልን እዩ። ማሕተማትካ እዩ ዝፈትሕ!

29 ዓምዲ - ተመርመርቲ ፍላጻታት
ኣብ ኢድ ጅግና ዘለኻ ፍላጻ በሊሕ፡ ረዚንን ቅኑዕን ኢኻ።

30 ኩርናዕ - ጥቕስን ሒደት ብዛዕባን
ኣምላኽ ንናይ ክብሪ ህይወት እዩ ጸዊዑካ።

31 ኩርናዕ - ምኽርን ማዕዳን መንፈሳዊ ሕደማን
“ስርዓት እግዚኣብሄር ቅኑዕ እዩ፣ ንልቢ የሐጉሶ፣ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ንጹህ እዩ፣ ነዒንቲ የብርሄን።” መዝ 19:8

32 ሕብራዊት ዓምዲ
ንእዶኻ ካብ ኣምላኽ ተቐበል!

33 ዓምዲ - ህጻናት
ከየባተኽና ንጸሊ!

# ሠለስተኛ ዲቦራ

ዲቦራ” ትብል እብራዊት ስም፡ “ንህቢ” ዝብል ቀጥታዊ ትርጉም ክህልዋ እንከሎ፡ ነታ ምርሒት ወሲዳ ተንሲኣ ብሓይሊ ንቕድሚት ትግስግስን፡ ንጸላእታ ረጊጻ እትዝምርን ቤተክርስትያን ዝውክል፡ ካብ መንፈስ ነብዩት ዲቦራ ዝርዓመ ተወሳኺ ምሳሌያዊ ምግላጽ ድማ ኣለዋ (መሳ4፡1-24 ፡ መሳ5፡ 1-31)።

መጽሄት ዲቦራ፡ እግዝኣብሄር ነዚ ዕዮ እዚ ኢሉ ብዘንቀሖም፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሕብረታት ዘገልግሉን ዝግልገሉን ኣሕዋት እትዳሎ፡ሰለስተ ወርሓዊት መጽሄት ኮይና፡ከምተንኩለን ኣሓት መጽሄታት፡ ስጋ ክርስቶስ ንምህናጽን ንህዝቢ ኣምላኽ ንምጽኣት ንምድላውን ዝዓለመት እያ (ኤፌ4፡11-13)።
ነዛ መጽሄት (ከም ልሳን መንግስቲ ኣምላኽ መጠን)፡ ብጸሎት፡ ብምኽሪ፡ ጽሑፋት ብምብርካት፡ ስእልታት ብምስዳድን ብኻልእ መገድን ክትድግፉ እግዝኣብሄር ዘነቓቕሓኩም ኣመንቲ፡ ሓንጎፋይ ኢልና ከም ንቕበለኩም እናገለጽና፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻና ክትረኽቡና ከም እትኽእሉ ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ክቡራት ኣንበብቲ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽቡና ንዕድመኩም

ዳውንሎድ ክትገብሩ
www.shalom7.org/debora

ርእይቶኹም ክትገድፉልና

www.facebook.com/deborahwordoftruth-magazine



# ነቲ ጽሕፈ ሓርነት ዘሎ ሓላፍነት ተጸሊናሉ 'ዶ ኣለና፧

ኣብ ታሪኽ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ህዝቢ ኣምላኽ ብግዜ ጸበብኦም ብዙሕ እዋን ናብ እግዚኣብሄር ከእውዩ ከለዉ ብተደጋጋሚ ነንብብ ኢና (መዝ107 ብምልኡ ንርኣዮ)። እግዚኣብሄር እውን ካብ ጸበብኦም ብዝተፈላለየ መገዲ ማለት ነብያት፡ ነገስታት፡ ቃሉ... ልኢኹ የናግፎም።

እንተኾነ ግን ኣብ ዙርያኦም ዕረፍቲ ምስ ኮነሎም፣ ነቲ ዝረኸብዎ ሓርነት ናይ ምዕቃብን ሓሳብ ወይ ምኽሪ እግዚኣብሄር ዘይምርዳእን ኣብ ካልእ መልክዑ ዝለወጠ ባርነት ኣትዮም። ኣብ ዳግማይ ኣውያት ዝተረኽብሉ እዋን ውን ብዙሕ ኢዩ።

ንሕናውን ብሃገርን ብቤተክርስትያንን ደረጃ ንሓርነት ዘእወናዮን ዝኸፍልናዮን ዋጋ ብዙሕ ኢዩ። ሂወት ሰብ፡ ኣካል ሰብ፡ ዘመን ሰብ ዝጎድአ ኣዚዩ ከቢድን መሪርን ምኳኑ ንግንዘቦ ኢና።

ኩልና ከም እንዝክሮ፣ ቀድሚ ናጽነት ህዝቢ ኣምላኽ ከመይ ብትግሃትን ዋጋ ብምኽፋልን ነታ መዓልቲ ናጽነት ተጸባብዩዋ እዩ። እንተኾነ ግን ሓሳብ እግዚኣብሄር ተረዲኡ፣ ነቲ ናጽነት ንምዕቃብ ደው ኪብል ብዘይ ምኽኣሉ፣ ናብ ካልእ፣ ዘይተጸበዮን ዘይሓለሞን ዝኸበደን፣ ናይ ባርነት ባርነት ዓመታት ከም ዝኣተወን፣ ካብዚ ንምውጻእ ድማ ዋጋ እናኸፈለ ይርከብ ከም ዘሎ ግሁድ ኢዩ።

እግዚኣብሄር ከምቲ ኩሉ እዋን ብኣውያት ህዝቡ ደስ ዘይብሎ ብምኳኑ ድማ፣ ንጸሎትና ይሰምዮን ደገ ተሰፋ ኪኸፍተልና ድማ ንርእዮ ኣሎና።

### ሕጂኸ ካብ ሕሉፍና ተማሂርና እንታይ ኢና ኪንገብር ዘሎና፧

ከምቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ዶክተር ማይልስ፣ ሓርነት ዋጋ ዝሓትት፡ ሓላፍነት ዘሰክም እንበር ከም ድሌትካ ብምንባር ኪዕቀብ ከምዘይክእል ንምግንዛብ፣ ኣብታ “ዕዳ ሓርነት” ዘርእስታ መጽሓፉ፣ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ነይሩ።

ደቂ እስራኤል ኣብ ትሕቲ ባርነት ኪነብሩ ከለዉ፣ ናይ ገዛእ ርእሶም ፍቓድ ስለ ዘይነበሮም፣ እቶም ገዛእቶም ዝቐረቡሎም ይበልዑ ዝኣዘዝዎም ከኣ ይሰርሑ ከም ዝነበሩ ርዱእ ኢዩ። ኣብ እዋን ሓርነት ግና እቲ ዘመን ኣብ ኢዶም እዩ ተዋሂቡ። ደቂ እስራኤል ነቲ ዝተዋህቦም ዘመን፣ ከምቲ ኣብ ሓሳብ እግዚኣብሄር ዘሎ ዘይኮነ ብትምኒቶም ኪነበርዎ ስለ ዝፈተኑ፣ ዘመኖም ኣብ ምድረ በዳ ከም ዝወድኡን፣ ነታ ሃገር ዕረፍቲ ውን ከም ዘይኣተዉን ይፍለጥ።

ናይ እግዚኣብሄር ቤተ ሰብ፣ ንሕና ውን ነቲ እንጽበዮ ዘሎና ናይ ሓርነት እዋን፣ ኣብ ኢድናን ኣብ ኢድ ህዝብናን ዝወድቀሉ ጊዜ ኣብ ኣፍ ቤት ከም ዝተወ ንርእዮ ኣሎና።

እሞኸ ንሕና ከም ዉሉድ ኣምላኽን እቲ መንፈሳዊ ዓለም ከም ዝርደኦም ሰባትን፣ ነቲ ሓሳብን ፍቓድን እግዚኣብሄር ተረዲእና ኪንነብሮን፣ እዋናዊ ሓሳብ ኪንሓስብ፡ ኪንጽሊ፡ ኪንዓይን፡ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ውን ቀቅድሚ ህዝብና ሓሊፍና ኪንገዝእን ኪንቆጽጽርን እንበር፣ ንሓርነትና ንፍቓድ ርእስና ብምንባር ከይንስእኖ፣ ብጥንቃቐ ኪንነብር ይግበኣና።

“ምእንትዚ እቲ ፍቓድ ጎይታ እንታይ ማኳኑ ኣስተውዕሉ እንበር ዓያሱ ኣይትኹኑ።”
ኤፌ5፡17

# ዓምዲ - ኣዋናዊ ቃል



“እዚ እቲ ንዘሩባቤል ዝኸውን ቃል እግዚኣብሄር እዩ” - ዘካ4፥6-7

## ንሓውኻ (ንቤተክርስትያን \ ሕብረት እከለ) ዘርኢ ኣቑመሉ



“ሽዑ ይሁዳ ንኦናን፥ ናብ ሰበይቲ ሓውካ እቶ እሞ ውረሳ፡ ንሓውካ ድማ ዘርኢ ኣቑም፡ በሎ።” - ዘፍ38፥8-10

ኣታ ብሂወት (ኣብ ጸጋ) ዘለኻ ናይ ኣምላኽ ሰብ (ኣገልጋሊ ሕብረት / ቤተክርስትያን እከለ)፣ ኣታ ኣብ ሕቖኻ ዘርኢ ሒዝካ ትመላለስ ዘለኻ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ “ሕብረት እከለ (ቤተክርስትያን እከሊት) ደኺማ!” እናተባህለ ስቕ ኢልካ ኣይትስማዕ። እንታይ ደኣ (ናብ ግራት ሓውኻ እቶ እሞ) ንሓውኻ ዘርኢ ኣቑመሉ!

ምትንሳእ ናትካ (ናትካ ኣብ ሓይሊ ምህላው) ንእኣ ንምልዓል እንተኾነ እንታይ ትፈልጥ፧ “ኣብ ሕብረት እከለ መዝሙር እምበር ቃል የለን፣ ኣብ ማሕበር እከለ ትምህርቲ ኣሎ ሓይሊ ግን የለን...” እናተባህለ ስቕ ኢልካ ኣይትስማዕ።

“ንእኣ ንምትንሳእ ኣብ ሕቖይ እንታይ ኣሎ፧ ጎይታ ብኸመይ መገዲ ክጥቀመለይ ይኽእል፧” ኢልካ ሕሰብ። ናብ ግብራዊ ስጉምቲ ኸኣ ስገር።

ኣብ ሕቖኻ ናይ ቃል ዘርኢ ድዩ ዘሎ፧ ናብ ግራት ሓውኻ ኬድካ ንሓውኻ ምሃረሉ! ናይ ትንቢት ጸጋ ድዩ ዘሎ፧ ኩነታት ሓውኻ ርኢኻ መፈንጥራታቱ ብተኽ!

ኣብ ሕቖኻ ናይ ምኽርን ማዕዳን ጸጋ ድዩ ዘሎ፧ ሓውኻ እናተጋገየ ስቕ ኢልካ ኣይትርአ፣ እንታይ ደኣ ብተግሳጽካን ማዕዳኻን (ብቐጥታ ምስ ዝምልከቶ ኣካል፡ ንሓቂ ብፍቕሪ እናተዛረብካ፡ ንሓውኻ ርብሓዮ! ኣብ ሕቖኻ ዝምቀል ጸጋ ድዩ ዘለካ፧ ንሓውኻ ኣካፍሎ!

ሕብረት እከለ ወይ ቤተክርስትያን እከሊት፣ ኳሶት(መምህራን፡ ዘመርቲ፡ ሙዚቐኛታት) ድያ በቲኻ ዘላ፧ ጻውዒት ዘለዎም ሰባት ርኢኻ ኣዕጥቓላ። ጸለይቲ ድያ ስኢና ዘላ፧ ብርኪ ክፈለላ!

ሓወይ ሎሚ ቁንጮል ኣቢልና ብደረጃ ሕብረትና ወይ ቤተክርስትያንና ጥራይ እንሓስበሉ እዋን ኣይኮነን! ካብ ንኡስ ኣተሓሳስባ (minority) ንውጻእ እሞ ብደረጃ መንግስቲ ኣምላኽ ንሕሰብ። በቲ ንሓውና ዘድልዮ ሸነኽ ከኣ ዘርኢ ነቑመሉ!

ሎሚ ከምቲ ርሕሩሕ ሳምራዊ ዝገበሮ፣ በቲ ኣባኻ ዘሎ ጸጋ ጌርካ ዘደኸመ (ዝወደቐ) ነገር ናይ ሓውኻ ኣልዕሎ ደኣ እምበር፣ ከም ወዲ ይሁዳ፡ “ንኣይ ኣይከውንን እዩ” ኢልካ ዘርእኻ ኣይትኽዖ።

(ብመሰረቱ ንየሱስ ዝኾኑ እምበር ንኣና ዝኾኑ ነፍሳት ክንጽውዕ ኣይተለኣኽናን!)

ወይ ድማ ከምቲ ካህንን እቲ ሌዋውን ዝገበርዎ፡ “ታይ ገደሰኒ” ኢልካ ንነገር ሓውኻ እናርኣኻ ረጊጽካዮ ኣይትሕለፍ።

ነዚ ሓሳብ ጸይፎ። ካብዚ፡ “ንኣይ ኣይከውንን እዩን እንታይ ገደሰንን” ዝብል ሓሳብ ግድን ክትወጽእ ኣሎካ። እዚ ንኣኻ ኣይምጥንካን እዩ። ፍቓድ ኣምላኽ ስለ ዘይኮነ!

ካብዚ ሓሳብ ክትወጽእ እንተደሊኻ፣ ገለ ካብቶም ክትሕዞም ዘለካ ኣተሓሳስባን ክትክተሎም ዘሎካ ኣካይዳን እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

### 1. ምስላ ዘራኢ ምኽታል

“እምብኣርሲ ንስኻትኩም ምስላ ዘራኢ ስምዑ።”- ማቴ13፥18,13-18

እንተስተውዒልካ እቲ ዘራኢ፡ “እዚ መገዲ እዩ”፣ “እዚ ከውሒ እዩ።” ከይበለ፣ ንዘርኡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ እዩ ኣውዲቕዎ! ግደኡ ፈሊጡስ ናቱ እጃም ገይሩ እዩ። ግደኡ ምዝራእ እዩ ዘሪኡ ኸኣ፣ ግደ እቲ ተቐባሊ ኸኣ ተቐቢልካ ምፍራይ እዩ። ተቐቢሉ ተፈረየ ጽቡቕ! ተዘይፈረየ ግን ንእኡን ንዋንኡን ይምልከት።

ንስኻ ድማ ግዴኻ ምዝራእ እዩ እሞ ዝራእ።

ክትፈሪ እንተኾይንካ ነቲ ጎይታ ኣብ ልብኻ ዝሃበካ ቃል ሰባት ከይፈላለኻ ዝርኣዮ! ሞስሊም ድዩ፧ ዝርኣሉ፡ ጴንጠድዩ፧ ዝርኣሉ፡ ወንጌላዊ ድዩ፧ ዝርኣሉ፡ ኦርቶዶክስ ድዩ፧ ዝርኣሉ፡ ካቶሊክ ድዩ፧ ዝርኣሉ።

ናትካ ግደ ነቲ ኣባኻ ዘሎ ዘርኢ (ምና/መኽሊት) ከይፈላለኻ ምዝራእ (ምውፋር፡ ምሽራፍ) እዩ። ዕማምካ ግበር!

ሓወይ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሕካ ዝራእ ደኣ እምበር ብኣተሓሳስባኻስ ኣይትተሓጸር ደኣ። ንኣብነት ጳውሎስ ኣበይ ክሰብኽ ከምዘለዎ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝመርሖ ነይሩ። ብናቱ ሓሳብ ክኸይድ ምስ ዝፍትን ግን መንፈስ ቅዱስ ይኽልክሎ ከም ዝነበረ ነንብብ ኢና።

ስለዚ፡ “እዚ ኣይናተይን እዩ” ኢልካ ኣይትትሓጸር። ከምቲ ጴጥሮስ ኣገልጋሊ ግዙራት ክነሱ ንዘይግዙራት ግደ ዝሃበ፣ ንስኻ ውን ግደ ሃብ። ሽዑ ብዛዕባ ነገር ናይ ሓውኻ (ናይ ሕብረት እከለ) “ደኺሙ” ዝነበረ፡ “ተንሲኡ” ተባሂሉ ክዝበረሉ እዩ።

### 2. መዕበዪ ምዃን

ንሓደ ኣማኒ ኣቦ ዘይክትኮኖ ትኽእል ኢኻ። መዕበዪ ክትኮኖ ግን ጸገም የብልካን።

“ብክርስቶስ ኣእላፋት መዕበይቲ እኳ እንተ ኣለዉኹም፡ ኣነ ብክርስቶስ የሱስ ብወንጌል ወሊደኩም እየ እሞ፡ ብዙሓት ኣቦታትሲ የብልኩምን።...” 1ይ ቆረንቶስ 4፥14-15

ስለዚ መዕበዪ ብምዃን ጎደሎ ሓውኻ ሽፍን። ሰማያዊ ሃብትኻ ኸኣ ኣኻዕብት!

### 3. በረኸት ምምቃል

ኣብ ቆሎ 4:16 “እዛ ደብዳበ እዚኣ ኣባኻትኩም ምስ ተነበት፡ ኣብ ማሕበር ሎዲቅያ ኸኣ ከም እትንበብ፡ ነታ ኻብ ሎዲቅያ እትመጽእ ንስኻትኩም ውን ከምእተንብብዋ ግበሩ። ናትኩም ስደዱሎም እቲ ናብኦም ዝመጽእ ድማ ከምትንብብዋ ግበሩ።” ዝብል ቃል ኣሎ።

ስለዚ በረኸት ተማቐል! ካብቲ ብናትካ ኣድራሻ ዝመጸ በረኸት ንሓውኻ ምቐሎ! ካብቲ ብናይ ሓውኻ ኣድራሻ ዝመጸ በረኸት ከኣ ክመቐለካ ደገ ክፈተሉ። ፍቐሪ በረኸትካን ገዛእ ርእስኻን ምክፋል እያ!

### 4. ንሓውኻ (ሕብረት እከለ) ከም ደጋፊኻ እምበር ከም መወዳድርትኻ ዘይምርኣይ

ንሓውኻ ከም ደጋፊኻ (መዋርስትኻ) እምበር ከም መወዳድርትኻ ዘይምርኣይ ሰናይ እዩ። ከመይሲ ቃል ኣምላኽ፡ “ብጻዕሮም ጽቡቕ ጻማ ስለ ዘለዎም እንተወደቑ፣ እቲ ሓደ ንብጻዩ የተንስኦ እዩ እሞ፣ ካብ ሓደስ ክልተ ምኻን ይሓይሽ። እቲ በይኑ ዘሎ ግና እንተወደቐ ዜተንስኦ የብሉን እዩ እሞ ወይልኡ።” እዩ ዝብል (መክ4:9-10)።

ንሓውኻ ካብ ድኻሙ ምትንሳእ ማለት፣ ንስኻ ኣብ እትደኽመሉ ግዜ ንሓዋሩ ከይትወድቕ ደጋፊ ምሓዝ ማለት እዩ። ካብ ሓደ ኣቦ ዝተወለድና ኸኣ መታን ንሓድሕድና ክንተሓጋገዝ እዩ።

ዝኾነ ምስ ሓዉ ኣብ ውድድር ዝኣተወ ኣማኒ (ሕብረት)፣ ናይ ውድቀት መሳልል ሒዙ ንታሕቲ እዩ ዘንቀልቁል። በቲ ሓደ ሸነኽ ከኣ፣ ካብ ውድድር ምውጻእ ማለት ናብ ከረን ምድያብ ማለት እዩ።

### 5. ፍቓድ ኣምላኽካን ናይ ሰረት እምነት ፍልልይን ፈላሊኻ ምርኣይ

ናይ ሰረተ እምነት (doctrine) ፍልልይ ክህሉ ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ግን ክልቴኻ ተጻረርቲ ክትከውን ኣለካ ማለት ኣይኮነን።
ሕብረት እከሊት ምድካማ እታ ዘለኻያ ሕብረት ግና እናሓየለት ምኻዳ፡ “ዳዊት እናበርትዐ ኸደ፣ ቤት ሳኦል ግና እናደኸመት ከደት!” ዘብል ኣይኮነን (2ሳሙ3:1)።

ሎሚ ናይ ቤት ዳዊትን ናይ ቤት ሳኦልን ዝብሃል ነገር የለን። ኩሉ ናይቲ ዝተሰቕለ የሱስ ክርስቶስ ጉዳይ እዩ። ስለዚ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣተሓሳስባ ኣብ ቤተክርስትያን ክህሉ የብሉን።

እምብኣርከስ ዝኸበርካ ሓወይ፣ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ተደሪትካ ንሓውኻ ዘርኢ ካብ ምቛም ኣይትብኮር። ግዳስ ካብቲ ኣብ ሕቖኻ ዘሎ ዘርኢ፣ ንሓውኻ (ንቤተክርስትያን/ሕብረት እከለ) ብልግሲ ዘርኢ ኣቑመሉ!
ብምትንስኡ ሰማያውን ምድራውን በረኸት ክትዓጽድ ኢኻ። ምኽንያቱ ንሱ ንኣኻ ንምድጋፍ እዩ ክትንስእ። ንሱ ንስኻ ምእንቲ ከይትወድቕ እዩ ክትንስእ። ንሱ ብጎድንኻ ምእንቲ ክፍተት ከይህሉ እዩ ክትንስእ።

መካበብያ የሩሳሌም ብኸምኡ ከምዝተሃነጸ ዘክር። ንስኻን ንሱን ከኣ ብኸምኡ ተኣሳሲርኩም ኢኹም እትህነጹን ደው እትብሉን።

ኣብቲ ዝመጽእ ዘሎ ምንቕቓሕ እቲ ዕዮ ብርግጽ ክበዝሕ እዩ። ዓየይቲ ኸኣ ክውሕዱ ይኽእሉ እዮም። ደገ ዓሳ እናሃነጽካ እንከሎኻ፣ ደገ ኣባጊዕ ዝሃንጽ ሓው ከም ዘድልየካ ርዱእ እዩ። እሞኸድኣ ሓወየ! ሓውኻ ብዘርእኻ (ብጸሎትካን ብኣገልግሎት) እንተዘይ ተንሲኡ መን ‘ዩ ከተንስኦ!

ንሓውኻ ምትንሳእ ናትካ ግደ እዩ። ስለዚ ናብ ግራት ሓውኻ እቶ እሞ፣ ንሓውኻ ዘራኢ ኣቑመሉ። ሻሎም!

## “ጊዜ መዝሙር በጺሑ!” መሓ2:2

## ወንጌላዊ ኣዋጂ ነብዩ ሱራፌል ደምሴ



የሱስ ጎይታ እዩ። የሱስ ጎይታ እዩ። ምድሓን ብማንም ካልእ የለን። (ክንድሕነሉ) ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዝተሰብከ ስም “የሱስ” ይብሃል (ግብ4:12, ቆሎ1:22-23)። (ናይ መድሓኒና) ስሙ የሱስ እዩ። የሱስ ጎይታ እዩ። የሱስ (ህይወት) ዝልውጥ እዩ።

ወንጌል ስዓሪ እዩ። የሱስ ንምውታን ህይወት ይህብ። የሱስ ናይዛ ምድሪ ኣርዑት ሰይርዎ እዩ። ኣርዑትና ንዘልኣለም ጎይታ ሰይርዎ እዩ።

እዛ ምድሪ ካብ ሕጂ ንድሓር ብወንጌል ክትሕረስ እያ። ኣስመራ ካብዚ ንደሓር ብወንጌል ክትናወጽ እያ። ወንጌል ኣብዛ ምድሪ ክበጽሕ እዩ።

ወንጌል ስዓሪ እዩ። ወንጌል ዝባርኽ እዩ። ወንጌል ዓራቒ እዩ። ወንጌል ንሃገር ይባርኽ። ወንጌል ንጸልማት የሳጉግ! ወንጌል ስዓሪ እዩ።

ዘመን መጺኡ፡ ናይ ዜማ ግዜ በጺሑ። ኣርዑት ተሰይሩ። ውርደት ተሰይሩ፡ (ብልሒ) ሞት ተሰይሩ፡ ጭንገፋ ተሰይሩ። መርገም ተሰይሩ። ውርደት ተሰቢሩ።

ጎይታ የሱስ ክመጽእ እዩ። የሱስ ክርስቶስ ትማሊ፡ ሎሚ፡ ንዘልኣለም ህያው እዩ።

ሰይጣን ተሳዒሩ እዩ። ሓጢኣት ተሳዒሩ እዩ። ሞት ተሳዒሩ እዩ። ሲኦል ተሳዒሩ እዩ። የሱስ ክርስቶስ ስዒርዎ እዩ። የሱስ ክርስቶስ ትማሊ፡ ሎሚ፡ ንዘልኣለም ህያው እዩ። ህያው እዩ! ህያው እዩ! ስዓሪ እዩ! ስዓሪ እዩ!

ወንጌል ይልውጥ እዩ። ወንጌል ይቕይር እዩ። ወንጌል ንኸተማ የልምዕ። ወንጌል ይባርኽ። የሱስ ጎይታ እዩ።

ከባቢ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ
1:50 ድ.ቐ ሓምለ 19, 2018

# “ኣብ ትሕቲ እታ ጽንዕቲ ኢድ ኣምላኽ ትሕት በሉ...!”



ሰይጣን ምስ ሓደ ሲሶ መልኣኽቱ ካብ ሰማይ ዝተደርበየ፣ ናብቲ ዘይግብኦ ቦታ ልዕል ክብል ስለ ዝተመጣጣረ እዩ። ሰብ ውን ካብቲ ኣምላኽ ዘዳለወሉ ቦታን ማዕርግን ዝወደቐ፣ ናብ ዘይግብኦ ቦታ ክድይብ ስለ ዝተሓብለ እዩ።

ብናይዞም ክልተ ፍጥረታት (መልኣኽትን ወድሰብን) ውድቐት ሰማይን ምድርን ተናዊጹ፡ ቅኑዕ ስርዓት ተዘናቢሉ፡ ብመሰፍር ኣምላኽ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ዝተራእየ ነገራት ተበላሽዩ፡ ብዙሕ ሕንፍሽፍሽ ውን ኮይኑ እዩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ምስቁርቋር ኩሉ ፍጥረት ኣኸቲሉ።

ከምኡ ውን ንስኻ ኣብ ዘይቦታኻ ክሳብ ዝሃለኻ፣ ኣብ ቤት ኣምላኽ ድሓን ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ጽቡቕ ኣይክኸውንን እዩ።

ሰማያት ክብሪ ኣምላኽ ከዘንትዉ፣ ጠፈር ከኣ ግብሪ ኣእዳዉ ከውርዩ ዝበቕዐ፣ ካብቲ ዝተሓንጸጽሎም ቦታ ከይወጹ፣ ስርዓት ኣምላኽ ሓልዮም፣ ስለ ዝኸዱ እዩ።

እምበር፣ ሓንቲ ግዜ ካብ ስርዓት እንተዝወጹ ነይሮም፣ እዚ ሕጂ ስርዓተ ጽሓይ ዝበሃል ዘሎ፣ ኣይምሃለወን።

ልክዕ ከምኡ ንስኻ፣ ካብ ስርዓት ወጺኻ ኣብ ዘይቦታኻ እንተድኣ ኣለኻ፣ ናትካ ካብ ስርዓት ምውጻእ፣ ንምውዳቕን ምዝንባልን ህይወት ናይ ብዙሓት ከዋኽብቲ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እቲ ስርዓቱ ሓልዩ ብምኻዱ ክብሪ ኣምላኽ ከዘንቱ፣ ግብሪ ኣእዳዉ ከኣ ከውሪ ዝግብኦ ሕብረት፣ ንስኻ ኣብ ዘይቦታኻ ክሳዕ ዘለኻ፣ ሕንፍሽፍሽ ክኸውን እዩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ምስቁርቋር ኩሉ ፍጥረት ከኸትል እዩ።

ጎይታ ኣብ ሰማይ እዩ ነይሩ፡ ናብ ሰማይ ከኣ ተመሊሱ። ምውራዱን ምድያቡን ንኣኻ ናብ ዝበለጸ ስፍራ ንምስቃል እምበር ንርእሱ ምእንቲ ልዕል ከብል ኣይኮነን።

ገነት ኣብ ምድሪ እያ ነይራ። ኣዳምን ሄዋንን ከኣ ኣብኣ እዮም ነይሮም። ክወድቑ እንከለዉ ካብቲ ዝበለጸ ቦታ ናይ ምድሪ፣ ናብ ለጠቕ ዝበለ ካልእ ክፋል ናይ ምድሪ እዮም ወሪዶም።

ክርስቶስ ግና ንኣኻ ካብ ምድሪ ናብ ሰማይ ከደይበካ እዩ መጺኡ። ንስኻ ካብ ውርደት ናብ ክብረት፡ ካብ ሞት ናብ ህይወት ከሰጋግረካ እዩ ዝተዋረደን ዝሞተን፣ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ተንሲኡ ውን ናብ ክብርን ናብ ህይወትን ዝተመልሰ።

ሎሚ፣ ንስኻ ንኽብርኻ እንተዘይሞይትካ፣ ንኽብሪ ኣምላኽ ክትትንስእ ኣይትኽእልን ኢኻ። ሎሚ፣ ንስኻ ካብ ዘይግብኣካ ቦታ እንተዘይወሪድካ፡ ናብቲ ብክርስቶስ የሱስ ዝተገብኣካ ስፍራ ኣይክትድይብን ኢኻ።

ምድሪ ኢኻ እሞ ናብ ምድሪ ክትምለስ ድዩ ምርጫኻ፧ ዋላስ ነዚ ምድራዊ ስጋን ስርዓቱን ዘሪእካ ንሓዋሩ ሰማያዊ ስጋ ክትለብስን ኣብ ሰማያዊ ስርዓት ከኣ ክትመላለስ ኢኻ ትደሊ፧

ምናልባት እቲ ዘለኻዮ ቦታ ንግዚኡ (ናብ ካልእ ክሳብ ተሰጋግሮ) ሒዝካዮ ክትጸንሕ፣ ፍቓድ ኣምላኽ ነይሩ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሕጂኸ እዋናዊ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብቲ ቦታኻ እንታይ እዩ፧

ዮሃንስ መጥመቕ፡ “ንሱ ኪዓቢ፡ ኣነ ግና ክንእስ ይግባእ።” ዝበለ (ዮሃ3:30)፣ ካብቲ ሒዝዎ ዝጸንሐ (ንኣዒንቲ ኩላ ይሁዳን እስራኤልን ዝሓዘ) መድረኽ ተኣልዩ፣ ንጎይታ መድረኽ ዘረክበሉ ግዜ ከም ዝበጽሐ ምስ ተረድአ እዩ። ሓወይ ከ ንኣኻ እንታይ ይርድኣካ፧ ኣባኻ ዘሎ ጸጋኸ እንታይ ክትገብር ይድርኸካ፧ መንፈስ ኣምላኽ ከ እንታይ ክትገብር ይረትዓካ፧

ሎሚ ክርስቶስ ናብቲ ዘቐመጠካ ጽፍሕን ጸጋን እናቋመተ፣ ስምካ እናጸውዐ፡ “ኣበይ ኣለኻ፧” ይብለካ ኣሎ። ሓወየ ኣበይ ኣለኻ፧ ብዛዕባ ዘለኻዮ ጽፍሕን ጸጋን እንታይ ትብል፧ እቲ ብኢድካ ዝወሰድካዮ ቦታ እኮ ዝግብኣካ ነይሩ ክኸውን ይኽእል እዩ። ግናኸ ነቲ ዝግብኣካ ቦታ ብዝግብኣካ መገዲ ተጓዒዝካ ክትወስዶ እዩ እቲ ግቡእ።

ኣዳም ዘይግብኦ ክወስድ ተወዲቑ፣ ሓድሽ ፍጥረት ግን ካብቲ ዘይግብኦ ብፍቓዱ እናወረደ እዩ ልዕሊ እቲ ዝግብኦ ዝወርስ።

ምስዚ ሓሳብ ዝኸይድ፣ ኣብ ሉቃስ 14:7-11 ጎይታ ንመለበሚና ዝመሰሎ ሓደ ምስላ ኣሎ። ነንብቦ እሞ ንርብሓሉ ኸኣ።

“ኑቶም ናብ ምሳሕ እተጸውዑ ድማ ኣውራ መቐመጢ ኸም ዚሐርዩ ምስ ረኣየ፣ ምስላ መሰሎም፡ ከምዚ ኢሉ፥ ሓደ ናብ መርዓ እንተ ዓደመካ፡ ኣብቲ ኣውራ መቐመጢ ኣይትቀመጥ። ካባኻ ዚኸብር ካልእ ጸዊዑ እንተ ኾነ፡ እቲ ንእኡን ንኣኻን ዝጸውዔ መጺኡ፥ እዛ ስፍራ እዚእ ነዚ ሕደገሉ፡ ኪብለካ እዩ እሞ፡ ሽዑ እናሐፈርካ ናብ ታሕታይ መቐመጢ ኽትወርድ ትጅምር።

“ርእሱ ዜዕቢ ዅሉ ኺዋረድ፡ እቲ ርእሱ ዜዋርድ ከኣ ኪኸብር እዩ እሞ እንተ ተዓደምካ፡ እቲ ዝዓደመካ መጺኡ፡ ዓርከይ፡ ናብ ላዕላይ ደይብ፡ ምእንቲ ኺብለካስ፡ ኬድካ ኣብ ታሕታይ ስፍራ ተቐመጥ። ሽዑ ኣብ ቅድሚ እቶም ምሳኻ ዚምስሑ ዅሎም መቓምጥኻ ኽብረት ኪኾነልካ እዩ።”

ኣብ ማቴዎስ 23:12 ውን “ርእሱ ዘልዐለ ኺሐስር፡ ርእሱ ዘትሐተ ኸኣ ልዕል ኪብል እዩ።” ኢሉ ኣሎ።

“ካበይ እየ ክወርድ፧” ዝብል ሕቶ ክልዓል ባህርያዊ እዩ። ገሌኻ ካብቲ እንጀራ ክትበልዕ ዝደየብካዮ መንበር ውረድ። ገሌኻ ካብቲ ክብሪ ክትወስድ ንገዛእ ርእስኻ ሼምካዮ ዘለኻ ሽመት ጽፍሒ ውረድ። እኽሊት ድማ ካብቲ ማዕርግ ሰብኣይኪ ዓሊኺ ሒዝክዮ ዘለኺ ቦታ (ርእሲ ቤትኪ ምኻን) ውረዲ።

ምኽንያቱ ካብቲ ዘይግብኣካ ቦታ (ጽፍሒ፡ ክፍሊ ኣገልግሎት ናይ ቤ/ክ) እንተዘይወሪድካ፣ ናብቲ ዝግብካ ቦታ ኣይክትድይብን ኢኻ።

ጎይታ ካብቲ ዝግብኦ ቦታ ዝወረደ፣ ንሕና ምእንቲ ካብቲ ዘይግብኣና ክንወርድን ናብቲ ብውርደቱ ዝተገብኣና ብሉጽ ስፍራ ድማ ምእንቲ ክንድይብ እዩ። እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዝነበረ ሓሳብ ኣባኻትኩም ውን ይሃልኹም። “ደጊም ብግዚኡ ልዕል ምእንቲ ከብለኩም፣ ኣብ ትሕቲ እታ ጽንዕቲ ኢድ ኣምላኽ ትሕት በሉ።” 1ይ ጴጥ 5:6

እዚ መልእኽቲ ብምስላ ወይ ብውሽጠዘኣዊ ስዉር ጥበብ ዘይተጻሕፈ (ብኻልእ ዘይሸረፍ)፡ ቅሉዕን ግሉጽን ደብዳበ ኮይኑ፣ ናባኻ (ናባኺ) ናብ ኣብ ቤተክርስትያን ኣብ ዘይግብኣካ/ኪ ቦታ ንዘለኻ ሓው/ ንዘለኺ ሓብቲ ዝተጻሕፈ እዩ። ጎይታ ይባርኽኩም! ሻሎም!

# ዓምድ - ምስክርነት

## እግዚኣብሄር ማህጸን ዝኸፍት ኣምላኽ'ዩ!

> "ሓቀኛ ምስክር ነፍሳት የድሕን! ሓሶት ዘዛረብ ግና ምጥባር ጥራይ እዩ።"
> ምሳ14፡25

ገዛ እትው ምስ በልኩ ብዓልቲ ቤተይ ክትበኪ ጸንሓትኒ። ኣነ ኸኣ ሰንብድ ኢለ፡ "እንታይ ኮንኪ 'ቲ፧" በልኩዋ። ተመርዒና ከይ ወለድና ዓመታት ብምጽናሕና ዝፈጠረላ ጸቕጢ ዝመበገሲኡ ብኽያት ምኳኑ ምስ ፈልጥኩ፣ ልባ ከምዝተተንከፈ ኣስተውዒለ፡ "ክርስትያን ተባሂልኪ ትበኽዩ! ንስኺ ተበኺኺ ድኣ እሞ ኣነ እንድየ ክጉዳእ! ክወልድ እናኸኣልኩ! ኣምላኽኪ ኣይትኣምንን ዲኺ፧ ኣጆኺ!" እብላ።

ንሳ ኸኣ፡ "እወ ሓቅኻ!" ኢላ ንብዓታ ደራሪዛቶ ሱቕ ትብል።

ብዘይ ውላድ ዓመታት ምስ ከድና ግን ካብ ኣደ ዝመጽእ ነገር ኣሎ። ካብ ዓርኪ ዝመጽእ ነገር ኣሎ። "ፈትን!" ዝብሉኒ (ዓለማውያን) ውን ነይሮም። ፍርሒ፡ ቁሪምሪም፡ ኣብ ገጽ ተንብጦ መልእኽትታትን ስምዒታትን ናይ ኣደ ውን ነይሩ። እዚ ኸኣ ርእሱ ዝኸኣለ ጸቕጢ ዝፈጥር እዩ ነይሩ።

ሓንቲ መጸግዒ ገዛ ዝሰራሕኩላ ሰበይቲ ውን ነይራ። ብዙሕ እያ ትፈትወኒ ነይራ። ከም ወዳ እያ ትርእየኒ ነይራ። ሓደ ግዜ ኣብ መገዲ ትረኽበኒ እሞ፡ "ኣታ ዮናታን ወደይ! ወሊድኩም 'ዶ፧" ትብለኒ።
ሽዑ ግዜ ሕቶ ናይ ሰብ ኣዝዩ እዩ ዝኽብደካ። ኣነ ኸኣ፡ "ኣይወለድናን።" ምስ በልክዋ፡ እዛ ሰበይቲ፡ "እውይ ኣነ ወደይ!" ኢላ ከምዛ መርድእ ዝነገርክዋ ኩርምይ ኢላ ኮፍ ትብል። ዕጽፍ ኢላ ውን ኣብ መሬት በጺሓ።

እግዚኣብሄር ረዲኡኒ ቀልጢፍ ኢለ፡ "ብሽም የሱስ! እንታይ ኮንኪ፧" ኢለያ።
ንሳ ድማ፡ "ፈሪሀ" ትብለኒ።
"ኣነ ድኣ ሕጂ ክወልድ እንድየ! የሱስ ኣሎ እንዶ!" ምስ በልክዋ፣ ብድድ ኢላ ተንሲኣ፡ "ኣታ ዮናታን ወደይ! ዘይ ፈሪሐ እየ እምበር፣ ድሓን ሕራይ፣ ይኹነልካ" በለትኒ።

ሽዑ ምስኣ ግዜ ወሲደ ነይረ እንተዝኸውን፣ ምስኣ ኣስቆርቍረ ነይረ እንተዝኸውን፣ ጸገም መስዓበለይ ነይሩ።
ኣነ ክወልድ ምኳነይ ኣብ ውሽጠይ ምስክርነት ነይሩኒ እዩ። ብዛይካዚ ኣብቲ እዋን እቲ ዝነበረኒ እምነትን ርሱን ፍቕሪ ክርስቶስ ውን ደው ኣቢሉኒ ነይሩ እዩ።

ከምኡ ኢልና እናቐጸልና፣ ሓደ ግዜ ብዓልቲ ቤተይ፡ "መርመራ ንግበር!" ትብለኒ። ኣብ ሰላም ፖሊክሊኒክ መርመራ እንተገበርና ኸኣ፣ ዶክተር ነቲ ውጽኢት ምስ ረኣየ፡ "ልዕሊ ንቡር እዩ ከማን ዘሎ እቲ ዘርእኻ" ይብለኒ።
ንብዓልቲ ቤተይ ከኣ፡ "ንስኺ ውን ምስ ማህጸን ይኹን ምስኡ ዝተሓሓዝ ዋላ ሓንቲ ጸገም የብልክን!"ይብላ።
ብሓቂ እቲ ሓኪም ንፉዕ እዩ ነይሩ። "ዋላ ሓንቲ (ጸገም የለን)፣ ሸሞንተ ዓመት ገይሮም ከማን ዝወልዱ ኣለዉ! ዓሰርተ ዓመት ገይሮም ከማን ዝወልዱ ኣለዉ። ሽግር የብልኩምን፣ ክትወልዱ ኢኹም!" ኢሉ መኺሩን ኣጸናኒዑን የፋንወና።
ብድሕሪ እዚ መርመራ ውን ከይወለድና ክልተ ዓመት ኣቢሉ ይኸይድ። ከም ብሓድሽ ሽዑ ውን ብዓልቲ ቤተይ፡ "ንኺድ ንመርመር!" ትብለኒ። "ንምንታይ ኢና ንምርመር፧ ምሽ ዶክተር ጸገም ዘበሃል የብልኩምን፡ ክትወልዱ ኢኹም ኢሉና!" እብላ።

ንሳ ግን፡ "ግድን ክንከይድ ኣለና!" ምስ በለትኒ፡ ደስ ኣይበለንን ግን ንእኣ ምእንቲ ከህድእ ኢለ፡ "ሕራይ" እብላ።
ንዓይ ልዕሊ ኹሉ ዘጽልኣኒ ነገር እንተድኣ ነይሩ፡ ዘርእእ ንምርመራ ክትህብ ትሓልፎ መስርሕ እዩ። እቲ ናይ ዘርእኻ ኩነታት ክፈልጡ ንኣኻ ክትገብሮ ዝሓቱኻ ነገር ንቡር ኣይኮነን። ብዘይ ፍታውካ ትገብሮ ነገር እዩ። ነዚ ሕቶ ክምልስ ክሳዕ ክንደይ ከምዝኸበደኒ ባዕለይ እፈልጦ።

ኩሉ ኩነታተይ ርእዩ እቲ ሓኪም ከማን ደንጊጹለይ እዩ። ካልእ ኣማራጺ የብልካን ንምባል ከኣ፡ "ምስኪናይ! እሞ ታይ ክትገብር፧" ኢሉኒ። በእዳወይ ንንብረተይ ተንኪፈ፣ ነቲ ዘርኣይ ናብቲ መመርመሪ ንብረት ኣዕሪቐ እየ ሂበዮም።

ሕጂ ኸኣ ተመሊሰ ካልኣይ ግዜ ነቲ ነገር ክፍጽሞ ኣይፈተኹን። ፍቓደኛ ውን ኣይነበርኩን። ንብዓልቲ ቤተይ ከኣ፡ "ምኻድሲ ሕራይ ክኸይድ እየ። ግናኸ እቲ ቀድሚ ሕጂ ዝተውሃበኒ ናይ መርመራ ወረቐት እየ ድኣ ሒዘ ዝኸይድ እምበር፣ ሎሚ እቲ ቀድሚ ሕጂ ግበሮ ዝበሉኒ ክገብር ፍቓደኛ ኣይኮንኩን" እብላ።

ብዝኾነ ወረቐትና ሒዝና ናብ ሓደ ዶክተር ንኣቱ። መጀመርታ ነቲ ናይ መርመራ ወረቐት ምስ ርኣየ፡ "እዚ ወረቐት ደኣ ጽቡቕ እንድዩ ዝብል ዘሎ።" በለ።
ጸኒሑ ኸኣ ነቲ ወረቐትና ርእዩ ርእዩ፣ ቃል ብቓላ ከይወሰኸካ ከየጉደልካ፡ "ግን እንታይ ድዩ መሲሉኩም፣ በዚ ዕድመ፡ 'ንስኹም ክትወልዱ ኢኹም' ክንብልሲ ብጣዕሚ ኣጸጋሚ እዩ። ክትወልዱ ተኽእሎ የለን!" በለና።

እቲ ዶክተር ከምኡ ኢሉ እናተዛረበ ኸሎ፣ ልቺ ግብ ኢላ ኸይዳ። ሽዑ ኣነ በቲ ጸልማት ርእሰይ ኣድኒነ፣ ናብ ኣምላኸይ ክጽሊ ጀሚረ። ጸሎተይ ውድኣ ኣቢለ ትስእ ክብልን እታ ልቺ ክትመጽእን ሓደ ትኸውን። እቲ ክገብሮ ዝጸናሕኩ ነገር ቀሉዕ እዩ ነይሩ። እቲ ዶክተር ውን ክጽሊ ከምዝጸናሕኩ ተረዲእዎ ፍሽኽ ይብል፣ ኣነ ኸኣ ስሒቐ ማለት እዩ።

ሽዑ እቲ ዶክተር ናብቲ ዘምጽኣና ጉዳይ ኣትዩ፡ "እዚ መድሃኒት ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። መጀመርታ ሓንቲ ምሸት፡ ተዘይ ጠኒሳ ኸኣ ክክልተ" እናበለ፣ ናይ ቀዳማይ ሰሙን፡ ናይ ካልኣይ ሰሙን መምርሒታት ኣወሳስዳ ናይቲ መድሃኒት ብዝርዝር ሓበረና። ነታ መድሃኒት መግዝኢ ወረቐት ሂቡ ውን ኣፋንዩና።
ካብታ ክፍሊ ናይቲ ዶክተር ወጺእና፣ ኣብ ኦሮታ ኣብቲ ጻዕዳ ጽርግያ ሰለይ እናበልና ኸለና፣ ድምጺ የለ ዘረባ የለ፡ ከምዚ ብርቱዕ ማይ ክወቅዕ ጸኒሑ ዘፍ ዝብል፡ እቲ ናይ ደገ ድምጺ ከማን ክሳብ ዘይፍለጠና ኣብ ዓቢ ውሽጣዊ ጽምዋ ኣተና።

ሽዑ ኣነእናኸድና ኸለና፣ ኣብ መገዲ ነቒሐ ገጽ ኣምላኸይ ክደሊ ጀመርኩ።
ጽንሕ ኢለ ኸኣ ንብዓልቲ ቤተይ፡ "እንታይ ድኣልኪ ክንድዚ ዝን ኢልኪ፧" እብላ።
"እዋይ! እንድዒ!" ምስ በለትኒ፡
"ዘረባ ናይ ዶክተር ይመላለስ ኣሎ ድዩ ኣብ ርእስኺ፧" በልክዋ።
ንሳ ኸኣ፡"እወ!" ትብለኒ።
ሽዑ ኣነ፡ "ብሽም የሱስ! ቀልጢፍኪ ሕጂ ኣውጽእዮ! ሕጂ ኣውጽእዮ! ምኽንያቱ ናይ ኣብርሃም ኣምላኽ ኣምላኽኪ ድዩ ኣይኮነ፧" እብላ።

"ኣምላኸይ እምበር!"
"ኣምላኽ ሳረ ኸ፧"
"ኣምላኸይ እዩ"
"እሞ ኣብኡም ዝዓየየ ኣምላኽ ኣባኺ ትጠራጠርዮ ዲኺ፧"
"ኣይጠራጠሮን!"
"በሊ ሕጂ እዚ ነገር እዚ ካብ ርእስኺ ኣውርድዮ! ንስኺ ክንደይ እዩ ዓመትኪ! ኣነኸ ክንደይ እዩ ዓመተይ! ከመይ ገይሩ እዚ ብዛዕባ ዕድመና ከምዚ ዝብል! ጥዕናይ ምሉእ ከም ዝኾነ ኸኣ ቀድሚ ሕጂ ኣረጋጊጽና ኢና። ክትፈልጢ እዛ ኣዚዝዋ ዘሎ መድሃኒት ኣይወስዳን እየ! ኣነ ከም ዝወልድ ነብያት ከማን ነጊሮምኒ እዮም።

"ብውላድ፡ ብሓዳረይ፡ ኣብ ሊብያ ኣብ ሓደጋ ብዝነበረ ሓወይ፣ ብዙሕ ተጨኒቐ ከለኹ፣ እግዚኣብሄር ብኣፍ ነብዩ ገይሩ፡ 'ወደይ! ክዕርፈካ እየ! ንዓመታ ከምዛ ሕጂ ናብ ዘፍጥረት ዕስራን ሓደን ከእትወካ እየ' ኢሉኒ እዩ።
"ኣነ ነቲ ካብ ማእከል ጉባኤ ኣውጺኡ ዝተዛረበኒ ኣምላኸይ እኣምኖ እየ። እዚ ቃል እዚ ኣብ ውሽጠይ እዩ ዘሎ። ከምዚ ተስፋን ራእን ስለ ዘለኒ፣ እዚ ቃል እዚ ኸሎ ነዚ መድሃኒት እዚ ኣይወስዶን እየ። ምኽንያቱ ኣምላኽ ውሉድ ከም ዝህበኒ ተዛሪቡኒ ኣሎ።

"እዚ ከኒና እንተ በሊዔ ጎይታ ገይሩለይ ኢለ ተቢዔ ክምስክር ኣይክእልን እየ። 'ጎይታ ገይሩለይ!' እናበልኩ እዛ ኸኒና ኸኣ መጺኣ፡ 'ንኣይ ሲ በሊዕካኒ እንዲኻ' ክትበለኒ እያ። ኣነ ኣይበልዓን እየ። ኣይገዝኣን እየ ኸማን።" ኢለ ነታ ወረቐት ኣብ ቅድሚኣ ጉሒፈያ።
ሓደ ሓውና (ኣገልጋሊና) ኸኣ ጸልዩልና፡ "ንምስክር ክትመጽእ ኢኻ።" ኢሉ ኣፋንዩና። ኣብኣ ኣብታ ቅንያት እቲኣ፣ ኣብ ውሽጢ እታ ወርሒ ድማ እቲ ዘርኢ ተተኺሉ። ብዓልቲ ቤተይ ከኣ ጥንሲ ሒዛ።



ውርሓዊ ጽገ ናይ ብዓልቲ ቤተይ ካብ ዘይመጽእ 10 ምዓልታት ምስ ሓለፈ። ሽዑ ከም እንደገና ምስቲ ዝጸለየለይ ሓው ተራኺብና። ብዛዕባ ኩነታትና ምስ ሓተተኒ፡ "ሕጂ ድኣ ተሰፋ ኣለዎ።" ኢሉ ብዛዕባ ጥንሲ ብዓልቲ ቤተይ እነግሮ። "እዚ ደኣ ተሰፋ ኣለዎ ምኣስ ኮይኑ ዝብሃል፡ 'ተፈጺመ' ደኣ በል" ይብለኒ። ኣነ ኸኣ፡ "ተፈጺመ!" በልኩ።

ሽዑ ሓደ ግዜ ብዓልቲ ቤተይ ንስራሕ እናኸደት ከላ፡ ሞዴስ ኣብ ቦርስኣ ሒዛ ክትከይድ እርእያ። "ኣነ ኸኣ ንምንታይ ደኣ?" እብላ እሞ ንሳ ኸኣ፡ "እንድዒ! ምናልባት ክስታይ"
"እንታይ ምናልባት! ሕጂ ደኣ ኮይኑ እንድዩ። ሞዴስ ሒዝኪ ክትከዲ! ነቲ ክፉእ ክትጽውዕዮ!" ኢለ ብእምነት ደው ክትብል ደገፍክዋ።
[ኣብ ከምዚ እዋን፣ ንምእማን ክትብርትዕ እምበር፣ ኣብ ውዱእ ነገር ክትወላወል የብልካን። ነቲ ነገርካ ኣጽኒዕካ ምሓዝ እዩ ዘድሊ።]
"ሕራይ!" ኢላ ኣቐሚጣታ ንስርሓ ትወፍር።
እቲ ጥንሲ ሰለስተ ወርሒ ምስ ገበረ ድማ ናብ ሕክምና ንኸይድ። ናብቲ "ኣይትወልዱን ኢኹም!" ዝበለና ዶክተር ድማ ንኣቱ።
ንሱ ውን ይዝክረና። "እንታይ ክትገብሩ መጺእኩም" ይብለና። መምጺኢና ምስ ነገርናዮ ኸኣ፡ "እቲ ዝኣዘዝኩልኩም መድሃኒት ወሲድኩሞ 'ዶ፧'" ኢሉ ይሓተና።
ሽዑ ኣነ፡ "ኣይወሰድናዮን!" ንብሎ።
"ኣይወሰድኩሞን፧" ምስ በለኒ፡
"እወ ኣይወሰድናዮን! የሱስ ጎይታ እንድዩ!" ንብሎ።
ነቲ ናይ መርመራ ውጽኢት ምስ ረኣየ ኸኣ፡ "Congra" ኢሉና።
ኣብ ትሸዓተ ወርሑ ድማ ቦኽሪ ወደይ ተወሊዱ።
ሕጂ 6 ዓመት ገይሩ ኣሎ። ንሱ ምስ ተወልደ ምስኡ በረኸት ናብ ገዛይ ኣትዩ። እቲ ዝነበረኒ ቁጠባዊ ሽግር ምስ ምምጻእ ናይ ቦኽሪ ወድና ተፈቲሑ። ዓቢ በረኸት ተባሪኸ። ዝናብ ወቒዑ ከማን ከክንድኡ ኣይተዋህልልን ኢኻ።

ጸገም ሰልዲ ስለ ዝነበረኒ፡ "ዓሰርተ ሽሕ እንተዝረክብ" ኢለ እየ ዝምነ ነይረ። ምኽንያቱ ንወርሒ 800 ናቕፋ እየ ዝረክብ ነይረ። ካብኣን ድማ እተን 400 ንክራይ ገዛ እየ ዝኸፍለን ነይረ። ብዓልቲ ቤተይ ትሰርሕ ስለ ዝነበረት፡ ብደገፍ ናታ እየ ዝሳገር ነይረ እምበር፡ ቁጠባዊ ጸገምሲ ነይሩኒ እዩ። ሽዑ ብዝኸፈተለይ ደገ እየ ክሳብ ሕጂ ዝካየድ ዘለኹ።

ማህጸን ዝኸፍት ኣምላኽ እዩ። ቦኽሪ ምስ ሃበና ካላኣይ ቀልዓ ውን ወሲኹና እዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን! ሓዳረይ ጽቡቕ ኣሎ። ናብራይ ጽቡቕ ኣሎ። እቲ ምስክርነተይ ብሓጺሩ ነዚ ይመስል።

******************************

## መን'ዩ እቲ መንእሰይ፧ መን'ዩ'ኸ እቲ ኣረጊት፧

ብዙሕ ግዜ፡ "እግዚኣብሄር ኣብ ኤርትራ መንእሰያት ከተንስእ እዩ።" ንብል ኢና። ብርግጽ ውን ብዙሓት መንእሰያት የተንስእ ኣሎ።

እቲ ዘሕዝን ግን፣ እቲ ብሓይሊ ምትንሳእ ነቶም ትሕቲ ሰላሳ ወይ ኣርብዓ ዕድመ ዘለዉ መንእሰያት ጥራይ ከም ዝምልከት ጌርና ኢና ሓጺርናዮ ዘለና። ክንይኡ ዕድመ ዝገበርና ሰባት ምትንሳእ ከም ዘይምልከተና ጌርና ወዲኣናዮ ኢና።

ኣብዚ ሓደ ክንፈልጦ ዘለና፣ ሕጂ ውን እግዚኣብሄር ንመንእሰያት እዩ ከተንስእ። ግናኸ፡ "መን'ዩ መንእሰይ፧" ዝብል ሕቶ ግቡእ ምላሽ ክንህበሉ ከም ዘሎና ይርድኣኒ። እምብኣርከስ፡ "መን'ዩ መንእሰይ፧" ንዝብል ሕቶ፣ ካብዛ ጥቕሲ ተደጊፍና ክንመልሶ ኢና።

"ንሓድሽ ወይኒ ኣብ ኣረገውቲ ኣሕርብቲ ኣየዕርቕዎን፣ እንተ ዘይኰነስ እቲ ኣሕርብቲ ይቕደድ፡ እቲ ወይኒ ውን ይፈስስ፡ ኣሕርብቲ ኸኣ ይበላሾ። ንሓድሽ ወይኒ ግና ኣብ ሓደስቲ ኣሕርብቲ የዕርቕዎ፣ ክልቲኦም ድማ ይእርነቡ።" ማቴ 9፡17

ካብዛ ጥቕሲ ከም እንርድኦ፣ እቲ ሓድሽ ነገር ክሕዝ ዝኽእል እቲ ሓድሽ (ዝተሓደሰ) ጥራይ ምዃኑ ተገንዚብና ኣሎና።

እምብኣርከስ፣ መንእሰይ ማለት እቲ ስጋዊ ሓይልን ብቕዓትን ዘለዎ፡ ክጎዩ፡ ክጻውር፡ ላዕልን ታሕትን ክብል ዝኽእል (ጥራይ) ኣይኮነን።

ብመንፈሳዊ ምግላጽ፣ መንእሰይ ማለት እቲ ንእግዚኣብሄር እናተጸበየ ሓይሉ ዘሐድስ እዩ። እቲ ስጋዊ ሓይሊ እናሃለዎ ንእግዚኣብሄር ዘይጽበ ዘበለ ጎበዝ ግና ይደክም፣ ንእግዚኣብሄር ዘይጽበ ዘበለ በጽሒ ኸኣ ይሕለል እዩ። እዚ ኣብ ድኻም ወይ ኣብ ምሕላል ዘሎ ኸኣ፣ ገዛእ ርእሱ ስለ ዘየሐደሰ፣ ኣረጊት እምበር መንእሰይ ኣይኮነን።

**ስለዚ መንእሰይ ብምሕዳስ ሓሳቡ ኣናተለወጠ፣ ንእዋናዊ ምኽሪ እግዚኣብሄር፣ ኣብ ገጽ ምድሪ ብሓይሊ ኣምላኽ ዘፈጽም እዩ።**

ቃል ኣምላኽ ኣብ ሮሜ 12፡1-2 "እምብኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብልን መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ፡ ብምሕረት ኣምላኽ ኣምዕደኩም ኣሎኹ፡ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ።

"እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ኽትምርምሩስ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ።" ክብል ከሎ፣ ብቓል ኣምላኽ እናተሓደስኩም፣ ሓድሽ ወይኒ ንምትሓዝ ዝበቅዕ ሓደስቲ ኣሕርብቲ (መንእሰያት) ኩኑ ንምባል እዩ።

ካሌብ ምስ መንፈስ ኣምላኽ እናተሰማምዐ ብምኻድ፣ ንእዋናዊ ሓሳብ ኣምላኽ ስለ ዝተሓደሰ እዩ ወዲ 85 ዓመት ከሎ፣ ሓይሉ ግና ናይ ወደ 40 ዓመት ዝነበረ።
ንሱ ባዕሉ (ካሌብ)፣ ከምዚ ኢሉ ነይሩ፡ "... እግዚኣብሄር እዘን ኣርብዓን ሓሙሽተን ዓመት ብህይወት ኣጽንሓኒ። ሕጂ ኸኣ እንሆ፡ ኣነ ሎሚ ወዲ ሰማንያን ሓሙሽተን ዓመት ኰይነ ኣሎኹ። ከምታ ሙሴ ኺልእከኒ መዓልቲ፡ ሎሚ ኸኣ ሓይለይ ከምኡ ኣሎ። ንውግእ ኰነ፡ ንምውጻእ ኰነ፡ ንምእታው ኰነ፡ ሓይለይ ከምቲ ሽዑ ዝነበሮ፡ ሕጂ ሓይለይ ከምኡ ኣሎ።"(እያ 14፡10-11)። ካሌብ እዚ ኢሉ ሱቕ ኣይበለን፣ ተዋጊኡ ን ኬብሮን ወረሰዋ እዩ (እያ15፡13-17)።

ናኸ፣ "እግዚኣብሄር ብስጋ መንእሰያት ንዝኾኑ እዩ ከተንስእ" ዝብል ሓሳብ እንተሒዝና፣ ንእግዚኣብሄር ናይ ምጽባይ ድሌት ወይ ጽምኣት ኣይክህልወናን እዩ። ጽምኣት እንተዘይብልና ኸኣ ንእግዚኣብሄር ኣይንጽበዮን ኣይንኩሕኩሖን ውን ኢና ማለት እዩ።
ንእግዚኣብሄር ዘይንጽበዮ እንተድኣ ኴንካ ኸኣ፣ ከም ንስሪ ንእስነትና የሐዲስና፣ በኽናፍ ካብ ሓይሊ ናብ ሓይሊ፡ ካብ ብራኽ ናብ ብራኽ ኣይክንድይብን ኢና። ከም ሳዕቤኑ ኣካል ናይቲ ምንቕቓሕ ዘይኮንናስ፣ ተዓዘብቲ ኢና ክንከውን።

እምብኣርከስ፣ መንእሰይ ማለት እቲ ንእግዚኣብሄር ኣብ ቃሉን ከም ቃሉን እናተጸበየ፣ ብምሕዳስ ሓሳቡ ተለዊጡ፣ ንእዋናዊ ምኽሪ እግዚኣብሄር ኣብ ገጽ ምድሪ ብሓይሊ ኣምላኽ ዘፈጽም ክንድ ዝኾነ፣ ዕድመና ብዘየገድስ፣ ነዚ ምኽሪ ተቐቢልና፣ ንእስነትና ነሐድስ። ጎይታ ይባርኽኩም! ሻሎም!

# ዓምዲ - ቤተሰብ



## ኵርናዕ - ካብ ሓብቲ ናብ ሓብቲ

# ምስዕዓም (kissing)

# ቅድሚ መርዓ ግቡእ ድዩ፧




...ኣነ ንእሽቶ ከለኹ ሓደ ነገር ቅኑዕ ድዩ ኣይኮነን፧ ኢለ ንምቕባል ይኸብደኒ ነይሩ። ሓደ ነገር መግለጺ እንተዘይብሉ ንምርጫ ናይቲ ሰብ ዝግደፍ እዩ ዝመስለኒ ነይሩ። ኮይኑ ግን ብዛዕባ እዚ ንህይወት ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ኣርእስቲ፣ ኣብ ግዜ ንእስነትካ ምፍላጥ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

ኣነ ብወገነይ፣ኣብ ግዜ ቁልዕነተይ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ኣብ መጽሓፍ ምስ ኣንበብኩ፣ ብጣዕሚ እዩ ደስ ኢሉኒ። ከመይሲ ነቲ ሰናይ ዝኾነ ነገር ምእንቲ ክንመርጽ፣ ክንገብሮ ዘለናን ዘይብልናንነገራት ብዝርዝር ምፍላጥ ጽቡቕ እዩ።

ገለ ሰባት፡“ንምኳኑ ንምስዕዓም ዝምልከት ጽሑፍ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣሎ ‘ዶ፧” ይብሉ እዮም። እወ ተጻሒፉ ኣሎ። እኳ ደኣ ጽቡቕ ብዝኾነ መገዲ ኣብ መሃልየ መሃልየ ተጻሒፉ ኣሎ። ግና ብዛዕባ ኣብ ውሽጢ ሓዳር ዘሎ ምስዕዓም እዩ ዝተነገረ እምበር፣ ካብ ሓዳር ወጻኢ ንዝህሉ ምስዕዓምሲ ቅቡል ዝገብር ዝተጻሕፈ ነገር የለን።

ኣነ ንምስዕዓም (kissing) ኣመልኪተ ኣብ ዘዳልዎ ጽሑፋት፡“ምስዕዓም ንኡስ ስጋዊ ርክብ እዩ።(kissing is mini sex.)” ኢለ እየ ዝገልጾ።ከመይሲ ምስዕዓም (kissing) ብገዛኣእርእሱ ሓደ ክፋል ናይ ስጋዊ ርክብ (sex) እዩ። ብ ስነፍልጠት ክንርእዮ እንከለና ኸኣ ን ኣካላትና ናብስጋዊ ርክብ (sex)ንምእታው ዘዳልዎ መስርሕ እዩ።

ኣብ ኣካላትና ምስ ጾታዊ ርክብ ምትሕሓዝ ዘለዎም ነርቭ ሆርሞነስ ኣለዉ። እዞም ናይ ስጋዊ ርክብ ነርቭ ሆርሞነስ (nerve sexual hormones)፣ ኣብ ሞንጎ ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን ስጋዊ ርክብ ምእንቲ ክፍጸም፣ ኣብ ኣካላቶም ናይ ጾታዊ ርክብ ሆርሞነስ (sex hormones) ንክፍኖ ዝገብሩ እዮም። እዞም ናይ ጾታዊ ርክብ ሆርሞነስ (sex hormones) ኣብ ኣካልት ምስ ተፈነዉ ድማ፣ ንኣካላት ንድሌታት ስጋዊ ርክብ የለዓዕልዎ እዮም።

ንኣብነት ሓደ ወዲ ተባዕታይን ሓንቲ ጓል ኣንስተይትን ኣብ ዝሰዓዓሙሉ ግዜ፣ ኣብ ከናፍሮም ዘለዉ ነርቭታት ናብ ኣኣምሮ ዝልእክዎ መልእኽቲ፡ “ስጋዊ ርክብ ክፍጸም እዩ እሞ ኣካላት ይዳሎ” ዝብል እዩ።

ከም ውጽኢቱ ኸኣ ኣካላት ንስጋዊ ርክብ ይነቓቓሕ እሞ፣ እቶም ኣብ ምስዕዓም ዘለዉ ሰባት፣ካብ ስጋዊ ርክብ ወጻኢ ካልእ ነገር ክሓስቡ ዘይክእሉ ይኾኑ።

ዝኾነ ሰብ፣ ቅድሚ ሓዳር ካብ ዝግበር ስጋዊ ርክብ ክሕረም እንተድኣ ደልዩ፣ ምስዕዓም (kissing) እዩ ከወግድ ዘለዎ። ስለዚ ዝኾነ ሰብ፣ ቅድሚ ሓዳር ንኸምዚ ዝበለ ነገር ንገዛእ ርእሱ ከቓልዕ ስለ ዘይብሉ፣ ንገዛኣ ርእሱ ንኸምዚ ዝበለ ነገር ከይውፊ፡ ገዛኣ ርእሱ ክሕሉን ርእሱ ክገትእን ኣለዎ።

ዳግም ዝተወለዱ ክርስትያናት፡ “ኣነ ጾታዊ ርክብ ኣይገብርን እየ”እናበሉ፣ ግናኸ ምስዕዓም ዘዘውትሩ እንተኾይኖም፣ ኣካላቶምንድሌታት ስጋዊ ርክብ ስለ ዝለዓዓል፣ ንግብረ ሕቡእ (masturbation) ወይ ውን ጽዩፍ ስእልታትን ፊልምታትን (pornography) ምርኣይ ዝተቓልዑ ይኾኑ።

ኣብ ገዝኦም ምስ ከዱ ወይ ውን ኣብ መደቀሲኦም ምስ ደቀሱ፣ ሕልሞም ኩሉ በዚ ጽዩፍ ነገራት ዝተጎብአ ይኸውን። እቲ ጠንቂ ናይዚ ኹሉ እንታይ ምኳኑ እንተድኣ ኣስተውዒልና፣ ውጽኢት ናይቲ ብመገዲ ምስዕዓም ናብ ኣካላቶም ዝተለቐቐ ናይጾታዊ ርክብ (sex hormones) ኮይኑ ንረኽቦ። ስለዚ ካብ ከምዚ ነገር ንምድሓን ካብ ምስዕዓም (kissing) ምርሓቕ ግድንይኸውን።

ወድን ጓልን ኣብ ፍቕሪ ምስ ወደቑ ንስጋዊ ርክብ ኣብ ዝደላለዩሉ ወይ ኣብ ዝደፋፍኡሉ ግዜ፣ ነታ ጽባሕ ዝምርዓዋ ጓል፣ ሎሚ (ኣብ ዘይግዚኡ)፡ “ኣነ እኳ ፈትየያ እየ፣ ብዘይክኣ ድማ ካልእ ኣይደልን እየ።” ኢልካ፣ ስጋዊ ርክብ ክትፍጽም ነታ ጓል ኣንስተይቲ ናብ ዓራት ሒዝካያ ምኻድ፣ ሓጢኣት እዩ። እቲ ንእኣ ንስጋዊ ርክብ ምድላይ ከኣ ትምኒት (lust) እዩ።
ኣብ ሞንጎ ትምኒት (lust)ን ፍቕርን ዓቢ ናይ ኣረኣእያ ጋግ ዘሎ እመስለኒ። ስለዚ ትርጉም ናይ ትምኒት (lust) ምግላጽ ከድልየኒ እዩ። ትምኒት (lust) ናይ እግዚኣብሄር ሓሳብ ዘይኮነ (ዘይግብኣና) ነገር ምድላይ ማለት እዩ (ማቴ5፡ 27-28)። እዚ ኸኣ ጥዕና ኣይኮነን።

ሓደ ኣብዚ ክንግንዘቦ ዘለና ነገር፣ ብመሰረቱ ግዚኡ ዝሓለወ (ኣብ ሓዳር ምስ ኣተኻ ዝኽሰት) ድሌት ጾታዊ ርክብ ጥዕና እምበር ሕማም ኣይኮነን። ግናኸ ቅድሚ መርዓን ሓዳርን ዝመጽእ ጾታዊ ድፍኢት ከም ፍቓድ ኣምላኽ ኣይኮነን። ንሕና ውን ንኸምኡ ኣይተፈጠርናን።

እቲ ክኸውን ዘለዎ፡ “ሎሚ ንሳ/ሱ ሕጽይተይ/ ሕጹየይ እዩ/ያ እምበር ሰበይተይ/ ሰብኣየይ ኣይኮነን/ ኣይኮነትን። ጽባሕ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ቃል ኪዳን ተኣታቲና ክንምርዖ ኢና።

እንተዘይ ኮይኑ ግና፡ “ዘይጽባሕ ክንምርዖ ኢና፡ ሎሚ ጾታዊ ፍቕሪ ንፈጽም።” ዝብል ነገር ትምኒት (lust) እዩ። እዚ ትምኒት (lust) ማለት ንኣና ዘይግብኣና ነገር ምውሳድ (ምስራቕ) ማለት እዩ።
ብዛዕባ ትምኒት (lust) ቃል እግዚኣብሄር ክዛረብ ከሎ፡ “ነቶም ቀዳሞት፡ ኣይትዘሙ፡ ከምእተባህለሎም፡ ሰሚዕኩም ኣሎኹም። ኣነ ግና ንሰበይቲ ኺብህጋ ዚጥምታ ኹሉ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ፡ እብለኩም ኣሎኹ።” ይብል (ማቴ5፡27-28)።

ኣብዚ ክንርድኦ ዘለና፣ ንብዓልቲ ቤትካ ርኢኻ ስጋዊ ርክብ ምድላይ ጥዕና እዩ። ንኻልእ ጓል ኣንስተይቲ ርኢኻ ምስኣ ስጋዊ ርክብ ምምናይ ግና ሓጢኣት እዩ። ካብ መርዓ ወጻኢ ዝህሉ ትምኒት ዝሙት እዩ። ዝሙት ድማ ኣብ ልቢ ተሰሪሑ እዩ ዝውለድ። ድሓር ድማ ብግብሪ ኣብ ወጻኢ ይግለጽ።

ስለዚ ምስዕዓም (kissing) ንሰባት ናብ ከምዚ ዝበለ ውድቀት እዩ ዝደፋፍኦም። ናብ ከምዚ ዓይነት ሓጢኣትን ናይ ልቢ ርኽሰትን እዩ ዘእትዎም።

ካልእ ድማ ምስዕዓም (kissing) ናይ ሓደ ወዲ ተብዓታይን ጓል ኣነስተይትን፣ ሓደ ኣካል ናይ ምዃን ምልክት እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኣፍ ደቂ ሰባት ምራኽ ኣሎ። ስለዚ ኣብ ግዜ ምስዕዓም ምራኽ ይለዋወጡ እዮም። ኣብ ምራኽ ድማ ኩሉ ነገር ኣሎ። ኣነ ምራኽ ብኸመይ እርእዮ፡ ናይ ሰብ መንነት (signature) ዝሓዘ ነገር ከም ዝኾነ።

ንኣብነት ኣብ ውሽጢ ምራኽ ብዙሕ ባክተርያ፡ ፋንጋስን ቫይረስን ኣለዉ። እዞም ዝተጠቐሱ ኹሎም ኣብ ኣፍ ደቂ ሰባት ኣለዉ።

ስለዚ ሰባት ክሰዓዓሙ ኸለዉ ነዞም ነገራት ኩሎም እዮም ዝለዋወጡ። በዚ ድማ ኣብኡ ዘሎ ኩሉ ኣብኣ ይኸውን። ኣብኣ ዘሎ ነገር ኩሉ ድማ ኣብኡ ይኸውን። ማለት ኣብ ውሽጦም ዘሎ ነገር ኩሉ ኣብ ግዜ ምስዕዓም ብምራኞም ኣቢሎም ይለዋወጡ።

እዚ ናይ ምራኽ ምልውዋጥ ባህሪ ድማ፣ ሓደ ኣካል ናይ ምዃን ምልክት እዩ። ሓደ ኣካል ድማ ይኾኑ።

ካብ ሓዳር (ቃል ኪዳን) ወጻኢ ሓደ ኣካል ምዃን ድማ ኣዝዩ ሓደገኛ ነገር እዩ። እግዚኣብሄር ኣብ ዘይሰርሓናን ኣብ ዘይፈልጠናን ቦታ ስለ ዝኾነ።

እዚ ነገር፣ ናይ እግዚኣብሄር በረኸት ዘይብሉን ንኣእምሮና ውን ፍጹም ዘየቕስንን ዘይምችእን እዩ። ንኣካላትና ድማ ንናይ እግዚኣብሄር ቃልን መንፈስን ስራሕ ክነዳልወሉ ንክንቅርበሉን ኣብ ዘይንኽእለሉ ቦታ ከም እንኸውን ዝገብርን እዩ።

ብጊደ ሓቂ፣ ነዚ ነገራት ኣወጊድና ናብ ቃል ኣምላኽ ክንመጽእ እንከለና ኢና ምስ መንፈሱ (ጽቡቕ) ሕብረት እንገብር። ኣነ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ኣብ ዘማኽረሉ ግዜ፣ ነቶም ምስዕዓም ዘዘውትሩ ተጻመድቲ፣ ምስ እግዚኣብሄር ዘለዎም ርክብ ከመይ ምዃኑ ምስ ዝሓቶም፣ "ምስ እግዚኣብሄር ጽቡቕ ሕብረት ኣለና።" ዝብሉ ተጻመድቲ ኣጋጢሞምኒ ኣይፈልጡን እዮም።

ብኣንጻሩ ከማን፡ "ንሕናስ ንሰዓዓም ኢና። እንተኾነ ግን ቅኑዕ እዩ ዝብል ስምዒት የብልናን። ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ ውን ኣይስምዓናን" እዮም ዝብሉኒ።

ብሓቂ ብእግዚኣብሄር ክንምራሕ እንከለና ኢና እቲ ቅኑዕ ዝኾነ መገዲ እንፈልጥ። ምስዕዓም ንሓዳር ውሑስ ንምግባር ቀንድን ኣገዳስን ነገር እዩ። ንኹሉ ነገር ድማ ሰናይን ጽቡቕን ይገብሮ እዩ። ግናኸ ዘበዝሐ ግዜ እቶም ዝተመርዓዉ ሰባት ኣይሰዓዓሙን እዮም።

እቲ ዝሕዝን ግና ዋላ ዘይተመርዓዉ ሰባት እዮም ዝሰዓዓሙ።
ሎሚ ሓደ ወዲ ተብዓታይ ንሓንቲ ጓል ኣነስተይትን ከም ዝምርዓዉ ቃል እንተተኣታተዉ፡ ዋላ ውን እንተተሓጸዩ፡ ሎሚ ብጎይታ ኣሕዋት እምበር ምርዕዋት ኣይኮኑን።

ሰብ ድማ ብዛዕባ ናይ ሎሚ እዩ ክገብር ዘለዎ እምበር ናይ ጽባሕ ኣይኮነን። ሎሚ እያ ንሰባት ዝተዋህበት። ጽባሕ ምስ ተመርዓዉ ግና ሓደ ኣካል እዮም። እቲ ዘተዋህቦም ኩሉ ድማ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ እዮም። ሎሚ ግን ነቲ ዘይተዋህቦም (ዘይናቶም) ሰሪቖም ክጥቐሙሉ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣይኮነን።

ስለዚ፡ "ምስዕዓም (kissing) ቅድሚ መርዓ ቅኑዕ (ግቡእ) ድዩ፧" ንዝብል ሕቶ፣ መልሱ "ቅኑዕ (ግቡእ)" ኣይኮነን ዝብል እዩ። በዚ ዝስዕብ ቃል ኣምላኽ ድማ ተሰማሚዕና መደምደምታ ክንገብረሉ ንኽእል ኢና።

"ከምቲ ንቕዱሳን ዚግባኦም ምስጋና ደኣ እምበር፡ ምንዝርናን ኵሉ ርኽሰትን ወይስ ስስዔ ከቶ ኣይሰማዕኩም።" ኤፌ 5፡3
እዛ "ከቶ" ትብል ቃል፣ ኣብቲ ናይ እንግሊዝ ሕታም (O-KJV) "hint" እዩ ዝብላ።

ስለዚ ምስዕዓም ቅድሚ ሓዳር (መርዓ)፣ ክንገብሮ ዘይኮነስ ብዛዕብኡ ኣመት (hint) ከማን ክህልወና ኣይግባእን እዩ።

ምንጪ፦ ካብ ትምህርትታት ዶክተር መስከረም

## ምስ ሰማያዊ ጸብጻብካ ተሰማማዕ

ሰማያዊ መጽሓፍ ብዛዕባ ሳምሶን ዝጸብጸቦ ጸብጻብ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ፡ "ግናኸ፡ እንሆ፡ ክትጠንሲ ኢኺ ወዲ ውን ክትወድልዲ ኢኺ፡ እቲ ቈልዓ ኻብ ከርሲ ጀሚሩስ ክሳዕ መዓልቲ ሞቱ ናዝራዊ ኣምላኽ ኪኸውን እዩ.." መሳ13፡7

ንሕና ካብ ናይ ሳምሶን ህይወት ተማሂርና ምእንቲ ክንልብም ከኣ፣ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ብዛዕባ ኣብ ምድሪ ኣናሃለወ ዝፈጸሞ ሓጢኣትን ጉድለታትን ተዘርዚሩ'ሎ።

እቲ ዝገርም፣ እቲ ናይ ሓጢኣት ጸብጻቡ፣ ኣብ ኣእምሮናን ኣብዚ ክንምሃረሉን ክንህነጸሉን ኢሉ ዝተዋህበና ኣብ ኢድና ዘሎ ቅዱስ መጽሓፍ ደኣ እምበር፣ ኣብ ሰማያዊ መጽሓፍሲ የሎን።

ብዛዕባ ዳዊት ኣብ ሰማያዊ መጽሓፍ ዝተጻሕፈ ሰማያዊ ጸብጻብ ውን እንተ ርኣና፡ "ዳዊት ብዘመኑ ንፍቓድ ኣምላኽ ምስ ኣገልገለ ዓረፈ" እዩ ዝብለና (ግብ 13፡36)። "ብዛዕባ እቲ ምስ ባትሴባ ዝገበሮ ሓጢኣት ከ፧ ብዛዕባ ደም ናይ ኡርያ ሔታዊ ኸ፧" ንብል ንኸውን። ግናኸ እዚ ኣብ መዓሙቕ ባሕሪ (ባሕሪ ምርሳዕ) እምበር ኣብቲ ሰማያዊ ጸብጻብ ዝሓዘ መጽሓፍ የለን (ሚክ7፡19)።

ጎይታ ባዕሉ ውን፡ "ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ ካብ ኣንስቲ ኻብ እተወለዱ ካብ ዮሃንስ መጥመቕ ዚዓቢ ሓደ እኳ ኣይተንስኤን።" ኢሉ፣ ነቲ ሰማያዊ ጸብጻብ ናይ ዮሃንስ መጥመቕ ገሊጽዎ ኣሎ (ማቴ11፡11)።

እቲ ቁም ነገር ናይቲ ክርስቶስ ዝጸብጸቦ ሰማያዊ ጸብጻብ ክርድኣና እንተድኣ ኮይኑ፣ "ምኣስ እዩ ገሊጽዎ፧" ኢልና ክንምርምር ከለና እዩ።
ግዚኡ፡ ዮሃንስ በቲ ኣብ ዮሃ1፡29፡ "እንሆ፡ ሓጢኣት ዓለም ዜርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ" ኢሉ ዝመሰከሮ ምስክርነት ተጠራጢሩ፣ ሰባት ናብ ጎይታ ልኢኹ፡ "እቲ ዚመጽእሰ ንስኻ ዲኻ ወይስ ካልእ ክንጽበ ኢና፧" ኢሉ ብምሕታቱ እዩ።

ብዛዕባ ጎይታ ዝገበሮ ግብርታት ሰሚዑ ክነሱ፣ እዚ ሕቶ ምሕታቱ ዘየገርም ኣይኮነን።
እዚ ከም ድኻም ዝጽብጸብ ክነሱ፣ ጎይታ ግና ብዛዕባ ድኻሙ ዘይኮነስ፣ ካብቶም ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ዘለዉ ብሓይሊ ዝደፍኡ ሓያላን ሓደ ምዃኑ እዩ መስኪሩ። ጎይታ ግና፣ ብዛዕባ ምጥርጣሩ ዘይኮነስ፣ ብዛዕባ ትሕትንኡ እዩ ተዛሪቡ። ኮታስ ብዛዕባ ሰማያዊ መንነቱን ጸብጻቡን እዩ ክዛረብ መሪጹ።

ነዚ ነገር ናብ ረብሓና ከነውዕሎ እንተዳኣ ኼንና፣
1. ብዛዕባ ድኻምናን ሕሉፍ ጉድለታትናን ገዲፍና፣ ምስ ሰማያዊ መንነትናን ጸብጻብናን ተሰማሚዕና ንኣውጅ።
2. ንድኻም ናይ ሰባት ዘይኮነስ፣ ነቲ ብክርስቶስ ዘለዎም ሰማያዊ መንነትን ጸብጻብን ንርአ።

ምኽንያቱ በደላትናን ጉድለታትናን፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ከምዘይብል፣ በዚ ዝስዕብ ቃል ክንርድኦ ንኽእል ኢና።

"ንገበንካ ከም ደበና ንሓጢኣትካ ውን ከም ግመ ኣጥፊኤዮ እየ። ኣነ እየ ዝብጀወካ ኣሞ ናባይ ተመለስ" ኢሳ44፡22

ኣብዛ ጥቕሲ፣ ምሕረት ኣምላኽ ቅድሚ ምምላሱ እምበር ምስ ተመለሰ ኣይኮነን ዝተገለጸ። ብመሰረት እዚ ቃል፣ ጎይታ፣ ሓጢኣቱ ምስ ኣጥፍኦ እዩ፡ "ተመለስ" ዝብሎ ዘሎ፣ እምበር፡ "ምስ ተመለስካ ሓጢኣትካ ከጥፍኦ እየ" ኣይኮነን ዝብል ዘሎ።
ናይ ንስሓ ህይወት ክህልወና ከም ዘለዎ ዘየማትእ ኮይኑ፣ ነቲ ሰማያዊ ጸብጻብ ምፍላጥን ምስኡ ምስምማዕን ከኣ ኣድላዩ እዩ።

ኣብ ሰማያት ብኽርስቶስ ዘለካ መንነት እምበር ድኻም (ሓጢኣት፡ ድኽነት፡ ሕማም፡ ማእሰርቲ) ኣይእወጅን እዩ። ምስዚ ሰማያዊ ጸብጻብ ተሰማሚዕካ ነቲ ጸብጻብ ኣብ ምድሪ ምግሃድ ግን ናትካ ግደ እዩ።

ስለዚ ክትደክም ከለኻ ሓይሊ ናይ ክርስቶስ ዘክር፣ ክትስሕት እንከለኻ ጽድቂ ናይ ክርስቶስ ዘክር። ብክርስቶስ እምበር ብገዛእ ርእስኻ ከም ዘየለኻ ዘክር። ጉዳይካ ጉዳይ ክርስቶስ እምበር ናይ ውልቅኻ ከም ዘይኮነ ኣስተውዕል። ደም የሱስ ህያው ዝኾነ ምእንታኻ ምዃኑ ተረዳእ።

ስለዚ ጸላኢ ወይ ሰብ ወይ ገዛእ ርእስኻ ከም ዝብለካ ዘይኮንካስ፣ ንስኻ ከምቲ ቃል ኣምላኽ ዝብለካ ምዃንካ ፍለጥ። ሰይጣን፣ ዝተፈላለየ መገድታት ተጠቒሙ፣ ብዛዕባ ሕሉፍ መንነትካ፣ ብዛዕባ ህሉው ድኻምካ፣ እናተዛረበ ከስቅየካ ኣይትፍቀደሉ።

ኣብ ህይወት ምብርታዕን ምድካምን ክህሉ ይኽእል እዩ። ግናኸ ናይ ንስሓ ህይወት ሒዝካ ኣብ ብርሃን ብምምልላስካ ደም የሱስ የተንስኣካ እዩ። ሳላ እቲ ብርቱዕ ጠበቓኻን ሳላ እቲ ስለኻ ዝፍሰሶ ህያው ደሙን፣ ሰማያዊ ጸብጻብካ ጽቡቕ እዩ እሞ ምስኡ ተሰማማዕ።



“ሓጺን ንሓጺን ከም ዝስሕሎ፣ ከምኡ ኸኣ ሰብ ንብጻዩ ይስሕሎ።” ምሳ22፡7

# ዝሕሉ ቅብኣት (SHAMAR ANOINTING)

ቅብኣት ብናይ ስራሕ መንነት ብብዙሕ መገዲ ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ንኣብነት ናይ ፈውሲ ቅብኣት፡ ናይ ትንቢት ቅብኣት፡ ናይ ምምህርና ቅብኣት... ከምኡ’ውን ዝሕሉ ቅብኣት ከምዘሎ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ተግባር ክግለጽ ከሎ የርእየና’ዩ።

ብሓፈሻ ቅብኣት ማለት ምግላጽ ህልውና (personality) ናይ መንፈስ ኣምላኽ ኣብ ልዕሌና’ዩ። ስለዚ ሓደ ካብ ብዙሕ፡ ንሓለዋና ኣብ ልዕሌና ዝነቅሕ መንፈስ ዝሕሉ ቅብኣት (Shamar anointing) ኢዩ።

እዚ ቅብኣት ናብቲ ኣምላኽ ዘዳለወልና ክብሪ ንኽሳግረና ንሓለዋና ዝዓይይ መንፈስ እዩ። ካብ ኩሉ ዘጥፍእ ኣጀንዳታት እናሓለወ፡ ናብ ጻዊዒትና ዘብጽሕ ቅብኣት- ዝሕሉ ቅብኣት (Shamar anointing) እዩ። ከምኡ ክንዲ ዝኾነ ኸኣ ቃል ኣምላኽ ኣብ መዝ 37፡27-28፡ “እግዚኣብሄር ፍርዲ ይፈቱ ፣ ንቕዱሳኑ ኸኣ ኣይሓድጎምን፣ ንዘልኣለም ይሕለዉ።” ዝብል።

ብተወሳኺ ውን ኣብ መዝ 121፡7-8፡ “እግዚኣብሄር ካብ እከይ ዘበለ ክሕልወካ፣ ንነፍስኻ ይሕልዋ’ዩ። እግዚኣብሄር ካብ ሕጂ ንዘልኣለም ምውጻእካን ምእታውካን ክሕሉ እዩ።” ዝብል ቃል ኣሎ።

“ይሕለዉ”፡ “ክሕልወካ”፡ “ክሕልዋ”፡ “ክሕሉ” ዝብላ ቃላት፣ ኣብ ናይ እንግሊዝ ትርጉም “preserve” ዝብል ቃል ክጥቀም ከሎ፣ ኣብ እብራይስጥ ድማ “shamar” ይብል።

“Shamar” ማለት “to keep, guard, protect, save life, guard from dangerous...” ክኸውን ከሎ፣ እዚ ቃል ብቋንቋ ትግርኛ “ምዕቃብ፡ምሕላው፡ምክልኻል፡ ሂወት ካብ ሓደጋ ምሕላው” ብዝብሉ ቃላት ይትርጎም።

ኣብዘን ጥቕስታት ጎይታ ንህዝቡ ንሓደ መዓልቲ፡ ንሓደ ሰሙን፡ ንሓደ ወርሒ፡ ንሓደ ዓመት... ዘይኮነስ፣ ንዘልኣለም ከም ዝሕልዎ፡ ከም ዝከላኸለሉ’ዩ ዘበሰረና ዘሎ።

ግን ኣምላኽ ስለምንታይ እዩ ዝሕልወና፧

1. ህዝቡ ስለዝኾንና፡
2. ብኣና ኣቢሉ ዝገልጾ መለኮታዊ ሓይሊ ስለዘለዎ’ዩ።

እምበኣር ማዕበል፡ ፈተና፡ መከራ... እኳ እንተተላዕለና፣ ሓለዋ ጎይታ (Shamar anointing) ኣብ ልዕሌና ስለዘሎ፣ ናብቲ ጎይታ ክንበጽሖ ኣዳልይዎ ዘሎ ሰማያዊ ብሉጽ ዕላማ ክንሳገር ኢና። ጎይታ ብኣና ክኽብር እዩ!
ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ንትምህርትና ዝኾኑና ዝተፈላለዩ ፈተናታት ሰጊሮም፡ ናብቲ ኣምላኽ ዘዳለወሎም ሰማያዊ ዕላማ ዝበጽሑ ናይ ኣምላኽ ሰባት ኣሕጽር ኣቢልና ክንርኢ:-

## 1. ሓለዋ እግዚኣብሄር ኣብ እዮብ

ጸላኢ ንእዮብ ኣብ ልዕሊ ጥሪቱ፡ ደቁ፡ ጥዕንኡ ብኽቢድ መውቃዕቲ ንምውቃዕ ተላዒሉ፣ ንኹሉ ዘለዎ ድማ ኣጥፊእዎ’ዩ። ሂወቱ ግን ብጎይታ ስለ ዝተሓለወት ጸላኢ ኣይተንከፋን። ምኽንያቱ ጸላኢ ንናይ ጎይታ ቀጽሪ ክሰግሮ ኣይክእልን እዩ (እዮ2፡4-6, መዝ125፡2)።
እምብኣርከስ ሰይጣን ብናብራ፡ ብገንዘብ፡ ብጥዕና፡ ብስድራ፡ ብከባቢ፡ ብስራሕ... ይዋግኣና ክህሉ ይኽእል’ዩ። ግናኸ ዝሕሉ ቅብኣት (Shamar anointing) ኣብ ልዕሌና ስለዘሎ ናብቲ ጎይታ ዘዳለወልና ሰማያዊ ጽውዓ ክንሳገር ኢና። ኣምላኽ እዮብ ኣምላኽና እዩ!

## 2. ሓለዋ እግዚኣብሄር ኣብ ሙሴ

ጎይታ ብሙሴ ንኽሰርሖ ዘዳለዎ ዓቢ ዕዮ ስለዝነበሮ፣ ሰይጣን ንሙሴ ብህጻኑ ከሎ ከጥፍኦ ፈቲኑ እዩ። ዝሕሉ ቅብኣት ኣብ ልዕሊ ሙሴ ስለዝነበረ ግን ኣይተዓወተን። በዚ ጥራይ ኣየብቀዐን፣ ን40 ዓመታት ዝኣክል ብዙሕ ከርተት ኢሉ’ዩ።
ሕጂ‘ውን shamar anointing ህያው’ዩ። እግዚኣብሄር፣ እቲ ኣብ ሰማይ ዝነበረ (ንምውጻእ እስራኤላውያን ካብ ግብጺ ዝምልከት) ውዱእ ምኽሩ፣ ብመገዲ ሙሴ ክገልጾ እንከሎ፣ ህይወት ሙሴ ኣብ ዕላማ ጸላኢ ከም ዝኣቱ ፈሊጡ ንሙሴ ይሕልዎ ነይሩ እዩ። ኣብ ግዚኡ ድማ እቲ ጎይታ ብሙሴ ክሰርሖ ዘለዎ ስራሕ ሰሪሕዎ’ዩ (ዘጽ2፡ 1-10, ዘጽ3፡10)።

እቶም ሎሚ ብህይወት ዘለና ክርስትያናት ውን፣ እቲ ንሙሴ ዝሕሉ ዝነበረ ናይ ሓለዋ ቅብኣት (shamar anointing) ኣብ ልዕሌና ስለዘሎ፣ ናብቲ ጎይታ ብኣና ክሰርሖ ዘዳለዎ ሰማያዊ ስራሕ ክንሳገር ኢና። ከመይሲ ኣምላኽ ሙሴ ኣምላኽና ኢዩ!




## 3. ሓለዋ እግዚኣብሄር ኣብ ዮሴፍ

ዮሴፍ ተናዒቑ፡ ብሞት ተፈቲኑ፡ ተሸይጡ፡ ብዝሙት ተፈቲኑ፡ ናብ ቤት ማእሰርቲ ውን ተደርቢዩ እዩ። ኮታስ ን13 ዓመታት ዝኣክል ብዝተፈላለየ መከራታት ሓሊፉ እዩ።

እዚ ኹሉ መከራታት ናብቲ ኣምላኽ ዘዳለወሉ ሰማያዊ ስራሕ ንኸይኣቱ’ዩ ተላዒልዎ። ግናኸ እዚ ኹሉ ማዕበላት ንዮሴፍ ናብ ፍጻሜኡ ከይሳገር ኣይዓገቶን። ሳላ’ቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝነበረ ዝሕሉ ቅብኣት (shamar anointing) ኣብ ማዕልብኡ በጺሑ እዩ።

ከም ውጽኢት ናይዚ ሓለዋ ድማ፣ እቲ ብዮሴፍ ክሰራሕ ዝተወጠነ ናይ ሰማይ ኣጀንዳ ኣብ ግዚኡ ተፈጺሙ’ዩ። ዮሴፍ ከኣ ንብዙሓት ህዝብታትን ቋንቋታትን ንምድሓን ኮይኑ’ዩ ( ዘፍ37 ፡6-11, 20,24,28, ዘፍ39፡7,20 ዘፍ41፡ 37-41)።
ንሕና ውን፣ ሳላ’ቲ ኣብ ልዕሌና ዘሎ ናይ ሓለውኡ ቅብኣት ናብቲ ንሃገራትን ንህዝብታትን solution (ንፍታሕ) ዝኸውን ሰማያዊ ሓይሊ ክንሳገር ኢና’ሞ፡ ነቲ ንምጥፋእና ዝለዓል ማዕበል ግዲ ኣይንግበረሉ። ንቕድሚት ደኣ ንጠምት! ኣምላኽ ዮሴፍ ኣምላኽና እዩ!

## 4. ሓለዋ እግዚኣብሄር ኣብ ዳዊት

ዳዊት ብሳሙኤል ምስ ተቐብአ ብኡ ንብኡ እዩ መንፈስ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊኡ ዝመጾ።

ሓደ ካብቲ ስራሕ ናይቲ ናብ ልዕሊኡ ዝመጸ መንፈስ፣ ንሓለውኡ ዝዓይይ መንፈስ እዩ።

ዳዊት ናብቲ ዝተዳለወሉ ሰማያዊ ጻውዒት ንንግስነት ንኽበጽሕ፡ ን13 ዓመታት ብብዙሕ መከራ ሓሊፉ።

ገለ ካብኡ፡- ብሳኦል ብሞት ተፈቲኑ፡ ኣብ በረኻታትን ብዓትታትን ምስ ኣራዊት ተቐሚጡ... እዚ ኹሉ ከቢድ መከራታት ግን ናብቲ ዝተዳለወሉ ክብሪ ንኸይሳገር ኣይዓገቶን።

እዚ ድማ ሳላ'ቲ ዝከታተሎ ዝነበረ ሓለዋ ጎይታ'ዩ ተሳጊሩ። ሳላ'ዚ ቅብኣት፡ ህይወት ዳዊት ተሓልያ ትነብር ነይራ። ኣብ መወዳእታ ድማ ናብቲ ዝተዳለወሉ ክብሪ ሰጊሩ።

ንኣና ድማ እናሓለወ ናብ ክብሪ ዘሳግረና shamar anointing ምሳና ኣሎ። ኣምላኽ ዳዊት ኣምላኽና ኢዩ! (1ሳሚ16 : 13,1ሳሚ18:11,25,29: 1ሳሚ19:10, 1ሳሚ5:1-5)

### 5. ሓለዋ እግዚኣብሄር ኣብ ጎይታ

ጎይታ የሱስ ውልድ ምስ በለ ክቕተል ከም ዘለዎ ኣብ ልቢ ንጉስ ሄሮድስ ውዱእ ምኽሪ ነበረ። ግናኸ Shamar anointing ኣብ ልዕሊ የሱስ ስለዝነበረ ሄሮድስ ክረኽቦ ኣይከኣለን (ማቴ2:13-18)።

እቲ እተዋህቦ ዕዮ ፈጺሙ ክሳብ ዝገብሮ እዚ ናይ ኣምላኽ ሓለዋ Shamar ኣይሓደጎን'ዩ። "ኣቦ በይነይ ክኸውን ኣይሓደገንን እዩ።" ብምባል፣ ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ንሓለውኡ ምስኡ ከም ዝነበረ የሱስ ባዕሉ መስኪሩ ኣሎ (ዮሃ8:29)። እቲ ክስራሕ ዘለዎ ሰማያዊ ዕዮ ድማ ፈጺምዎ'ዩ።
እቲ ብኣና ክስራሕ ዘለዎ ሰማያዊ ዕዮታት፡ ኣብዛ ምድሪ ብምልኣት ምእንቲ ክፍጸም፡ እቲ ናይ ሓለውኡ ቅብኣት ኣይሓድገናን'ዩ። ክሳግረና ምስ ጻዊዕትና ድማ ከጋጥመና'ዩ። ኣምላኽ ጎይታና የሱስ ኣምላኽና እዩ! (ዮሃ 17:4)።
እምበኣር ንነፍሲ ወከፍና ጎይታ ዝረኣየልና ራእዩ ኣሎ። ኣእምሮ ዘይሓሰቦ፡ ኣዒንቲ ዘይረኣየኦ፡ ኣእዛን ዘይሰምዐኦ፡ ሰባት ዘይተመኮርዎ ብሂወትና ዝግለጽ ጎይታ ረዚን ቅብኣት ኣዳሊዩልና ኣሎ።

ናይ ኣምላኽ ዕላማ ብሂወትና ንኸይግለጽ ዝዋግኡና ሓይልታት፡ ብዝተፈላለዩ ጎደናታት'ኳ እንተተላዕሉ Shamar anointing (ዝሕሉ ቅብኣት) ኣብ ልዕሌና ስለዘሎ፣ ናብ እተጸዋዕናሉ ክንሳገር ኢና'ሞ፣ ገጽ ኣምላኽ ብምንባብ፡ ቃሉ፡ ብጸሎትን ብጾምን ብምድላይ ጉዕዞና ንቐጽል! እቲ ብዘይምቁራጽ ዝሕሉ ቅብኣት (Shamar anointing) ኣብ ልዕሌና ኣሎ።

ስለዚ ንተንስእ፡ ንበራበር በቲ ኣብ ልዕሌና ዘሎ ቅብኣት ተሓሊና ነቲ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ክብሪ ክንበጽሖ ኢና'ሞ ሓቢርና ንጉየ!!

# ነቲ ዝተሰቕለ ክርስቶስ ስበኽ



"ፊልጶስ ከኣ ናብ ሓንቲ ከተማ ሰማርያ ወሪዱ ክርስቶስ ሰበኸሎም።"- ግሃ 8:5,6-17
ክርስቶስ ናይ ህይወት ምሉእ ትምህርቲ እዩ። ክርስቶስ ዘመንካ ምሉእ ሰቢኽካ፡ ተሰቢኽካ ዘይትጸግቦ ትምህርቲ እዩ።

ክርስቶስ ዘይሰበኽካ ኸ ንመን ኢኻ እሞ ክትሰብኽ፧ ህዝቢ ኣምላኽ ንክርስቶስ ክመስል እንተድኣ ኮይኑ፣ ክርስቶስ እዩ ክስበኽ ዘለዎ። "ነቶም ቀደም ዝፈለጦም፡ ንሱን ብዙሓት ኣሕዋት በዂሮም ምእንቲ ኪኸውን፡ ንምስሊ ወዱ ኺመስሉ ቐደም መደቦም።" - ሮሜ 8: 29፣

### ክርስቶስ ክስበኽ ከሎ

1. ሰባት ብመንፈስ ቅዱስ ይርትዑ፡ ከም ሰብ ነነዌ ኸኣ ካብ ሓጢኣቶም ይንስሑ፡ ሽዑ ምድሓን ይመጽእ (ሉቃ11:32, ግብ 3:15-20,1ይጴጥ1:22-23)።

2. እምነት ይትከልን ይዓብን(ሮሜ10:17)።
3. ኣመለኻኽታ የጥዒ፡ ፡ ኣእምሮ ብፍልጠት ይናገፍ፡ጽኑዕ ዕርዲ ይስበር። ኣጋንንቲ ይወጹ (ግሃ8:6-7, ማቴ8:16-17)።
4. ድኑሳትን፡ ሓንካሳት፡ ሕሙማት ይሓውዩ (ግሃ8:6-7, ማቴ8:16-17)።
5.ክርስቶስ ኣብ ኣመንቲ ይቕረጽ። ኣመንቲ ከኣ ናብ ብጽሕና ክርስቶስ ክበጽሑ ይህነጹ።
"ኮላትና ናብ ሕብረት እምነት፡ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፡ ናብ እኹል ሰብኣይ፡ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ክሳዕ እንበጽሕ፡ እቶም ቅዱሳን ነቲ ግብሪ ኣገልግሎት ንምህናጽ ስጋ ክርስቶስ ምሉኣት ምእንቲ ኪኾኑ ኢሉ፡ ንሱ ገሊኦም ሃዋርያት ገሊኦም ድማ ነብያት፡ ገሊኦም ከኣ ወንጌላውያን፡ ገሊኦም ውን ጓሶትን መምህራንን ኪኾኑ ሃበ።" - (ኤፌ4:11-13)።

6. ኣብታ ከተማ ዓብዩ ሓጎስ ይኸውን (ግሃ 8:8)።
7. ጠንቀልቲ ጎይታ ይቕበሉ (ግሃ 8:13, መዝ 68:18)።
8. እቶም ጎይታ ዝተቐበሉ ብመንፈስ ቅዱስ ይምልኡ (ግሃ8:13)።
9. ሰባት ካብ ጉድጓድ ይወጹ። "ቃሉ ልኢኹ ኣሕወዮም፣ ካብ ጉድጓዶም ከኣ ኣናገፎም።" - (መዝ107:20)።
10. በቲ ዝሰዓበ ትኣምራት ኣቓልቦ ህዝቢ ናብቲ ቃል ኣምላኽ ይምለስ (ግሃ8:6-7)።

ክርስቶስ ከይሰበኽካ ግብሪ ሓይሊ (ተኣምራት) እንተድኣ ገይርካ፣ ሰባት ኣብ ፈውስን ተኣምራትን እምበር ኣብ ክርስቶስ ክስረቱ ኣይክእሉን እዮም።
ሰባት ናባኻ እምበር ናብ ክርስቶስ ዘይክጥምቱ ይኽእሉ እዮም (ግብ28:4, ግሃ14:7-18, ግሃ3:1-13, 13-26)።

ጎይታ የሱስ ውን፣ ብዙሕ ግዜ፣ መጀመርታ ቃል፡ሽዑ ግብሪ ሓይሊ እዩ ዝገብር ዝነበረ (ሉቃ5:1-11)።
ትእምርትን ትኣምራትን (ግብሪ ሓይሊ) መጽንዒ ናይ ቃል ጸጋ እምበር ብርእሶም መልእኽቲ ኣይኮኑን!
"ኣብኡ ነዊሕ ወርሓት ተቐመጡ። በቲ ትእምርትን ተኣምራትን በእዳዎም እናገበሩ፡ ንቓል ጸጋኡ ምስክር ዝሀበ ጐይታ ተኣሚኖም፡ ብትብዓት ተዛረቡ።"- ግ/ሃ 14:3
"ንሳቶም ድማ ወጺኦም ኣብ ኵሉ ሰበኹ። ጐይታ ምሳታቶም ይገብር፡ ነቲ ቓል ውን ብዝሰዕብ ተኣምራት የጽንዖ ነበረ።"-ማር16: 20

ንስኻ ከም ኣገልጋሊ፣ ንክርስቶስ ብምስባኽካ ትረብሖ ረብሓታት ብዙሕ እዩ። ገለ ካብኡ ምስቶም ዝጠፍኡ ኣይትጠፍእን (ግሃ5:34-40, 2ነገ10:23-28)፡ እሙን ቃል ብምስባኽካ ምስኡ እንተሞትካ እኳ ብህይወት ክትነብር ኢኻ (2ይ ጢሞ2 :11)።

ንክርስቶስ ትሰብኽ እንተዘየለኻ ግን፣ ንክርስቶስ ኣውሪድካ ካልእ ኢኻ ትሰቅል (ካልእ ወንጌል ኢኻ ትሰብኽ) ዘለኻ ማለት እዩ።

መንፈስ ቅዱስ ንክርስቶስ ክገልጾ እዩ መጺኡ። ዝኾነ ይኹን ሰብ፣ ዝኾነ መንፈሳዊ ጥብቆን ስልጣንን ይሃልዎ ብዘየገድስ፣ ንክርስቶስ ኣብ ዘይሰብከሉ ሰዓት፣ ሕብረት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሰብኩቱ የለን።

ናይ ካልእ ኣጀንዳ ስለ ዘተግብር ካልእ መንፈስ እዩ ዝዕጅቦ። ነቲ ዘረብኡ ዘጽንዕ መንፈስ ከኣ ካልእ መንፈስ እዩ። በዚ መገዲ ኸኣ ሰባት ኣብ ክንዲ ናብ ክርስቶስ ዝመጹ፣ ካብ ክርስቶስ እዮም ክጠፍኡ።

ንስኻ ግና ኣታ ናይ ኣምላኽ ሰብ፣ ሰባት ክድሕኑ (ናይ ዘልኣለም ህይወት ክረኽቡ፡ ሰላም ክረኽቡ፡ ፈውሶምን ሓርነቶምን ድማ ምእንቲ ዘልኣለማዊ ክኸውን)፡ ነቲ ዝተሰቕለ ክርስቶስ ስበኽ! (1ይ ቆረ1'23)

*******************

# ብዓል ራእይ ዝብሃል ከመይ ዝበለ እዩ፧





## ብዓል ራእይ

በዓል ራእይ ማለት መልእኽቲ ዘለዎ (መልእኽተኛ) ማለት እዩ። መልእኽተኛ ማለት ከኣ ካብ እግዚኣብሄር መልእኽቲ ሒዙ ናብ ህዝቢ ዝመጸ ሰብ ማለት እዩ። ራእይ ናይ እግዚኣብሄር እዩ። ራእይ ዝህብ እግዚኣብሄር እዩ።

ብዓል ራእይ ዝብሃል በቲ ካብ እግዚኣብሄር ዝተቐበሎ መልእኽቲ፣ ንሰብ ካብ ባዶነት ኣውጺኡ ናብ ሓደ ደረጃ ዘብጽሕ (ንህዝቢ ኣምላኽ ዘሳግር) እዩ።

ንኣብነት ኣሕዋቱ ንዮሴፍ፣ ውሕስነቶም ኣብ ኢድ ዮሴፍ ክንሱ፣ ብዛዕባ ራእይኡ (ሕልሙ) ይሕጭጩ ነይሮም። እግዚኣብሄር ንዮሴፍ ነቲ ሕልሚ ኣሕሊሙ፡ ብዓል ራእይ ገይሩ ካብ ማእከሎም እንተዘየተንስኦ ነይሩ፣ ንሳቶም እኽሊ ስኢኖም ምሞቱ ነይሮም። ግናኸ ንሓደ ብዓል ራእይ፣ እቲ ራእይኡ እዩ ነቲ መገዱ ዘኽይዶ።

(እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ)፣ ከምቲ ኣብኡ ንዮሴፍ (ያቆብ)፣ ብዛዕባ ራእይኡ ዘይፈልጥ ዝነበረ፣ ሓደ ሓደ ግዜ መንፈሳውያን ኣቦታትና ብዛዕባ ራእይና ዘይክፈልጡ ይኽእሉ እዮም።

## መለለዪ ብዓል ራእይ

ሰባት ካብ ዝተፈላለፈ ኣብያተ ክርስትያናት፡ “ራእይ ኣለና” ብምባል ይወጹ እዮም። ግናኸ ካብ እግዚኣብሄር ዝኾነ ብዓል ራእይ እንተድኣ ኾይኑ፣

1. ካብታ ዘወጽኡላ ቤተክርስትያን ዝሓዘቶ መልእኽቲ ዝፍለ መልእኽቲ ክህልዎ ኣለዎ።
2. ካብተን ኣብ ከባቢኡ ዘለዋ ኣብያተ ክርስትያናት ዝሓዝኦ ዝፍለ መልእኽቲ ሒዙ፣ ካብቲ ኣብኣተን ዝስራሕ ዘሎ ስራሕ፣ ዝተፈለየ ስራሕ ዝሰርሕ ክኸውን ኣለዎ።

ፍሉይ ዝበለ መልእኽቲ ዘይብሎም፡ ፍልይ ዝበለ ስራሕ ዘይሰርሑ እንተድኣ ሃልዮም ግን፣ ካብ ቤተክርስትያን ዘውጽኦም፡-

1) ውልቃዊ ባእሲ (ዘይምርድዳእ)
2) ናይ ውልቂ ድልየት
3) ንራእይ ብጌጋ ምትርጓም ዝኣመሰለ እዩ።

ኣብ ከባቢና ንዘለዉ ሰብ ራእይ ኢና ዝብሉ ሰባት፣ ብደረጃ መልእኽቶም እንተድኣ ገምጊምናዮም፡ ተመሳሳሊ መልእኽቲ እዩ ዘለዎም። እዞም ሰባት፣ ገሊኦም ዝና ደልዮም፡ ገሊኣም ከኣ እንጀራ ንምብላዕ (ቤተ ክርስትያን ዘለዋ እቶት ምስ ረኣዩ) ቤተ ክርስትያን ይኸፍቱ፣ ግናኸ እቲ ቀንዲ መራሒ ዝኸዶ መገዲ ዘይፈለጡ፣ ንሱ ዘበጽሖ ደረጃ ርእዮም ጥራይ ከምኡ ክኾኑ ዝደልዩ እዮም።

ኣነ (ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ኣመልኪተ) ክምህር ከለኹ፣ “ብዓል ራኢ ካብ ዝሰርሖ ስራሕ ወጻኢ፣ ዝተፈለየ ስራሕ ክሰርሕ ዘይክእል ሰብ፣ ከም ዝነጸፈ ዒላ እዩ። ካባይ ወጺእካ ዝተፈለየ ስራሕ ዘይትሰርሕ ካብ ኮንካ፣ ካባይ ምስ ወጻእካ ክትደርቕ ኢኻ።

“ኣነ ሒዘዮ ዝመጻእኩ መልእኽቲ እንተድኣ ኼንካ ኣብቲ ኬድካ ከተተግብር ደሊኻ፣ ካባይ ምስ ተፈለኻ እቲ መልእኽቲ ከቋርጽ እዩ። ምኽንያቱ ሕጂ ምሳይ ስለ ዘሎኻ እዩ መልእኽቱን ትምህርቱን ዝሰርሕ ዘሎ እምበር፣ ካብዚ ተፈሊኻ እንተኸድካ ግን፣ ምሳይ ርክብ ስለዘይብልካ፣ መልእኽትኻ የቋርጽ እዩ። ምኽንያቱ እቲ መልእኽቲ ናይቲ (ካብ ኣምላኽ ዝተቐበሎ) በዓል ራእይ እምበር ናይቲ ተቐባሊ ኣይኮነን።

“ንኣኻ ካባይ ዝፍለ መልእኽቲ እንተድኣ ኣሎካ ግን፡ እቲ ራእይ ዝሃበካ ጎይታ፣ ምሳይ እንተድኣ ኼንካ በቲ ናተይ መልእኽቲ ስለ እትሸፈን፣ ብራእይኻ ከም እትፍለ ይገብር እዩ። ሽዑ ካባይ ወጺእካ ክትሰርሕ ከለኻ፣ ተመሓላልፎ መልእኽቲ ናትካ መልእኽቲ (ፍልይ ዝብለ) ስለ ዝኾነ፣ (መመሊሱ ይቕጽል እምበር) ኣየቋርጽን እዩ።” እየ ዝብሎም።

ናቱ ዘይኮነ (ካልእ ሰብ ዝተቐበሎ) መልእኽቲ ዘመሓላልፍ ሰብ፣ ናይ ገዛእ ርእሱ ራእይ የብሉን። ስለዚ ንገዛእ ርእሱ ከም ብዓል ራእይ ጸብጺቡ፣ ካብታ ተጠርኒፉላ ዘሎ ቤተክርስትያን (ሕብረት) ክፍለ የብሉን።

ራእይ እንተለካ፣ ኣብቲ ትውልድን ኣብቲ ዘመንን ገና ዘይተገለጸ ነገር ስራሕ። ንኣብነት፡ “ብዓል ራእይ እየ” ኢልካ ኣብ ጎረቤትካ ንዘሎ ዓይነት ገዛ ምድጋም በዓል ራእይ ክገብረካ ኣይክእልን እዩ።

ብዓል ራእይ ማለት ቅድሚ ሕጂ ኣካል ዘይሓዘ መልእኽትን ቅርጽን ብኻልእ ንድፊ (design) ናብዛ ዓለም ዘእቱ እዩ።

## ራእይ ብምንታይ ይፈላለ፧

ራእይ ናይ ሓደ ብዓል ራእይ፣ ብዝኸዶ ርሕቀት መገድን ብዝፈረዮ ፍረን እዩ ዝልካዕ። ራእይ ናይ ሓደ ብዓል ራእይ፣ ብዝርኣዮ ኣብዚ ዓለም ገና ዘይተገለጸ፣ ምግላጽ መለኮታዊ ምስጢር እዩ ዝልካዕ።

## ራእይን ህያባት መንፈስ ቅዱስን

ኣብ ሞንጎ ጸጋን ራእይን ዘሎ ፍልልይ ብዝግባእ ናይ ዘይምርዳእ ነገር ኣሎ። ሓደ ሓደ ግዜ፣ ናይ ፈውሲ ውህበት ዘለዎ ሰብ ብዓል ራእይ ይመስለና። ኣጋንንቲ ዘውጽእ ሰብ ብዓል ራእይ ይመስለና።

ግናኸ ብዓል ራእይ መልእኽቲ ዘለዎ እዩ። ናይ ጸጋ (ናይ መንፈስ ቅዱስ) ህያባት ከኣ ነቲ መልእኽቲ ንምድጋፍ ዝተዋህቡ ህያባት ደኣ እምበር፣ ብገዛእ ርእሶም መልእኽቲ ኣይኮኑን። እዞም ህያባት ብገዛእ ርእሶም ብዓል ራእይ ኣይገብሩናን እዮም።

ሓደ ሰብ ክንበ ስለ ዝኽኣለ፡ ሕሙም ስለ ዘፈወሰ፡ ወይ ድማ ንፉዕ ሰባኺ ስለ ዝኾነ ብዓል ራእይ እዩ ማለት ኣይኮነን። “ብዓል ራእይ እየ” ኢሉ ውን፣ ካብታ ዝነበራ ቤተክርስትያን ወጺኡ፣ ቤተክርስትያን ክኸፍት የብሉን።

ብዓል ራእይ ዝብሃል፣ ነቲ ዝተዋህቦ ወለዶ፣ ካብ ዘለዎ ኩነታት ኣውጺኡ፣ ናብ ካልእ ክብሪ ናይ ቤተክርስትያን ዘሳግር እዩ።

ኣብዚ ክንዝንግዖ ዘይብልና፣ ራእይ ብሓደ ሰብ እዩ ዝመጽእ። ግናኸ ኣብ ብዙሓት ሰባት ይሰርጽ። እዞም ሰባት ነቲ ብዓል ራእይ ዝርኣዮ ራእይ ከም ራእይኦም ኣርዒሞም፣ ምስቲ ብዓል ራእይ ኮይኖም፣ ነቲ ራእይ ኣካል ንምልባስ ህይወቶም ስለ ዝኸፍሉ፣ እዞም ሰባት ውን ሰብ ራእይ እዮም።

እዞም ሰባት ዋላኳ ነቲ ራእይ ካብ ኣምላኽ ኣይቀበልዎ ደኣ እምበር፣ ናይ ዕላማ ሰባት ኮይኖም፣ ነቲ ኣብ ዘመኖም ዝተገለጸሎም ራእይ፣ ምስቲ ብዓል ራእይ ኮይኖም ስለ ዘፈጽምዎ፣ ሰብ ራእይ እዮም።

ምንጪ - Exodus T. M



# ዓምዲ - ነፍሰየ

ዓምዲ ነፍሰየ፣ ከምቲ ዳዊት ኣብ መዝ42፡11, 43፡5, ምስ ነፍሱ ዝተዘራረበ፣ ሓደ ናይ ኣምላኽ ሰብ፣ ብዝተፈላለየ ኣራስታት (ቃል ኣምላኻዊ ሀሰባታት)፣ በብእዋኑ ምስ ነፍሱ ዝገበሮም ዝርርባት፣ እተቕርበልና ዓምዲ እያ።

## ነፍሰየ፣ ብኳይታ ተሓጎሲ!

ኣብ ዓለም ዝነብር ዝኾነ ሰብ ብዝተፈላለየ ነገራት መከራ ይጸግብ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ኣማኒ ይኹን ዘይኣማኒ፣ እወ ኩሉ በብእቲ ዝነብሮ ደረጃ መነባብሮ፡ ብእኡ መጠን ብድሆታት ይመጾ።

ሓደ ሰብ ገለ ነገር ክገብር ምስ ዝደልይ፣ እቲ ክገብሮ ዝሓሰቦ ነገር ልዕሊ ዓቕሙ ይኾኖ እሞ ክገብሮ ዝኽእል ነገር ስለዘይብሉ ድማ ኣዝዩ ይጭነቕ።
እምበኣር ኣጀማምራ ጭንቀት ከምዚ ይመስል። ልዕሊ ዓቕምኻ ዝኾኑ ነገራት ምስ ዝህልዉ እሞ ድማ ባዕልኻ ብብልሓትካ ክትፈትሖም ምስ እትፍትን ይኣብዩኻ። ስለዚ ድማ ጭንቀት የስዕበልካ።

ግናኸ ነፍሰየ! ጭንቀት ብኹነታት እዩ ዝጅምር። ብርግጽ እግዚኣብሄር፡ “ኣይትጨነቒ” ኢሉኪ ክነሱ፣ ክትጭነቒ ዝገብረኪ ዘሎ እንታይ ምኧኑ ‘ዶ ተስተውዕሊ ኣሎኺ፧ እወ፣ ብርግጽ እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ነገር ወይ ኩነታት እዩ።

ነፍሰየ፣ ኣስተውዕሊ! ኣብ ዓለም ዘሎሰ ብክርስትያን ይኹን ኣይኹን ክጭነቕ ዝፈቱ የልቦን። ግናኸ ነፍሰየ፣ በቲ እትርእይዮን በቲ እትሰምዕዮን ትመላለሲ እንተደኣ ኼንኪ ክትጭነቒ ናይ ግድን እዩ ዝኸውን። መኽንያቱ ኩሉ እቲ ኣብ ህይወት ዘጋጥም ብድሆታት ብኽእለትኪ ክትፈትሕዮ ስለ ዘይትኽእሊ።

ስለዚ ድማ እዩ ጎይታ፡ “ኣይትጨነቒ እትደልይዮ ዘበለ ኩሉ ብጸሎትን ልማኖን ምስናይ ምስጋና ኣባይ (ኣብ ኣምላኽ) ይፈለጥ” ዝበለኪ (ፊሊ.4፡6)። ነፍሰየ! ጎይታ፡ “ኣይትጨነቒ” ይብለኪ። ነፍሰየ፣ ብርግጽ ጭንቀት ጽቡቕ ከምዘይኮነ ንስኺ ባዕልኺ ውን ኣጸቢቕኪ ትፈልጥዮን ተስተውዕልዮን ኢኺ።
ግናኸ ስለምንታይ እዩ፡ “ኣይትጨነቒ” ኢሉና፧ መኽንያቱ ጭንቀት ማለት ልዕሊ መጠን ዝኾነ ሓሳብ ካብ ምሕሳብ ዝመጽእ ነገር እዩ። ስለዚ ድማ ነቲ ብዛዕባ ጎይታ ክንሓስበሉን ክነስተንትነሉን ዝግበኣና ግዜ መንዚዑ፡ ነቲ ኣተሓሳስባና ኣበላሽዩ፡ ንልብኺ ካብ ኣምላኽ ንኽርሕቕ ተነቃፊ ይገብሮ። ስለዚ ነፍሰየ፣ ጭንቀት ብዙሕ ማህሰይቲ ከም ዘምጽእ ፈሊጥኪ እበይዮ።

ነፍሰየ ኣነ ቐንዲ ነገረይ ብዛዕባ ክትጭነቒ ከም ዘይብልኪ ኣይኮንኩን ክሕብረኪ ደልየ ዘለኹ። ግናኸ ብዛዕባ ክትሕጎሲ ከም ዘሎኪ እየ ከዕልለኪ ዝወሰንኩ።

ነፍሰየ፣ ጭንቀት እንተኢልካ ብኣንጻሩ ድማ ሓጎስ ኣሎ፡ ግናኸ ነፍሰየ ኣብ ኣምላኽ ጭንቀት ዝበሃል የሎን። ኣብ ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ሓጎስ ጥራይ እዩ ዘሎ። ስለዚ ድማ እዩ ዘማሪ ንጉስ ዳዊት፡ “ኣብ ቅድሚ ገጽካ ናይ ሓጎስ ጽጋብ ኣብ የማናይካ ውን ንዘልኣለም ብጽእና ኣሎ።” ዝበለ (መዝ16፡11)።

ኣብ ዓለም ግና ክልቲኦም ኣለዉ። ማለት ኣብ ዓለም ሓጎስ ኣሎ፡ ኣብ ዓለም ድማ ጭንቀት ኣሎ። እዚ ማለት ከኣ ነገራት ምስላጥ ምስ ኣበዩኻ ትጭነቕ። ነገራት ክሰልጡ እንከለዉ ድማ ትሕጎስ። ግናኸ ነፍሰየ እዚ ክልቲኡ ፍቓድ ኣምላኽ ከም ዘይኮነ ኣስተውዕልዮ። ምኽንያቱ ኣምላኽ ብእንርእዮን ብእንሰምዖን ክንመላለስ ኣይመደበናን።

ዳዊት ክዝምር እንከሎ፡ “ካብቲ እቶም እኽሎምን ማዮምን ምስ በዝሐ ዝሕጎስዎ፣ ኣብሊጽካ ኣብ ልበይ ሓጎስ ኣንበርካ” ይብሎ (መዝ4፡7)። ነፍሰየ ነዚ ቓል ኣስተውዕልዮ! ንስኺ ከም ሰዓቢት ክርስቶስ ወይ ድማ ከም ክርስትያን መጠን ሓጎስ ባዕልኺ እተምጽእዮ ዘይኮነ ግናኸ ከምቲ ዳዊት፡ “ኣብ ልበይ ሓጎስ ኣንበርካ” ዝብሎ ዘሎ፣ ካብ ኣምላኽ መጺኡ ኣብ ልብኺ ዝተቐመጠ እዩ።

እዚ ዳዊት እዚ እኽለ ማዩ በዚሑ ዘይሕጎስ እንተደኣኮይኑ፣እኽለማዩእንተደኣጎዲሉ’ኸ እሞ ከመይ ኣቢሉ ክጭነቕ ይኽእል፧ ፍጹም! ምኽንያቱ ሓጎሱ ምድራዊ ድሌታቱ ምስ ተማልአ ኣይኮነን ዝሕጎስ! ነገር ግና ኣብ ልቡ ዝተቐመጠ ሰማያዊ ሓጎስ እዩ።

ስለዚ እምበኣር ነፍሰየ ምድራዊ ነገራት ምስ መልኣልኪ ልብኺ ይሕጎስን ደስ ይብሎን እንተኣሎ፣ ብርግጽ እቲ መሊኡልኪ ዘሎ ምድራዊ ነገራት ምስ ጎደለ ክትጭነቒ ስለ ዝኾንኪ ኣቐዲመ እመኽረኪ ኣለኹ።

ነፍሰየ! ብምድራዊ ነገራት ምእንቲ ከይትጭነቒ፣ ብምድራዊ ነገራት ኣይ ትተሓጎሲ። እወ፣ ብኹነታትኪ ክትጭነቒ እንተደኣ ዘይትደልዩ ኼንኪ፣ ብኩነታትኪ ኣይትተሓጎሲ።
ምኽንያቱ እቲ ዘሐጉሰኪ ዘሎ ነገራት ምስ ጠፍአ ክትጭነቒ ስለ ዝኾንኪ። ነፍሰየ፣ ኩሉ ሓጎስኪ ስምኪ ኣብ መዝገብ ህይወት ተጻሒፉ ስለ ዘሎ ደኣ ይኹን።

ነፍሰይ፣ እቲ ዋና ምድሪ ዝኾነ ኣምላኽ ሰማይ ምድሪ፣ ኣምላኽኪ ምኧኑን ምሳኺ ምህላዉን፣ ዘድልየኪ ዘበለ ዝመልኣልኪ ንሱ ከም ዝኾነ፣ ብምፍላጥኪ ደኣ ተሓጎሲ እምበር፣ ብምድራውን ሓላፍን ነገራትሲ ኣይትጨነቒ ደኣ።
ምኽንያቱ፣ ነፍሰየ፣ ኩሉ ካብ ቃል ኣምላኽ ወጻኢ ዝኾነ ነገር፣ ዋላ’ኳ ቅኑዕ እንተመሰለ ዘይቅኑዕ እዩ።

ነፍሰየ፣ ኣስተውዕሊ! ቃል ኣምላኽ ክትሕጎሲ ጥራይ ኣይኮነን ነጊሩኪ ዘሎ፡ ብምንታይ ክትሕጎሲ ከም ዘሎኪ ውን ነጊሩኪ ኣሎ። እዚ ማለት፣ ነፍሰየ፡ “ሰብ ክሕጎስ ጽቡቕ እዩ።” ኢልኪ፣ ብምድራዊ ነገራት ክትሕጎሲ ኣሎኪ ማለት ግና ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፣ ቃል እግዚኣብሄር ከምዚ ይብለኪ፡ “ብጎይታ ኩሉ ሳዕ ተሓጎሲ” (ፊሊ.4፡4)።

ስለዚ እምበኣር ነፍሰየ፣ ብኻልእ ምድራዊ ዘበለ ነገራት ምሕጓስ ይትረፈኪ። ምኽንያቱ ከምቲ ኣቐዲመ ዝነገርኩኺ፣ እቲ ሕጂ ዘሐጉሰኪ ዘሎ ነገራት ምስ ጎደለኪ ናብ ዘይተደልየ ጭንቀት ምእንቲ ከይተምርሒ።

ስለዚ እምበኣር ነፍሰየ፣ ብጎይታ ኩሉ ሳዕ ተሓጎሲ! ደጊመ ተሓጎሲ! እብለኪ ኣለኹ።

*********************

# ዓምዲ ትምህርቲ

"ንስኻ ግና ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ ኸም ዚግብኦ ጌርካ ንገር"
ቲቶ 2፡1

## ቅኑዕን ግቡእን ምህሮን ኣገልግሎቱን 6ይ - ክፋል

(ዝተፈላለየ ምንጭታት ከናተወከሱ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎት ዘዳለዎ ትምህርትታት)



### 2. ባህርያት ቅኑዕ ምህሮን ኣገልግሎቱን

### ለ. ባህርያትን ዕዮን ቅኑዓት ኣገልግሎት

### 1. ሃዋርያት

ሃዋርያ ዝብል ስም ልኡኽ፡ ኣምባሳደር፡ ኮሚሽነር ዝብል ትርጉም ኣለዎ። ኣቲ ናይ መጀመርታ ሃዋርያ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ኮይኑ (ኣብ3፥1-2)፣ ካባኡ ብምቕጻል ድማ እቶም ንሱ ብህይወት እናሃለወ ዝመረጾም ዓሰርተ ክልተ ስዓብቱ (ደቂ መዛምርቱ) እዮም። ብድሕሪኡ ውን ብዙሓት ኣመንቲ በዚ ኦፈስ ተንሲኦም እዮም።

### ሕጂ ኸ ሃዋርያት ኣለዉ 'ዶ፤

ገለ ሰባት ንህላውነት እዚ ኦፈስ ዘይቅበሉ ክህልዉ ከለዉ፣ ገለ ካብቲ ንሳቶም ዘቕርብዎ ነጥብታት፣

"ብቐንዱ ዕማም ናይ ሃዋርያትን ነብያትን መሰረት ቤተክርስትያን ንምስራት እዩ። ቤተክርስትያን ተሰሪታ እያ። እቲ ንኣመንቲ ዘድሊ ቃል ኣምላኽ ከኣ ተጻሒፉ እዩ። ብሃዋርያትን ብነብያትን ዝዕየ ዕዮ ተወዲኡ እዩ። ናይተን ካልኦት ኦፈሳት ዕዮ እዩ ተሪፉ ዘሎ። ስለዚ ሃዋርያትን ነብያትን ሎሚ የለዉን።" ይብሉ።

ብተወሳኺ ውን፡ "ንቦታ ናይ ይሁዳ ዝትክእ ሃዋርያ ከውጽኡ ዝኽተልዎ መምዘኒ ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ።" ይብሉ።

"ስለዚ ኻብ እዞም በቲ ጐይታና የሱስ ካብ ጥምቀት ዮሃንስ ጀሚሩ ኽሳዕ እታ ኻባና ዝዐረገላ መዓልቲ ናባና ዝኣተወሉን ዝወጸሉን ኩሉ ዘመን ዝሰዓቡና ሰባት፡ ካብ እዚኣቶም ሓደ ብዛዕባ ትንሳኤኡ ምሳና ምስክር ኪኸውን ይግባእ እዩ።" - ግሃ1፥21-22

ብዙሓት ኣመንቲ ከኣ ንህላውነት ናይዚ ናይ ሃዋርያት ኦፈስ ተቐቢሎም፣ ነቶም "ናይ ሃዋርያት ኦፈስ ኣለኒ" ዝብሉ ኣመንቲ፣ በዚ ዝስዕብ መስፈሪታት ሃዋርያነት ይልክዕዎም-

1. ጻውዒቱ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ
2. ከም የሱስ ብእግዚኣብሄር ዝተላእከ
3. ንክርስቶስ (ኣብ ህይወቱ) ዝርኣየ (1ቆሮ9፥ 1-2)
4. ምስ ክርስቶስ ጥቡቕ ርክብ ዘለዎ
5. ግብሪ ሃዋርያት (ዕዮ) ዝገብር ክኸውን ኣለዎ ይብሉ።

"ሕጂ ኸ ሃዋርያት ኣለዉ 'ዶ፤" ዝብል ሕቶ ክንምልስ እንተድኣ ኴይንና፣ መጀመርታ፡ "ናይ ሃዋርያት ኦፈስ ስለ ምንታይ ተዋህበ፤" ዝብል ሕቶ ክንምልስ ኣሎና።

ኣብ ኤፌ4፥11-13 ዘሎ ቃል እንተድኣ ርኢና፡ "ኩላትና ናብ ሕብረት እምነት፡ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፡ ናብ እኩል ሰብኣይ፡ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ክሳዕ እንበጽሕ፡ እቶም ቅዱሳን ነቲ ግብሪ ኣገልግሎት ንምህናጽ ስጋ ክርስቶስ ምሉኣት ምእንቲ ኪኾኑ ኢሉ፣ ንሱ ገሊኦም ሃዋርያት ገሊኦም ድማ ነብያት፡ ገሊኦም ከኣ ወንጌላውያን፡ ገሊኦም ውን ጓሶትን መምህራንን ኪኾኑ ሃበ።" ይብል።

እሞኸ ደኣ፣ እዞም ኣብዚ እዋን ዘለና ኣመንቲ ኸ ናብ ሕብረት እምነት፡ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፡ ናብ እኩል ሰብኣይ፡ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ምብጻሕ ኣየድልየናን ድዩ፤

እዞም ሕጂ ዘለና ቅዱሳን ከ፣ ነቲ ግብሪ ኣገልግሎት፡ ንምህናጽ ስጋ ክርስቶስ ምሉኣት ምእንቲ ክንከውን፣ ናይ ሃዋርያት ኦፈስ ክንወሃብ ኣይግብኣናን ድዩ፤ ብርግጽ ስለ ዘድልየና ተዋሂቡና ኣሎ።

ሃዋርያት ንቤተክርስትያን ዝተዋህበ ውህበት ክንድዝኾነ፣ ቤተክርስትያን ክሳብ ዘላ ውን እቲ ውህበት ክቕጽል ግድን ይኸውን።

### ሃዋርያት ዘጠቓልሎ ኦፈሳት

[ቅብኣታዊ ውህበታት] - ንኹሉ ኦፈሳት ብመጠኑ የጠቓልል

### ዕዮ ሃዋርያት

*ሓደሽቲ ማሕበራት ምምስራት።
*ንዝተመስረታ ኣብ ጽኑዕ መሰረት ምስራትን ምህናጽን።

*ዓሞቕቲ ሓቅታት ብምምጻእ ንቕዱሳን ምህናጽ።
*ኣገልገልቲ ብምስልጣንን ምዕጣቕን በብጽውዖኦምን ራእዮምን ከም ዘገልግሉ ምግባር።

*ናብቲ ዘይተበጽሐ ቦታታት ወንጌል ንምዝርጋሕ ምንቅስቓስ።
*ናይ ሓሶት ትምህርትታት ምስ ዝኣቱ ነተን ማሕበራት ብቃል ሓቂ ንምሕጻብ፣ ካብ ኣምላኽ ስልጣንን ሓይልን ዝተቐበሉ እዮም (1ቆሮ4፡19-21)።

## ንቑዓት ሃዋርያት ኣለልዩሉ ምልክታት

* ክፉእ ኣብ ክንዲ ክፉእ ኣይምልሱን።
“እናጸረፉና ንምርቕ፡ እናሰጐጉና ንዕገስ፡ እናተሐሚና ንምዕድ ኣሎና። ክሳዕ ሕጂ ኸም ጐሓፍ ዓለምን ከም ናይ ኲላቶም ጐዱፍን ኴንና ኣሎና።” 1ቆሮ4*12-13

*ስለ ክርስቶስ (ወንጌል) ስደት ይጸሩ። መስሓቒ (1ቆሮ4፡9)፡ ዓያሱ፡ ሕማቓት፡ ሕሱራት ይኾኑ (1ቆሮ4፡10)። ብጥምየት፡ ብዕርቃን፡ ብመጽፋዕትን ብዘይ ማሕደርን ይኾኑ (1ቆሮ4፡11፡ 1ተሰ2፡2)።

*ስለ ክርስቶስ ንህዝቢ ኣምላኽ ዋጋ ይኸፍሉ (ይጽልዩ - 1ተሰ1፡2-3፡ ነዊሕ መገዲ ይኸዱ፡ ይጠምዩ፡ ይጸምኡ፡ ይዓርቁ 1ቆሮ4፡11፡ ኣድላዪ ተኾይኑ ውን በእዳዎ እናዓየዩ ብዘይ ረብሓ ይጽዕሩን የገልግሉን (1ቆሮ4፡12)፡ ኮታስ ገዛእ ርእሶም (ህይወቶም) የካፍሉ።
*ክብሪ ኣምላኽ ዘይሰርቁን ስለ ክርስቶስ ብምሕሳሮም ዝሕጎሱን እዮም።

*ን ህዝቢ ኣምላኽ ጾር ኣየኽብድሉን እዮም - (1ተሰ2፡6,9)።
*ወንጌሎም ብሓይልን ብመንፈስ ቅዱስን ብብዙሕ ምርዳእን እዩ እምበር፣ ብቃል ጥበራ ኣይኮነን (1ተሰ2፡5)። “ብቓል ቅብጥር ወይስ እናማሳመስና ብስስዐቲ ከቶ ኣይመጻእናኩምን፡ ኣምላኽ ምስክርና እዩ።” 1ተሰ2*5

*ናይ ፍቕሪ ሰባት እዮም። ኩሉ ግብሮም ብፍቕሪ እዮም ዝገብርዎ።
*ልቦም ንህዝቢ ኣምላኽ ሰፊሕ እዩ።
*ምስ መንፈስ ቅዱስ ዘሰማማዕ ትምህርትን ውሳኔታትን እዮም ዝምህሩን ዝወስዱን።

*ርሕሩሓት እዮም (1ተሰ2፡7)።
*ብዘይ መንቅብ እዮም ዝነብሩ(1ተሰ2፡10)።
*ናፍቖት ህዝቢ ኣምላኽ ኣለዎም (1ተሰ2፡17-18)።

* ገሰጽቲ ፡ ምዓድቲ እዮም።
* ትምህርቶም ናብ የሱስ ዘጠምት እዩ።
* እሙናት እዮም።
*ንወንጌል ዋጋ ክኸፍልሉ ድልዋት እዮም።
* ናይ ኣገልገልቲ ልቢ እዩ ዘለዎም።
* ኣብ ኩሉ ቦታ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎም።
* ንክርስቶስ ዝመስሉ (ዘግህዱ) እዮም።
* ትሑታት እዮም።

* ግቡዛት (ኣምሰሉ) ኣይኮኑን (ገላ2፡11)።
*ናይ ክርስቶስ ኣገልግሎት እዮም ዝደግምዎ። ናብ ድኻታት የተኩሩ፡ ናብ ሕሙማት የትኩሩ፡
* ዘይድረት ኣጎልጉሎት እዩ ዘለዎም።
* ጸሎት የዘውትሩ ነይሮም።

## ትምህርቲ ሓዋርያት

ትምህርቲ ሓዋርያት ግብሪ ሃዋርያት እዩ። ናብርኦምን ህይወቶምን ትምህርቲ እዩ። ብህይወቶምን ብቃል ኣምላኽን እዮም ንክርስቶስ ዝሰብክዎ።

*“ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሐዲግና፡ ብንስሓ ኻብ ምዉት ግብሪ፡ ብእምነት ብኣምላኽ፡ ብትምህርቲ ጥምቀት፡ ብምንባር ኣእዳው፡ ብትንሳኤ ምዉታት፡ ብናይ ዘለኣለም ፍርዲውን ከም ብሓድሽ መሰረት ኣይንሰርት እሞ ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ።” እብ6፡1-2

*ትንሳኤ የሱስ ይሰብኩ፡ የሱስ እቲ ክርስቶስ ሙኻኑ ይምስክሩ፡ ድሕነት ብእምነት ሙኻኑ ይምህሩ፡ እምነት ብግብሪ ክስነ ከምዘለዎ ብግብሪ ይምህሩ፡ፍቕሪ ሓድሕድን ፍቕሪ ኣምላኽን፡ ፍቕሪ ንኣምላኽ ትእዛዛቱ ምሕላው ሙኻኑ፡ ሕብረት፡ ቅድስና፡ ፍቕሪ ኣምላኽ፡ ትሕትና ወዘተ ኣብ ህይወቶም እናርኣዩ ብዓብዩ ሓይሊ ይምህሩ።

* ነፍሳት ገፌፎም ደቀ መዝሙር ይገብርዎም ነይሮም።
* ጸጋታት የመቓርሑ።
* መኣዲ ኅይታ ይሰርዑ።
* ብሕብረት ይነብሩ።

## ንናይ ሓሶት ሓዋርያት (ኣገልገልቲ ስሕተት) ኣለልዩሉ ነጥብታት

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ብዛዕባ ባህርያት፡ ዕዮን መለለዪ ነጥብታት ናይ ስሕተት ኣገልገልቲ፣ ብስፍሕ ዝበለ መገዲ ርኢና ነይርና ኢና። ሕጂ ድማ ንሃዋርያት ስሕተት ካብ ዝምልከት ነጥብታት፡ ገለ ከም መዘኻኸሪ ክንርኢ ኢና።

*ብትዕዝብቲ (ባህሪኦምን ፍሪኦምን ተጠንቂቕካ ብምርኣይ) -ራኢ2፡2, ማቴ7፡20,1ቆሮ9፡2።
*ግብርኻን ጻዕርኻን ትዕግስትኻን፡ ነቶም እኩያት ሰባትውን ክትጾሮም ከም ዘይከኣልካን፡ ነቶም ሃዋርያት ኢና ዚብሉ እሞ ዘይኰኑ፡ ተዐዚብካዮምሲ ሓሰውቲ ኾይኖም ከም ዝረኸብካዮምን፡ እፈልጥ ኣሎኹ። ራኢ2፡2

*ብመለኮታዊ ውህበት ምልላይ መናፍስቲ - (1ቆሮ12፡10)።

* ብዝተሓዋወሰ ትምህርቶም ( 2ቆሮ2፡17)።
*ኣብ ውሽጥና ዘሎ ቅብኣት ስለዝነጽጎም ብቐሊሉ ነልልዮም ኢና (1ዮሃ2፡20)። ንሶም ክመጹ ከለዉ ሰላምና ምስ ዝርበሽ፡ ቃላቶም ክንሰምዕ፡ ወይ ውን ምስኦም ክንዓዩ ትብዓት ምስ እንስእን (1ዮሃ3፡21)።

*ካብ ኣሕዋት ምስክርነት ብምእካብ (3ዮሃ1፡10) ብትሕዝቶ ትምህርቶም (እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ፡ ትሕትና ዘይብሉ፣ ናብ ሕጊ እምበር ናብ ጸጋ ዘየጠምት፣ ናብ ርእስኻ እምበር ናብ ክርስቶስ ዘየጠምት፡ ምስ ሓጢኣት ዝሓዋወሰ ትምህርቶም።

## ባህርያት ሓሰውቲ ሃዋርያት

* ንናይ ኣምላኽ ሰብ ስም ከውድቑ (ኣብ ማሕበር ዘለዎ ተቐባልነት ከጥፍኡ) ምኽንያት ይደልዩ። ነታ ማሕበር ካብቲ ቀንዲ ርእሳ (ምስ ኣምላኽ ትጣበቐሉን መሪሕነት ኣምላኽ ካብ ኣምላኽ ትረኽበሉን ርእሲ) ንምውቃዕ፣ ኩሉ ግዜ ነቲ ጓሳ (ሃዋርያ) ጉድለቱ እናጸብጸቡ ይጻናተውዎ (2ቆሮ11፡12)።

*ጥበራ ካብ ቀንዲ መለለዩኦም እዩ (2ቆሮ11፡13)።
*ናይ ሓቂ ሃዋርያት ስለ ዘይኮኑ ኣብ ቅድሚ ሰባት ንርእሶም ሃዋርያት የምስሉ (2ቆሮ11፡13)።

*ጻውዒት ዘይብሎም ወይ ዘለዎም ግና ኸ ብዝተፈላለየ ነገራት ተጠቢሮም ንድሕሪት ዝተመልሱ ክኾኑ ይኽእሉ።
*ግብሪ የብሎምን፡ ጻዕራማት ኣይኮኑን፡ ትዕግስቲ ውን የብሎምን - ራኢ2፡2

*ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ዘይኮነስ ብሓይሊ ካልእ መንፈስ ወይ ብኣእምሮ ዝሰብኩ፡ ዝኸዱ እዮም።

- - - - - - - ይቕጽል - - - - - - -



# ዓምዲ - እዋናዊ ሕቶ

## ምንጋፍን ምስ ምንጋፍ ዝተተሓሓዙ ሕቶታትን (5ይ-ክፋል)

## ከም ዛብሎን፣ ፈለጥቲ ስርዓት ሠማእን ሰብ ስርዓትን ንኹን!

ዲቦራ- ብመጀመርታ ነዚ ዕድል ንዘሃበና ኣምላኽ ከነመስግኖ ንደሊ፣ ቀጺልና ድማ ንስኻ ውን ነዚ ቃለ-መሕትት ፍቓድኛ ዄንካ ብምምጻእካ ብስም ነብብቲ ከመስግነካ እፈቱ። ምስ ውልቃዊ ተመኩሮኻን ምልምማዳትካን ብምዝማድ፣ ቅድሚ ናብ ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎት ምእታውካ፣ እታ ቀዳመይቲ ክትሰርዖ ወይ ክትፍለጥ ኣለዋ ትብላ ነገር እንታይ እያ ምበልካ፧

መልሲ- እቲ ቀዳማይ ዝሰራዕ፣ ዋላ ውን ኩሉ ግዜ ብተደጋጋሚ ንብሎ፣ ንሕና ንኣምላኽ ክብሪ ንምሃብ ዝተፈጠርና ናይ እግዚኣብሄር ኣቕሓ ክብሪ ስለ ዝኾንና፣ ቅድሚ ናብ ምንጋፍ ምእታውካ፡ ብልብኻ ንእግዚኣብሄር ክብሪ ክትቅድሰሉ ኣሎካ። ንኣምላኽ ክብሪ ዝቕድስ ህይወት ክህልወካ ኣለዎ። ብፍላይ ኣብቲ ናይ ልቢ ጉዳይ ማለት እዩ።

ምኽንያቱ ሰይጣን ኩሉ ግዜ ክብሪ ክወስድ ወይ ብኣኻ ክብሪ ክውሰድ እዩ ዝደሊ።
ስለዚ ቅድሚ ናብ ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎት ምእታውካ፡ ዋላ ውን ኣብ ግዜ ምንጋፍ ይኹን ድሕሪ ምንጋፍ ኩሉ ግዜ ንኣምላኽ ክብሪ ዝቕድስ ልቢ ክህልወካ ኣለዎ። ንኣምላኽ ክብሪ እናሃብካ ዕዮ።

ዲቦራ- ሓደ ኣብ ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎት ዘገልግል ሓው፣ ቅድሚ ናብ ምንጋፍ ምእታዉ ክፈልጦ ወይ ቅድመ ምድላው ክገብረሉ ኣለዎ ትብሎ ነገራት እንተሎ ነቲ ቀንዲ ነጥብታት ክትዝርዝረልይ፧

መልሲ- ሓደ ኣብ ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎት ዘገልግል ሓው፣ ቅድሚ ናብ ኣገልግሎት ምንጋፍ ምእታዉ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት እንተድኣ ኣተኩሮ ሂቡ ሰሪሑሎም፣ ዕዉት ዝኾነ ዕዮ እናዓየየ ከም ዝቕጽል ርዱእ እዩ።

1. ቦታኻ ኣብ ላዕሊ (ሰማይ) ምዄኑ ዘክር (ቆሎ3፡ 1-3)።
2. ብምድሓንካ (ስምካ ኣብ መጽሓፍ ህይወት ብምጽሓፉ) እምበር ኣጋንንቲ ብስም የሱስ ክርስቶስ ስለ ዝተኣዘዙኻ ክትሕጎስ የብልካን።
3. ንኣምላኽ እናሰማዕካ ንምዕያይ ኩሉ ግዜ ምስ ርእስኻ ተሰማማዕ።
4. ኣምላኽ ምልላይ ክህበካን ክመርሓካን ጸሊ.
5. ዓቕልን ትዕግስትን ክህልወካ ኣለዎ።
6. ኣብ ኣገልግሎት ቅድሚ ምእታውካ ርእስኻ ንምህናጽን ካብ ኣምላኽ ምስጢራት ንምቕባልን ብቛንቋታት ጸሊ።
7. ቅድሚ ናብ ኣገልግሎት ምንጋፍ ምእታውካ ሓሳባትካ ጠርኒፍካ ኣብ መንፈስ ምዃን ምእንቲ ክትክእል ውልቃዊ መደባትካ ኣወንዝፍ።
8. ንነገር ኩሉ ከምቲ ኣምላኽ ዝርእዮ ርኣዮ
9. ንቃል ኣምላኽ እመንን ተጠቐመሉን
10. ኣየራትካን ስማያትካን ብመንፈስ ክትቀጻጸሮ ኣሎካ
11. ናይ እግዚኣብሄር መለኮታዊ ሓለዋ ክትጽውዕ ኣሎካ
12. ፍርሂ ብጣዕሚ ክተወግድ ኣሎካ
1 3. ካልእ ደም የሱስ ክርስቶስ ጸውዕ (ኣውጅ) ኣየራትካ ድማ ኣጽርዮ
14. ናይ መልኣኽቲ ኣገልግሎት ከም ዘድልየካ ተረዳእ
15. እግዚኣብሄር ንሓደ ሰብ ምልላይ መናፍስቲ ክህበካ ጸሊ
16. ብጎይታ ኣብ ዝተወድአ ኩናት ትኣቱ ከም ዘለኻ ዘክር

ዲቦራ- እዚ ናይ ምንጋፍ ዕዮ፡ "ዓቕልን ትዕግስትን ይሓትት እዩ።" ትብል ኢኻ። ክሳዕ ክንደይ ግዜ ስለ ዝወስድ ኮይኑ እዩ ከምኡ ትብል ዘለኻ፧
መልሲ- ኣብ ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎት ዓቕልን ትዕግስትን ብጣዕሚ እዩ ዘድልየካ ምኽንያቱ መንፈሳዊ ውግእ ስዓት ክንድዚ ጀሚሩ ስዓት ክንድዚ ክውድኦ እየ እትብሎ ኣይኮነን። ስብከት ሰዓታት ኣለዎ፡ ትምህርቲ ሰዓታት ኣለዎ፣ ኣብ ዝደለኻዮ ግዜ ክትጀምሮን ክትውድኦን ትኽእል ኢኻ። ብመንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ድርኺት ሃልይዎ ሰዓት እንተዘይተደፊኡ ማለት እዩ።

መንፈሳዊ ውግእ ግን ኣባኻ ጥራይ ዝምርኮስ ስለ ዘይኮነ ውሱን ግዜ ክትፈልየሉ ኣይትኽእልን ኢኻ።
ንስኻ ትዓዩ ኣሎኻ፡ መንፈስ ቅዱስ ምሳኻ ኣሎ፡ ካልእ ክውቃዕ ዘለዎ ኣካል (ጸላኢ) ድማ ኣሎ። ኣብ ዓውደ ኩናት ኢኻ ኣቲኻ ዘለኻ። እቲ ኩናት ሰዓት ክንድዚ ጀሚሩ ናይ ግድን ሰዓት ክንድዚ ክውዳእ ኣለዎ ትብለሉ ኣይኮነን። መንፈሳዊ ውግእ ናትካ ቀመራ (formula) ሒዝካ ትኣትወሉ ጉዳይ ኣይኮነን። ሃታ ሃታ ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን። ጥንቃቐ፡ ህድኣት፡ ትዕግስቲ፡ ዓቕሊ የድልዮ እዩ።

ትዋጋእ ኢኻ ዘለኻ። ኻልእ ኣካል ንኽለቅቕ ኢኻ ትዋጋእ ዘለኻ። ኣብ ዓውደ ኩናት ትኣቱ ከም ዘለኻ ተረዲኡካ ርእስኻ ክተዳሉ ኣሎካ።

ብዙሕ ግዜ ኣብ ናይ ምንጋፍ ዝዓዩ ሰባት ስዓት ክንደይ ከም ዝውድኡ ኣይፈልጡን እዮም። ሓንሳብ ሰዓት ሓደ ናይ ለይቲ ትውድእ፡ ሓንሳብ ሰዓት ክልተ ናይ ለይቲ ትውድእ፡ ሓንሳብ ይወግሓካ፡ ሓንሳብ ውን ንግሆ ጀሚርካ ምሸት ትውድእ፡ ግዜ ቀሚርካ ትኣትዎ ጉዳይ ኣይኮነን። ስለዚ ዓቕልን ትዕግስትን ብጣዕሚ እዩ ወሳኒ።

ዲቦራ- እዚ ናይ ምንጋፍ ዕዮ፡ ውሱን ግዜ ዘይብሉ ትውድኣሉ ስዓታት ውን ንጹር ዘይምዃኑ ኣቓዲምካ ምፍላጥካ እንታይ ይጠቕመካ፧

መልሲ- እዚ ምፍላጥካ ካልእ መደብ ከይሓዝካ፡ ግዜኻን ኣተኩሮኻን ሂብካ፣ ብዘይተመቕለ ልቢ (ከይተጠላለፍካ) ናብቲ መንፈሳዊ ውግእ ብምእታው፣ ዕዉት ዕዮ ንኽትዓዩ ይሕግዘካ።

ከመይሲ፣ ቅድሚ ናብ ኣገልግሎት ምንጋፍ ምእታውካ፡ "ቅልጥፍ ኢለ ነዛ ኣገልግሎት ወዲኤ ነዛ ነገር ክቕጽሎ እየ።" ኢልካ፣ ዝኾነ ጉዳይ ኣወንዚፍካ እንተዳኣ ኣቲኻ፣ ሓሳባትካ ስለ ዝመቓቐለ፣ ብእኡ መጠን ውን ኣተኩሮኻ ስለ ዝጎድል፣ ኣብ መንፈስ ኴንካ ኣድማዒ ስራሕ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣይትዕወትን ኢኻ።

ወይ ከይሓዝካዮ ሱቕ ክትብል ኣለካ፣ እንተድኣ ሒዝካዮ ድማ ክትወድኦ ስለ ዘለካ፣ ቅድሚ ናብ ኩናት (ናብቲ መንፈሳዊ ውግእ) ምእታውካ፣ (ግዜ ክንደይ ዝወስድ ይውሰድ ብዘየገድስ)፣ ነቲ ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎትካ ቀዳምነት ሰሪዕካ፣ ምሉእ ኣተኩሮኻን ግዜኻን ሂብካ፣ ኣብ መንፈስ ኴንካ፣ ምስ መንፈስ ቅዱስ ተተሓሒዝካ ናብቲ ዕዮ ክትኣቱ ኣለካ።
ስለዚ ባህሪ ናይ ምንጋፍ ኣቓዲምካ ምፍላጥካ ክትገብሮ ዘለካ ጌርካ ስለ እትኣቱ ትዕወት ኢኻ።

ዲቦራ- ቀድሚ ናብ ምንጋፍ ምእታውካ፣ ኣየራትካን ሰማያትካ ብመንፈስ ምቁጽጻር ክሳዕ ክንደይ ኣገዳሲ እዩ፧

መልሲ-ኣየራትካን ሰማያትካን ብመንፈስ ክትቆጻጸሮ ኣሎካ። እዚ ክትገብር ከኣ ኣየራት (ሰማያት) ክተጽርዮ ኣለካ። ብተወሳኺ ውን ኣየራት ናይቶም ምሳኻ ዘገልግሉን ናይቲ ዝናገፍ ዘሎ ሰብን ክተጽርዮ ኣለካ።
ብሓፈሻኡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣየራት ንመንፈስ ቅዱስ ከም ዝምችእ ጌርካ ክትሰርሖ ኣለካ። ምኽንያቱ ናበይ ትኸይድ ከም ዘለኻ ክርድኣካ ኣለዎ።

ዲቦራ- ብኸመይ ኢኻ ኣየራትካን ሰማያትካን ተጽርዮ፧

መልሲ- ብቛንቋታት ዲኻ ክትጽሊ ዘለካ፡ ከተምልኽ ድዩ ዘለካ፡ ክትዝምር ድዩ ዘለካ፡ ጥቕሲ ዲኻ ክትጠቅስ ዘለካ፡ ቃል እግዚኣብሄር ብዓውታ ክትእውጅ ድዩ ዘለካ፡ ደም የሱስ ዲኻ ክትእውጅ ዘለካ፣ ከምቲ ኣብ ልብኻ ዝረኸብካዮ ጌርካ ኣየራትካ እናጽረኻ ኣትሞስፌርካ ንመንፈስ ቅዱስ ከም ዝምችእ ክትገብሮ ናትካ ዕዮ እዩ።

ዲቦራ- ካብዛ ኣርእስቲ ከይወጻኣና እንከለና ብዛዕባ ደም የሱስ ብሓፈሻኡ ኸኣ ብዛዕባ መለኮታዊ ከለላ ገለ ክትብል ምደለኹካ፧

መልሲ- ቀድሚ ናብ ኣገልግሎት ምንጋፍ ምእታውካ፣ ደም የሱስ ክርስቶስ ምእዋጅ (ብእኡ ተሸፊንካ ምእታው) ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ደም የሱስ ክርስቶስ ናይ ህይወትና ፋሲካ እዩ። ፋሲካ ማለት ሕለፍ (passover) ማለት እዩ።
እስራኤላውያን ኣብ ግብጺ እንከለዉ፡ ደም ገንሸል ኣብ ልዳት ምስ ለኸይዎ። እቲ ዝቐዝፍ መልኣኽ ኣብ ዝመጻሉ ግዜ፡ እቲ ደም ነቲ ዝቐዝፍ ዝነበረ መልኣኽ “ሕለፍ (passover)፡ ኣብዚ ቤት ግደ የብልካን” እዩ ዝብሎ ነይሩ።

ደም የሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወትና፡ ኣብ ከባቢና፡ ኣብ ኣየራትና፡ ኣብ ሰማያትና ክንእውጆ ኣለና። ደም የሱስ ክርስቶስ ኣብ ኩሉ ክንዝክሮ ኣለና። ደም የሱስ ክርስቶስ ዘተኣማምን ጠበቓና ምዃኑ ክርድኣና ኣለዎ።
ካልእ (ምስዛ ነጥቢ ትተሓሓዝ)፣ ኣቐድም ኣቢለ ካብ ዝጠቐስክወን ነጥብታት፣ ሓደ ኣብ ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎት ዘገልግል ሓው፣ ናብ ዕዮ ቅድሚ ምእታዉ፣ ናይ እግዚኣብሄር መለኮታዊ ሓለዋ ክትጽውዕ ከም ዘለዎ ጠቒሰ ነይረ።

ካብ ሰብ፡ ካብ ዝተፈላለየ ሓደጋ (ድንገት)፡ ካብ ዝተፈላለየ ሕነ ምፍዳይ፡ ካብ ከጋጥም ዝኽእል ዘበለ ኩሉ ነገር፣ እግዚኣብሄር መለኮታዊ ከለላ ክህበካ ክትጽሊ ኣሎካ።
መለኮታዊ ከለላ እግዚኣብሄር ኣብቲ ከባቢ ክበዝሕ ኣለዎ። ምኽንያቱ ዝኾነ ዘይምስምማዕ ወይ ዘይምርድዳእ ከይመጽእ። ወይ ብግዳም ሰብ ከይመጽእ፡ ወይ ድማ ምንቅስቓስ ናይ መናፍስቲ ኣብቲ ኸባቢ እቲ ከይከውን። ምኽንያቱ ነቲ ክትዓዮ ተበጊስካ ዘለኻ ዕዮታት ከፍርሱ ኣጋንንቲ ብረቂቕ ውዲት ስለ ዝልዓሉ፣ ናይ እግዚኣብሄር መለኮታዊ ከለላ ክትጽውዕ ኣሎካ።

ዲቦራ- ገለ ኣሕዋት ንኣጋንንቲ ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ይፈርህዎም እዮም። ኣብ ዝሓለፈ ግዜ፡ “ናይ ቅዱሳን ዓወት ኣብ ልዕሊ ሰይጣንን መናፍስቱን” ትብል ሓሳብ ብዕምቆት ኣብሪህካልና ኔርካ እንዲኻ፣ ከም ተወሳኺ ሕጂ ንፍርህን እንታይነቱን ዝምልከት ሓሳብ ሃበና፧

መልሲ- ፍርሂ ብጣዕሚ ከተወግዶ ኣሎካ። ፍርሂ እቲ ዝዓበየ ጸላኢ ንኽዕወት ኣፍደገ ዝህቦ ድብቕ (ናይ ስለያ) ሰራዊት እዩ። መንፈስ ፍርሒ ንቕዱሳን ከም ብሓድሽ ናብ ባርነት ከእቱ ዝልቀቕ መንፈስ እዩ። ንሕና ኸኣ ነዚ ኣይተቐበልናዮን። ንፍርሃት ቀድሚ ሕጂ ኣይተቐበልናዮን፡ ንዘልኣለም ከኣ ኣይንቕበሎን ኢና።

ፍርሂ ናቱ ሰራዊት ዘለዎ መንፈስ እዩ። ከፍርሃካ ኢሉ ብዙሕ ነገራት ክገብር ይኽእል እዩ። ግናኸ ፍርሂ ከተወግድ ኣሎካ። ንኣምላኽ እምበር ንሰይጣን ኣይትፍርሃዮ። መጽሓፍ ቅዱስ፡ “ነቲ ምስ ቀተለ ናብ ገሃነም ክድርቢ ስልጣን ዘለዎ፣ ንእግዚኣብሄር ደኣ እምበር ንኻልእ (ንሰብ፡ ንኣጋንንቲ) ኣይትፍራህ።” እዩ ዝብል (ያቆ2፡ 19)።

ንስኻ ንሰይጣን ዘይኮንካ ክትፈርሆ ዘለካ፣ እቲ ንኣምላኽ ዘለካ ምፍራህ ከተርእዮ እዩ ዝግባእ። እቲ ንኣምላኽ ክትፈርሆ ዘለካ ምፍራህ፡ ኣልዒልካ ንኣጋንንቲ ክትፈርሆም (ክትለዋወጦ) የብልካን።
ንምንታይ እየ ፍርሂ ክውገድ ከም ዘለዎ ዝዛረብ ዘለኹ፣ ብዙሕ ግዜ ኣብ ከምዚ ዓይነት መንፈሳዊ ውግእ ምስ ኣተኻ ናይ ፍርሂ ነገር (ሓሳብ) ኣብ ኣየራት ይመጽእ እዩ። ወይ ድማ እቲ መንፈስ ከፍርሃካ ኢሉ ዝገብሮ ነገራት ኣሎ።

ንምሳሌ ናብ ምንጋፍ ክንኣቱ ከለና፡ ብዙሕ ሰብ ተኣኪቡ፡ ብዙሓት ሰባት እናተናገፉ እንከለዉ፡ ሓደ ግዜ ሓደ መንፈስ እንታይ ኢሉ ይዛረብ ነይሩ፣ እቲ ዘገልግል ዝነበረ ሓዊ ነቲ መንፈስ፡ “ብወዲ ኣምላኽ ብ የሱስ ክርስቶስ ስም ውጻእ!” ምስ በሎ፣ እቲ መንፈስ፡ “ክወጽእ እየ። ክወጽእ ከለኹ ግና ካብዞም ኣብዚ ዘለዉ ሰባት መሪጸ ኣብ ሓደ ክኣቱ እየ።” ኢልዎ።

ሽዑ እቲ ጉባኤ ኩሉ ብጣዕሚ ፈሪሁ፡ “ብስም የሱስ” ኢሉ።

“ብርግጽ ከ ከምኡ ክገብር ይኽእል ድዩ፧” እንተድኣ ኢልና፣ እንታይ ምስ በልናዮ እዩ ወጺኡ ዘሎ። ይትረፍ ኣባታቶም (ኣብቶም ብጎይታ የሱስ ክርስቶስ ኣሚኖም ማሕደር ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ዝኾኑ፣ ብደም የሱስ ክርስቶስ ተዓዲጎም ኣቕሓ ክብሪ ዝኾኑ፡ ንእግዚኣብሄር ኣቦ መንግስትን ናይ መንግስቲ ስልጣንን ክህነትን ዝተቐበሉ ኣይኮነን)፣ ኣብቶም ዓለማውያን ውን እንተኾነ፣ ካብ ምሕረት እግዚኣብሄር ዝተላዕለ ዝለቀ ሓለዋ ኣሎ።
እቲ ጋኔን ካብኡ ወጺኡ ኣብ ዝኸዶ ዘበለ፣ እቲ ጉባኤ ኣይኮነን ንስኻ ብክርስቶስ የሱስ ዝኣመንካ (ብውልቅኻ)፣ እናሳደድካዮ ክትነብር፣ ንምስዳድ ዝተዋህበ ዝተሳዕረ ጸላኢ እዩ።

ንፍርሂ ከም ኣጽዋር ስለ ዝዓጠቐ ግን፡ “ክቐትለካ እየ! ክቐትላ እየ! ክቐትሎም እየ!” ይብለካ። ስለ ዝበለ ግን ይኸውን ማለት ኣይኮነን።
ፍርሂ ናትካ ኣይኮነን። ፍርሂ መንፈስ እዩ፡ ናይ ኣጋንንቲ እዩ። ንእኦም ጥራይ ዝተዋህበ እዩ። ኣጋንንቲ ብጣዕሚ እዮም ዘንቀጥቅጡ።

ስለዚ ክፍራህ ዝግብኦ እግዚኣብሄር እዩ። እዚኣ ድማ እታ ቀዳመይቲ ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ተድልየካ ጥበብ እያ። መጽሓፍ ቅዱስ ውን ከምኡ ኢሉ ኣሎ።
ናብ ውግእ ክትኣቱ ከለኻስ ጥበብ የገድስ እዩ። ጥበብ ድማ ንኣምላኽ ምፍራህ እዩ። ንኣምላኽ ብምፍራህካ እዩ ዓወታትካ እናዛየዶ ዝኸይድ። ክንድቲ ንኣምላኽ ዘለካ ምፍራህ እዩ ዓወታትካ ኣብ ባይታ እናዛየደ ዝኸይድ።

ብኣንጻሩ ኸኣ ክንድቲ ንኣምላኽ ዘለካ ምፍራህ እናጎደለ ዝኸደ፣ ዓወታትካ ድማ ብእኡ መጠን እናጎደለ እዩ ዝኸይድ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ውን ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ብቕድሚ ዳዊት ይኹን ብድሕሪ ዳዊት፣ እቶም ህዝቢ (እቶም ነገስታት) ንኣምላኽ ዘለዎም ምፍራህ ክንድቲ ዘርኣይዎ መጠን፣ እግዚኣብሄር ኣብ ኩሉ ኩናቶም ወይ ድማ ኣብ ኩሉ ዘርኣይዎ ሰልፍታት ይኹን ዝተፈላለየ ዝገጥሞም መድረኻት ናይ ውግእ፣ ቀቅድሚኦም እናሓለፈ ንሱ እዩ ውግኦም ዝዋግኣሎም ነይሩ።

ካብ ንኣምላኽ ምፍራህ ልቦም ናብ ካልእ ምስ ኣዘበሉ፣ ወይ ድማ ዝባኖም ንእግዚኣብሄር ክህብዎ እንከለዉ ግን፣ ውድቀት ወይ ድማ ስዕረት ኣብ ህይወቶም የጋጥም ነይሩ። እዚ ኩነት ዘጋጠሞ እያሱ፣ ሓደ ግዜ፡ “እስራኤል ንጸላእቱ ዝባኑ ካብ ሃበስ፣ እንታይ ክብል እየ።” ኢሉ ነይሩ።

ስለዚ ነቲ ክፍራህ ዘይብሉ ሰይጣን ምፍራህ ገዲፍካ ንኣምላኽ ዘለካ ምፍራህ ኣርኢ። ንኣምላኽ ምፍራህን ብኣምላኽ ተመሪሕካ ምውጋእን እቲ ዝዓበየ ጥበብ እዩ።

ዲቦራ- ብዙሕ ግዜ ፍርሂ ወይ ምጥርጣር ዝመጽእ ምስ ቃል ኣምላኽ ብእምነት ካብ ዘይምሕባርን፣ ነቲ ቃል ኣብ ኩሉ ኩነታትካ እናእተኻ ነቲ ቃል ተጠቒምካ ደው ካብ ዘይምባልን እዩ። ምስዚ ኣተሓሒዝካ ትብሎ ተሎ፧

መልሲ- ንቓል ኣምላኽ ዘለካ ምእማን ኣዝዩ እዩ ወሳኒ። ቃል ናይቶም ኣጋንንቲ ዝዛረብዎ ዘይኮነስ ኣብ ልብኻ ዝልዓለ ቦታ ክሕዝ ዘለዎ ቃል እግዚኣብሄር እዩ።
ንቓል እግዚኣብሄር ዘለካ ክብሪ ከመይ እዩ፧ ንቃል እግዚኣብሄር ዘለካ ኣረዳድኣ ከመይ እዩ፧ መጽሓፍ ቅዱስ፡ "ኣነስ ነቶም ዘኽብሩኒ ኣኽብሮም" ኢሉ። ብመጠን እቲ ንቃል እግዚኣብሄር ዘለካ ክብሪ እዩ ናይ እግዚኣብሄር ክብሪ ኣብ ህይወትካ ዝልቀቕ።

ስለዚ ንቃል ኣምላኽ ዘለካ ኣረኣእያ፡ ንቃል ኣምላኽ ዘለካ ኣተኣማምና፡ ንቃል ኣምላኽ ዘለካ ናይ እምነት ዲግሪ ከመይ እዩ፧ ስለዚ ንቃል እግዚኣብሄር ክትኣምኖን ክትጥቀመሉን ኣሎካ።

ምኽንያቱ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ንዝኣመነሉ ቃል ብምጥቃስ እዩ፡ "ጽሑፍ እዩ" ኢሉ ንሰይጣን ዝምልሰሉ ዝነበረ። ጎይታ ንቃል እግዚኣብሄር ይኣምኖን ይጥቀመሉን ነይሩ።
ስለዚ ቅድሚ ምንጋፍ ንቃል ኣምላኽ ዘለካ ምእማን ወሳኒ እዩ። ንቃል እግዚኣብሄር ክትኣምኖ ኣሎካ። ዳሕራይ ድማ ንቃል እግዚኣብሄር ከምቲ ዝግባእ ኣብቲ ዝግባእ፡ ኣብ ቦትኡ ክትጥቀመሉ ኣሎካ።

ዲቦራ- "ብጎይታ ኣብ ዝተወድአ ኩናት ትኣቱ ከም ዘለኻ ዘክር።" ትብል ነጥቢ ጠቒስካልና ጸኒሕካ እንዲኻ፣ ብጎይታ ዝተወድኣለይ እንታይ እዩ፧ ካባይ ዝድለ ኸ እንታይ እዩ፧ ነዘን ክልተ ነጥብታት እመናጸርካ ምላሽ ክትህበና፧
መልሲ- ኣጋንንቲ የሱስ ክርስቶስ መን'ዩ፧ ኣጸቢቖም ይፈልጥዎ እዮም። ኣብ መስቀል ዝገበሮ ነገር ይፈልጥዎ እዮም። ክግረፍ ከሎ እንታይ ዋጋ ከፊሉ ይፈልጥዎ እዮም። ኣብ መስቀል ምስ ተሰቕለ ዝተዓወቶ ዓወት ይፈልጡ እዮም። ምስ ሞተ፡ ብሞቱ እንታይ ከም ዝተዓወተ ይፈልጡ እዮም። ክትንስእ ከሎ ብትንሳኤኡ እንታይ ተዓዊቱ ይፈልጡ እዮም።

ኣብቲ የሱስ ክርስቶስ፡ "ተፈጸመ" ዝበሎ፡ ካብ ተፈጸመ ኢኻ ትጅምር ዘለኻ። ካብ ትንሳኤ ኢኻ ትጅምር ዘለኻ። ኣብ ውዱእ ስራሕ ኢኻ ትኣቱ ዘለኻ። ሽዑ ኣይኮንካን ንሕልቅነትን ስልጣናትን ኣጽዋሮም ክትገፎም ትኸይድ ዘለኻ። የሱስ ክርስቶስ ንሕልቅነትን ስልጣናትን ኣጽዋሮም ገፊፉ፡ ብእኡ እናፈከረ ብግልጺ ኣስተሓፊርዎም እዩ። ኣስተሓፊሮም ዝብል ቃል ንሕሉፍ ዝገልጽ ቃል እዩ።

ንመንፈሳዊ ውግእ ካብቲ ካልኦት ውግኣት ፍልይ ዝብሎ፣ ካብ ዓወት ስለ ትጅምር እዩ። ካብ ዓወት ኢኻ እትብገስ። ኣብ ዓወት ኢኻ እትመላለስ። ወይ ድማ ኣብ ውዱእ ናይ እግዚኣብሄር ምኽሪ ኣቲኻ ኢኻ እትዕወት። ኣብቲ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ዝተዓወቱሉ ከም ወኪል ኣቲኻ ኢኻ እትዕወት። ዕዉት ነገር ሒዝካ ኢኻ እትኸይድ። ምኽንያቱ ኣምላኽ ብክርስቶስ ኩሉ ሳዕ ናብ ዓወት ከም ዝመርሓና ክንዝክር ኣሎና። ስለዚ ካብ ዓወት ኢና ክንብገስ ዘለና።



ናቱ ግደ ምውዳእ እዩ ናትካ ግደ ኸኣ ምርዳእ እዩ። ስለዚ ኣብ ውዱእ ናይ እግዚኣብሄር ዓወት ደው ኢልካ፣ ናብ ኩናት ትኣቱ ከም ዘለኻ ተረድኣዮ። ኣብ ዓወት ኴንካ ኢኻ ነቲ ዓወት ትጋፈጦ።
ዱምዱም ዝኾነ ናይ ዓወት ሓሳብ ሒዝካ መጺኻ ኢኻ ንኣጋንንቲ፡ "ብስም የሱስ፡ በቲ ዝተዓወተለይ፡ ርእሰኹም ዝጨፍለቐ፡ ብስም የሱስ በቲ፡ ኣጽዋርኩም ገፊፉ ብእኡ እናፈከረ ብግልጺ ዘስተሓፈረኩም፡ ብስም የሱስ በቲ ማእሰር ሞት ኣጽኒዑ ክሕዞ ዘይክኣለ፣ በቲ መቓብር ዝፈንቀለ፡ በቲ ኣብ የማን ኣምላኽ ዘሎ፡ በቲ ተመሊሱ ዝመጽእ፡ ዝፈርድ የሱስ እየ ዝመጻካ ዘለኹ።" እትብሎም ዘለኻ።
ሽዑ ኣይኮንካን ነቲ ውግእ ትጅምሮ። ኣቐዲሙ ዝተወድአ፡ ድምዱም ዝኾነ ዓወት ሒዝካ ኢኻ ትመጽእ ዘለኻ።

በዚ ዓወት እዚ ድማ፣ ከምቲ ጎይታ ነቶም ብስሙ ዝኣመንና፡ "ብስመይ ኣጋንንቲ ከውጽኡ... እዮም" ዝበለ (ማር16፡16-18)፣ ብስም የሱስ ክወጹ ምስ ኣዘዝካዮም፣ ኣጋንንቲ ብግዲ እዮም ክወጹ።
ስለዚ ብጎይታ ኣብ ዝተወድአ ወይ ድማ ኣብ ዝተደምደመ ዓወት ኴንካ ናብ መንፈሳዊ ውግእ ትኣቱ ከም ዘለኻ ዘክር።

ዲቦራ- ሓደ ኣገልጋሊ ናብ ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎት ቅድሚ ምእታዉ ብዛዕባ ክገብሮ ወይ ከማልኦ ዘለዎ ነገራት እንዲና ክንዘራረብ ጸኒሕና፣ ሕጂ ድማ ናብቲ ኣብ ግዜ ምንጋፍ ክግበር ወይ ክሕሎ ኣለዎ ትብሎ ነገራት ተኣተና ጽቡቕ እመስለኒ፧

መልሲ- ኣብቲ ናይ ምንጋፍ ዘለዉ ኣገልገልቲ ወይ ድማ መእመን ብመጀመርታ ብዛዕባ ስርዓት ውግእ (ስርዓት ምንጋፍ) ዝፈልጡን ነቲ ስርዓት ተኸቲሎም ዝኸዱ ሰብ ስርዓትን እዮም ክኾኑ ዘለዎም።

ነዚ ሓሳብ ዘህብትመልና፡ "ካብ ዛብሎን ብኹሉ ዓይነት ኣጽዋር ውግእ እተሰለፉ፡ ናብ ሰራዊት ዚወጹ፡ ፈለጥቲ ስርዓት ውግእ፡ ልቦም ዘይምቑል፡ ሰብ ስርዓት፡ ሓምሳ ሽሕ።" ጽሑፍ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣሎ (1ይ ዜና12፡33)።

ክገርመኩም ዝኾነ ኣብ ውትህድርና ንዝተሰለፈ ሰብ እንተድኣ ሓቲትኩሞ፣ ናብ ውትህድርና ምስ ኣተወ እታ ቀዳመይቲ ካብ ሓለፍቱ ዝወሃቦ መምርሒ፣ ምስቲ ኣብቲ ኣሃዱ ዝመላለሰሉ ስርዓት እዩም ዘፋልጥዎ። ከመይ ኢሉ ክኣቱ ኣለዎ፧ ከመይ ኢሉ ክወጽእ ኣለዎ፧ መኣስ ክድቅስ ኣለዎ፧ መኣስ ከ ክትስእ ኣለዎ፧ ወዘተ

ምኽንያቱ ካብታ ናብ ሰራዊት ዝተሰለፈላ መዓልቲ ጀሚሩ ናቱ ኣይኮነን። ኩሉ በቲ ዘተዋህቦ ስርዓት እንተዘይከይዱ ኸኣ ዕግርግር ክኸውን እዩ። ናብ መስርሕ ውትህድርና ንዝኣተወ ሰብ "ወትሃደር" ዝብሎ ስርዓት እዩ።

ዋላ እቲ ሓለቓ ሚእቲ ንየሱስ ብስርዓት ውትህድርና ዝግዛእን ዝገዝእን ሰብ ምኻኑ እዩ ዝነግሮ ነይሩ። ብዛዕባ ጉዳዩ ኸኣ ስርዓት ናይ ስልጣናት ስለ ዝፈልጥ፡ "ሓንቲ ቃል ተዛረብ እሞ እቲ ጊልያ ከኣ ክሓዊ እዩ።" እዩ ኢልዎ። ... 

መልእኽቲ እግዚኣብሄር እንተድኣ ርኢናዮም ድማ ብስርዓት እዮም ዝኸዱ። እግዚኣብሄር እንተኾነ ውን ናይ ስርዓት ኣምላኽ እዩ። ቃሉ ስርዓት እዩ። ሕጊ እዩ። "ስርዓት እግዚኣብሄር ቅኑዕዩ፡ ንልቢ ድማ የሐጉሶ።" ይብለና። ስለዚ እግዚኣብሄር ንስርዓታቱ ክብ እዩ ዘብሎ። የኽብሮ እዩ።

መንግስቲ ጸልማት ውን ካብ መንግስቲ ኣምላኽ ብዝቐድሓቶ ስርዓት፣ ንሓድሕዳ እናተገዛዝአት እያ እትኸይድ። ምኽንያቱ፡ መንግስቲ ንሓድሕዳ እንተተፈላለየት፣ እታ መንግስቲ ኣቲኣ ክትቀውም ኣይትኽእልን እያ (ማር3፡ 24)።

ኣብ ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎት ክትኣቱ ኸለኻ ድማ፣ ኣድህቦኻ ኣብቲ ነገር ብምግባር፣ ነቲ ኣብታ ስዓት ኣቲኣ መድረኽ ሒዙ ዘሎ ሓው፣ ምሉእ ልብኻን ፍቓድካን ሂብካ (ብዘይተመቐለን ዘይተጠላለፈን ልቢ)፣ ንስኻ ብዝመሰለካ ዘይኮነስ ንሱ ብዝሓተተካ መሰረት፣ የማናይ ኢድካ ንሓውኻ ብምሃብ፣ ናይ ምግዛዛእ ስርዓት ምርኣይ ኣብ ምዕዋት ናይቲ ዕዮ ይኹን ድሒሩ ኣብ ሞንጎ ኣቶም ኣገልገልቲ ወይ መእመን ኣብ ዝህሉ ዝምድና ወሳኒ እዩ።

**ዲቦራ-** መናፍስቲ ኣብ ዝግለጹሉ ግዜ፡ ኩሉ ሰብ ኣብ ክንዲ ሆሆ ዝብል፣ እቶም ኣገልገልቲ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም፧ እቲ መእመን ከ እንታይ እዩ ክገብር ዘለዎ፧ ብመእመን ዶ ክንጅምር፧

**መልሲ-** ሕራይ ጽቡቕ! ኣብቲ ናይ ምንጋፍ እዋን ዘለዉ ሰባት፡ ኣብቲ ግዜ እቲ ንሓድሕዶም ናይ ምግዝዛእ ስርዓት ክርእዩ ኣለዎም። ንእግዚኣብሄር ሰብ ስርዓት ምኳኖም ክርእዩ ኣለዎም። ዋላ ውን ነቲ መንፈስ ሰብ ስርዓት ምኳንካ ከተርእዮ ኣለካ።

ልክዕ ከምቲ ኣብ ትንቢት ኣብ ምንጋፍ ውን ዝርግርግ ክርአ የብሉን። ስርዓት የድሊ እዩ። ምንጋፍ ብዝርግርግ እዩ ዝዕየ ዝብሃል የሎን። ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ ስርዓት ከተርኢ ኣለካ። ሓደ መንፈስ ምስ ተገለጸ እቶም ኣብኡ ዘለዉ ኩሎም ኣይኮኑን "ሆ!" ክብሉ ዘለዎም። እቲ ሓደ፡ "ወጭጭ" ክብሎ፡ እቲ ሓደ፡ "ውጻእ!" ክብሎ፡ እቲ ሓደ፡ "ዑዕ" በል ክብሎ… ከምኡ ዝብሃል የለን። ስርዓት ክትገብር ኣለካ።

ሓደ ሰብ ሒዝዎ ኣሎ ካልእ ጸጥ ይብል። እቲ ዝመርሕ ዘሎ እስከ ኩላትኩም ብሓደ፡ "ብስም የሱስ!" በሉ እንተድኣ ኢሉ፡ ንሱ መሪሕነት ይህበካ ስለ ዘሎ፡ ኩልኻ ሰሚርካ፡ "ብስም የሱስ" ምባል ስርዓት እዩ።

እንተዘይኮይኑ ግን ኩሉ ሰብ ክገንሕ ኣይፈትን። ዝርግርግን ሕውስውስን ክኸውን የብሉን። ብብዝሒ፡ "ሆሆ" ስለ ዝበልካ ኣይኮኑን ኣጋንንቲ ዝወጹ። ወይ ብጭድርታ ናይ ብዙሓት ሰባት ኣይኮኑን ኣጋንንቲ ዝወጹ። ብስልጣን ብወዲ ኣምላኽ ብየሱስ ክርስቶስ እዮም ዝወጹ። እንተደለዩ ብሕብረት ክዝምሩ፣ ወይ ውን፡ ነቲ ዘናግፍ ዘሎ ሰብ እግዚኣብሄር ክረድኦ ብልቦም ክጽልዩ ይኽእሉ እዮም። ካባኡ ዝተረፈ ግን ዘዝመሰሎም ክገብሩ ቅኑዕ ኣይኮነን።
ስርዓት ብጣዕሚ እዩ ዘድሊ። ስርዓት ክትሕሉ ኣለካ። ዝርግርግ ዝበለ ነገር ግን ካልእ መንፈሳዊ ጽልዋ የምጽእ። ንሓደ ክትፈትሕ ኢልካስ ኣብ ካልእ ዘይተደለየ ነገር ናይ ምእታው ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ ስርዓት የድሊ እዩ።

እዞም፡ "ፈለጥቲ ስርዓት ውግእ፡ ልቦም ዘይምቑል፡ ሰብ ስርዓት" ዝበልናዮም ሰብ ዛብሎን፣ ቁጽሮም 50ሽሕ እዩ። እዚ ነቶም ኣብ ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎት ዘለዉ ኣገልገልቲ ወይ ምእመን ዝሕልፎ መልእኽቲ ኣሎ። ብዝሒ ወይ ቁጽሪ ናይቲ መእመን ብዘየገድስ፣ ኩሎም ኣብቲ ናይ ምንጋፍ ቦታ ዘለዉ መእመን፣ ንሓድሕዶም ክገዛዝኡ ኣለዎም። እቲ ኣብ ዕዮ ዘሎ ሓው ዝሃቦም መምርሒ ከተግብሩ ኣለዎም። ኣብ ሓድሕዶም ስርዓት ምግዝዛእ ክርአ ኣለዎ።

**ዲቦራ-** እቶም ኣገልገልቲ ኸ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም፧

**መልሲ-** እቶም ኣገልገልቲ ውን ስርዓት ውግእ ፈሊጦም ንምእዛዙ ርእሶም ዝሃቡ፣ ሰብ ስርዓት እዮም ክኾኑ ዘለዎም።
ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ ሓደ ጥራይ እዩ ክእዝዝ ዘለዎ። እቲ ካልእ ጸጥ ኢሉ፡ ሰሚሩ እዩ ክኸይድ ዘለዎ። እቲ ካልእ ኣገልጋሊ ንእኡ እዩ ክሕልዎ ዘለዎ። ዓይኑ ዓይኑ እዩ ክሕልዎ ዘለዎ።

በቲ ጎይታ ዝሃበና ጸጋ፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ኣገልግሎት መድረኽን ግዜን ከምኡ ዓይነት ኣካይዳ ኢና ንኸይድ ኔርና። ኩላትና፡ "ብስም የሱስ!" እናበልና ኣይኮንናን ንእዝዝ ዝነበርና። እቲ ሓደ ክእዝዝ ከሎ፡ እቲ ሓደ ብጎኒ ኣትዩ ገለ ክብሎ፡ ንስኻ ሒዝካ እናኣዘዝካ እንከለኻ እቲ ሓደ መጺኡ፡ "ውጻእ!" ክብል፡ ከምኡ ዝበሃል የለን።

እቲ ጉዳይ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተጀመረ ጉዳይ እዩ። ንስኻ ኣይኮንካን ነቲ መንፈስ ከም ዝግለጽ ጌርካዮ ዘለኻ። ብመንፈስ ቅዱስ እዩ ተገሊጹ ዘሎ። ብመንፈስ ቅዱስ ዝስራሕ፣ ብመንፈስ ቅዱስ ዝውዳእ ዕዮ እዩ።

እግዚኣብሄር ንናትካ ምግዝዛእ ርእዩ እዩ ን ነገራት ኣብ ኢድካ ዝህበካ። ስለዚ ነቲ እናሕበረ ዝመርሓካ ዘሎ መንፈስ እናሓለኻዮ ስርዓትካን ምግዝዛእካን እናርኣኻ ኢኻ ክትከይድ ዘሎካ።

**ዲቦራ-** እቲ ስርዓት ከምዚ እናሃለወ፣ ካልእ ሰብ እናጸለየ ኸሎ፡ "ውሽጠይ ደፊኡኒ!" ኢሎም፣ ጠኒኖም ንዝኣትዉ ኣገልገልቲ እንታይ ትመኽሮም፧

**መልሲ-** ኣብ ኩናት ወይ ድማ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ክትዕወት ስርዓት የድልየካ እዩ። ኣብ ንሓድሕድካ ዝህሉ ናይ ምግዝዛእ ስርዓት ድማ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ።
ቃል እግዚኣብሄር ኣብ 1ይ ቆረ 14፡ 27-33፤ ብዛዕባ ኣብ ነብያት ክህሉ ዘለዎ ምግዝዛእ ክዛረብ ከሎ፡ "ብቛንቛ ዚዛረብ እንተሎ፡ ክልተ፡ እንተ በዝሑ ኸኣ ሰለስተ ይኹኑ እሞ በብተራ ይዛረቡ፡ ሓደ ኸኣ ይተርጕሞ። ተርጓሚ እንተ ዜልቦ ግና፡ እቲ ብቛንቛ ዚዛረብ ኣብታ ማሕበር ስቕ ይበል፡ ንርእሱን ንኣምላኽን ግና ይዛረብ ደኣ። ነብያት ድማ ክልተ ወይ ሰለስተ ኹይኖም ይዛረቡ፡ እቶም ካልኦትውን ይመርምሩ።

"ካብቶም ተቐሚጦም ዘለዉ ንሓደስ ራእይ እንተ ተገልጸሉ ግና፡ እቲ ቐዳማይ ስቕ ይበል። ኩላቶም ምእንቲ ኺምሃሩ ኹላቶምውን ኪምዓዱስ፡ ኩላትኩም በብሓደ ኽትንበዩ ይከኣለኩም እዩ። ኣምላኽሲ ናይ ሰላም እምበር፡ ናይ ዝርግርግ ኣምላኽ ኣይኰነን እሞ፡ እቶም መናፍስቲ ነብያት ነቶም ነብያት ይግዝእዎም እዮም።" ኢሉ ኣሎ።

እቲ ሓቂ ከምዚ እናኾነ፣ እቲ ኣባኻ ዘሎ መንፈስ ውን ናይ ስርዓት መንፈስ እንከሎ፡ "መንፈስ ቅዱስ ደው ክብለኒ ኣይክኣለን። ኣፈይ ፈጺሙ ኣብዩኒ" ኢልካ፣ እቲ ሓደ እናተነበየ እንከሎ ኮሊፍካ ንስኻ ኣይትንበን ኢኻ።
**ልክዕ ከምቲ ኣብ ትንቢት ኣብ ምንጋፍ ውን ዝርግርግ ክርአ የብሉን። ስርዓት የድሊ እዩ። "ምንጋፍ ብዝርግርግ እዩ ዝዕየ" ዝበለ መን'ዩ።**

ከምኡ ዝብሃል ነገር የለን። ከምኡ ኣይኮነን። እቲ ኣባኻ ዘሎ መንፈስ ዝገዛዛእ መንፈስ እዩ። ከመይሲ እቶም መናፍስቲ ነብያት ነቶም ነብያት ከም ዝግዝእዎም፣ እቶም ኣብ ካልእ ኣገልግሎት ዝነጥፉ ኣገልገልቲ ዝሓደሩ መናፍስቲ ኸኣ፣ ነቶም ኣገልገልቲ ይግዝእዎም እዮም።

ምኽንያቱ ከምቲ ጳውሎስ ዝበሎ፡ "ኣምላኽሲ ናይ ሰላም እምበር፡ ናይ ዝርግርግ ኣምላኽ ኣይኰነን።" ስለዚ ስርዓት የድሊ እዩ።

**ዲቦራ-** ናይ ጸጋ ፍልልይ ከ ብኸመይ ንሓዞ፧

**መልሲ-** በየናይ ልቢ ኢኻ ነቲ ከገልግል ዝጸንሐ ኣገልጋሊ ኣወጊድካ ንስኻ ኣቲኻ ክወጽእ ትእዝዞ ዘሎኻ፧ ብናይ ትዕቢት ልቢ ድዩ፧ ወይስ ብናይ ምስትንዓቕ ልቢ ድዩ፧ ወይ ድማ ንሱ ከውጽኦ ኣይክእልን እዩ። እዚ መንፈስ እዚ ንኣይ ጥራይ እዩ ክወጻለይ ዝኽእል ብዝብል ልቢ ድዩ፧ ከቢድ እዩ።

"ንኣይ እምበር ንእኡ ክወጻሉ ኣይክእልን እዩ" ዝብል ልቢ እንተድኣ ኣለካ ኣይወጻልካን እዩ እቲ መንፈስ። "እዚ ትማሊ ዝመጸ ቆልዓ እንድዩ ከመይ ገይሩ ንሱ የውጽኦ፧ ኣነ ነዊሕ ዓመታት ዝገበርኩ እንድየ፣ ኣነ እየ ዘውጽኦ" ዝብል ልቢ፣ ምስ ልቢ ሓዉ ስለ ዘይተጋጠመ፣ ነቲ መንፈስ ብስም የሱስ ክርስቶስ ኣየውጽኦን እዩ።

ኣጋንንቲ ብናይ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ ስብእና፡ ብናይ ስሙ ስልጣን፡ ናይ ስሙ ዕብየት እዮም ዝወጹ። ኣጋንንቲ ብመንፈስ ኣምላኽ፣ ብኣጻብዕ ኣምላኽ እዮም ዝወጹ። እቲ ዘወጽኦም መንፈስ ናይ ስርዓት መንፈስ እዩ።
ጸጋ ክንዲ ዝሃለወ ይሃሉ ብዘየገድስ፣ ንሱ እናጸለየ ኸሎ ፈንጺግካ ምእታው ስርዓት ምፍራስ እዩ።

ዲቦራ- ምእታው ናይቲ ብደገ ኮይኑ ክዕዘብ ዝጸንሐ ሓው ናይ ግድን ዘድሊ እንተኾነ ኸ፧

መልሲ- ክሳዕ መወዳእታ ምስቲ ቀዳማይ ሒዝዎ ዝነበረ ምስኡ እናተሰማምዐ ኢዩ ክኸይድ ዘለዎ። ምእታው ዘድሊ እንተድኣ ኮይኑ ኸኣ እቲ ዘገልግል ዘሎ ሰብ ብፍቓዱ የሕልፎ። እንተድኣ ብፍቓዱ ኣሕሊፍዎ ይኣቱ። እንተዘይኮይኑ ግን ክሳብ መወዳእታ እናሰምዖ ምስኡ ክኸይድ እዩ ዘለዎ።

ንእኡ እታ ቦታ ተዋሂባቶ ኣላ፣ ንሱ ሒዝዎ ኣሎ፣ ይእዝዝ ኣሎ። ክኣቱ ደሊዩ ኣሎ፧ ንእኡ ፍቓድ ይሕተቶ። “እንተኣተኹ ከመይ ይመስለካ፧” ይበሎ። ሽዑ ንሱ ፈትዩ ከእትዎ እዩ። ኣብ ልቡ ኸኣ ቦታ ክረክብ ኢዩ። ተሓጋጊዝካ ዝዕየ ዕዮ ስለ ዝኾነ ደጋፊኡ ክኸውን እዩ። ኣልጊብካ ብምንዳቕካ ብድሕሪኡ ዝዕየ ዕዉት ዕዮ ድማ ክርእዮ ኢዩ።

ዲቦራ- ኣነ እናጸለኹ ሓደ ሓው ሓሳብ ክህበኒ ምስ ዝደሊ እንታይ እዩ ክገብር ዘለዎ፧

መልሲ- ሓሳብ ተዋሂብዎ ኣሎ፧ ጽቡቕ! ኣካልካ እዩ። ብኸመይ ሓሳብ ክህበካ ከም ዘለዎ ድማ ብቕኑዕ፡ ጽሩይን ጽዑይን ልቢ ክሓስብ ኣለዎ።

ናይ ኣምላኽ ውግእ ኢኻ ትዋጋእ ዘለኻ፡ ከምቲ ኣሮንን ሁርን ኣእዳው ሙሴ ዘደገፉ፡ ንሱ ድማ ንኣኻ መጺኡ ክድግፈካ እዩ ዘለዎ።
ሓሳብ ዝመጾ ሰብ፣ ሓሳብ (ምኽሪ) ብምሃብ ክድግፈካ ኣለዎ። ምኣስ ሓሳብ ይህበካ ግን ክፈልጥ ኣለዎ። ካብ መንፈስ ነቕኒቑ ኣውጺኡ ሓሳብ ክህበካ የብሉን። ትሕትና ብዝተመልአ ልኡም ቃላት፡ ግሉጽነትን ፍቕርን ብዘለዎ ቃላት ገይሩ ኣብ እዝንኻ ሕሹኽ ኢሉ ንሓሳቡ ክህበካ ኣለዎ።

ዲቦራ- ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ እዋን ብፍላይ ድማ ኣብ ግዜ ምንጋፍ፣ ኣብ ሓድሕድ ኣመንቲ ክህሉ ዘለዎ ልባዊ ሕብረት ከመይ ክኸውን ኣለዎ ትብል፧

መልሲ- “ነፍስወከፍ ንብጻዩ ካብኡ ኣብሊጹ ይርኣዮ” እዩ ዝብለና መጽሓፍ ቅዱስ። ንጸጋ ሓውኻ ብልብኻ ተነኣእሶ እንተድኣ ኼንካ፡ኣብቲ ልቢ ምክፍፋል ገይሩ ኣሎ ጸላኢ።
ወይ ውን፡ ሓደ ሒዙ እናኣዘዞ ኸሎ፡ እቲ ካልእ ብልቡ፡ “ከምዚኣ ኢሉ እኮ ክእዝዞ ኣይግብኦን እዩ።” እንተድኣ ኢሉ፣ ብልቡ ተመቓቒሉ ስለ ዘሎ፡ ንሓድሕዳ ዝተፈላለየት ቤት ከኣ ክትጸንዕ ስለ ዘይትኽእል፡ ዝጸንዕ ዕዮ የብልካን።

ልቢ ንልቢ ሕብረት ወይ ሓድነት ማለት ብሓደ ምእካብ ኣይኮነን። ብዙሕ ሰብ ብዝተፈላለየ ዕላማታት እኮ ይእከብ እዩ። ካብቲ ካልእ ኣኼባታት ነዚ ናትና ኣኼባ ዝፈልዮ፣ ናይ መንፈስ ቅዱስ ሕብረት ዘለዎ ስለ ዝኾነ እዩ። ሕብረትና ብመንፈስ ቅዱስ ዝሓበረ፣ ናይ ልቢ ሕብረት ዘለዎ ጉባኤ ብምዃኑ እዩ።

ምስጢር ዓወቶም ናይ ሃዋርያት ክነግረና፡ “ሃዋርያት ሓደ ልቢ፡ ሓደ ብርኪ.” ነበሩ ይብለና።



ስለዚ ብልቢ ተኸፋፊልካ ከለኻ ዝዕየ ሰማያዊ ዕዮ ከም ዘየለ ክንፈልጥ ኣሎና።

ሓሳብእንተለካንሓውኻትንክፍኣቢልካትዛረቦ። ንሱ እንተድኣ ሒዝዎ ኣሎ ንሱ እዩ ክሓቶ ዘለዎ እምበር፡ ንስኻ ኣብ ሞንጎ ኣቲኻ ኣይኮንካን ነቲ መንፈስ፡ ከምዝን ከምትን ክትብሎ ዘለካ።

ከምኡ ትገብር እንተድኣ ኼንካ፡ ኣብ ሞንጎኻ ስርዓትን ልባዊ ምግዛእን ስለ ዘይህሉ፡ ጸላኢ ነቲ ኣብ ሞንጎኻ ዘሎ ምሽርራፋት ርእዩ፣ ምስ መገላግልትኻ ዘለካ ዝምድና ብምውቃዕ ክዕወተልካ ይኽእል እዩ። ክወጽእ ይኽእል እንድዩ ግናኸ ኣብ ሞንጎኻ ገለ ነገር ገዲፉ ይኸይድ። ክውጭጭ ይኽእል እዩ፣ ንስኻ ግን ኣብ ህይወትካ ኣይረባሕካን። ወይ ውን ንሓውኻ ኣይረባሕካዮን። ንኻልእ ረቢሕካ ንነፍስኻ እንተጥፋእካ ኸ እንታይ ይተቅም፧

እምብኣርከስ፣ ነቲ ትጽልየሉ ዘለኻ ንክትረብሖ፡ ኣባኻን ኣብ መገላግልትኻን ድማ ረብሓ ዘለዎ ገለ ፍረ ምእንቲ ክተርፍ፣ ኣምላኽ ሰማይ ድማ ልዕሊ ኹሉ ባህ ክብሎን ክሕጎስን፡ ዕዉት ዝኾነ ዕዮ ምእንቲ ክኾነልካ፡ ብምሉእ ልብኻ ምስ ሓውኻ ሕበር።

ዲቦራ- ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን! ብሓቂ ብጣዕሚ ጽቡቕ ትምህርትን ምኽርን እዩ። እስከ ሕጂ ኸኣ ናብቲ ናይ ምጽላይ ዕድል ተዋሂብዎ ዘገልግል ዘሎ ሓው ነብል። እዚ ሓው እንታይ እንተገበረ እዩ ዕዉት ዝኾነ መንፈሳዊ ውግእ ተዋጊኡ ኣብቲ ዝናገፍ ዘሎ ሰብ ሓርነት ዘምጽእ፧

መልሲ- ካብተን ቅድመ ምድላዋት ናይ ሓደ ኣገልጋሊ ኢልና ዝርኣናየን ነጥብታት፣ እታ፡ “ንኣምላኽ እናሰማዕካ ንምዕያይ ኩሉ ግዜ ምስ ርእስኻ ተሰማማዕ።” ዝበልናያ ነጥቢ ኣብዚ እያ ተድሊ።

እቲ ኣብ ምንጋፍ ዝነጥፍ ኣገልጋሊ፣ ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ መገዱ፣ ብፍላይ ድማ ኣብዚ ናይ ምንጋፍ ዕዮ ክዓዩ ከሎ፣ መንፈሳዊ ዕዮ ይዓዩ ስለ ዘሎ፣ ምስቲ ኩሉ ዝፈልጥ ኣምላኽ ተሰማሚዑ፣ ንእኡ (ንመንፈስ ቅዱስ) እናሰምዐ ክዓዩ ኣለዎ። ንመንፈስ ቅዱስ ብምስምዑ፣ ብእዋናዊ ጥበብ ተመሪሑ ስለ ዝዋጋእ ዘሎ፣ ከምቲ ንእያሱን ንዳዊትን ነንእዋኑ ዝኸውን ጥበባት ሂቡ ዘዐወቶም፣ ንእኡ ውን ዘዐውቶ ጥበብ ክህቦ እዩ። ስለዚ እቲ ዝእዝዝ ዘሎ ሰብ ንመንፈስ ቅዱስ እናሰምዐን ግዜ እናሓለውን ይኣዝዝ።

ካልኣይ፣ እቲ ጋኒን ዝዛረቦ ዘሎ ቃላት ከም መበገሲ ናይ ቃላቱ ገይሩ ኣይቐጽል። ገለ ናይ ጸርፊ፡ ናይ ላግጺ፡ ትዕቢት ዝተመልአ ቃል ምዝራብ ፍጹም ከቋርጽ ኣለዎ። እቲ መንፈስ ተጻሪፉ ኢልካ ነቲ መንፈስ ኣፍካ ከፊትካ ክትጻረፎ ኣይግባኣን። እዚ ምስ ዝገብር ፈስካ እዩ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ዝንፍሖ። ማኖ ስለ ዝሕዝ ዘሎ፣ ሪጎለ እዩ ናብኡ ዝውቃዕ። ንሱ ዘይኮነ ጎል ዘእትወሉ እቲ ጋኔን እዩ ጎል ዘእትወሉ ዘሎ።

ምኽንያቱ ጸርፊ ናይቲ ጋኔን እዩ። “ብዘሎ ጸርፊ፡ ነድሪ፡ ታዕታዕ፡ ኩራ ምስ ኩሉ ኽፍኣት ካባኻትኩም ኣርሕቑ” ዝበለ ንመንፈስ ቅዱስ ስለዝጉህዮ እዩ። ኣብ ይሁዳ 1፡9 እንተርኢና ውን፣ ሰይጣን ብዛዕባ ስጋ ሙሴ እናተኸራኸሮ ከሎ፡ ሚካኤል፡ “እግዚኣብሄር ይግናሕካ ደኣ በሎ እምበር፣ ፍርዲ ጸርፊ ክዛረብ ኣይደፈረን።” እሞ እቲ ነቲ መንፈስ ዘውጽእ ውን ኣይድፈር።

ካልእ ነቲ ዘውጽእ ዘሎ መንፈስ ክዕበየሉ ወይ ብናይ ትዕቢት ቃላት ክዛረቦ ኣይግብኣን። ምኽንያቱ ንጸላኢ ብኣጽዋሩ ኣይትወግኦን ኢኻ። ደሓር ከኣ ብመንነት ናይ የሱስ ክርስቶስ እምበር ብመንነቱ ኣይኮንን ዘውጽኦ ዘሎ።

ኣብ መወዳእታ፣ ኣብ ማእከል ጉባኤ፣ ምስጢራት ናይቲ ዝናገፍ ዘሎ ሰብ ከቃልዕ፣ ነቲ ዘውጽኦ ዘሎ መንፈስ ኣይሕተቶ። ምኽንያቱ እቲ መንፈስ ዝህቦ ሓበሬታ፣ ሓሶት ይኹን ሓቂ ብዘየገድስ፣ ንዝምድና ናይቲ ዝናገፍ ዘሎ ሰብን ናይቲ ሕብረትን ብኣሉታ ክጸሉ ስለ ዝኽእል፣ ነቲ ዝናገፍ ዘሎ ሓው ናብ ዘየድሊ ተነጽሎ፣ ነቲ ሕብረት ውን ናብ ምክፍፋል ክመርሖ ይኽእል እዩ። ዘድልዮ ምስጢር ካብ መንፈስ ቅዱስ ይቀበል። ኣብ ርእሲ እዚ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ጸጽባሕ ሓድሽ ስለ ዝኾነ፣ ኩሉ ግዜ ንህልውንኡ ክጸምእ ኣለዎ።

-------------ይቕጽል------------

# ዓሃዱ - ኣጣንንኣ ሕብረት መንፈስ ቅዱስን

"ጸጋ ጎይታና የሱስ ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኩላትኩም ይኹን። ኣሜን!" 2 ቆሮ 13:13

## ስብእና(personality) መንፈስ ቅዱስ

መንፈስ ቅዱስ ስምዒት ኣይኮነን፡ ሓይሊ ኣይኮነን ወይ ውን ጽዓት ኣይኮነን። መንፈስ ቅዱስ ናይ ገዛእ ርእሱ ስብእና (personality) ዘለዎ ኣምላኽ እዩ። ኣምላኽ ባዕሉ እዩ። ስብእና ዘይብሉ ነገር ምስ ስብእና ዘለዎ ክሓብር ኣይክእልን እዩ። መንፈስ ቅዱስ ግና ስብእና ኣለዎ። ስለዚ ድማ እዩ "ሕብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኩላትኩም ይኹን።" ዝብለና (2 ቆሮ 13 ፡ 13)።




እቲ ምሳና ዘሎ መንፈስ ስብእና ከም ዘለዎ ብዕምቀት ኣይተረዳእናዮን። መንፈስ ቅዱስ ክግለጽ ከሎ ከም ዘንቀጥቕጥ፡ ከም ዘእዊ፡ ወይ ድማ ዘውድቕ ኢና እንፈልጥ።
እዚ መንፈስ ቅዱስን ኣብ ሞንጎና ምስ ተገለጸ ካብ ዝርኣ ምልክታት እምበር፣ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ ኣይኮነን። ንሱ ኣምላኽ እዩ። መንፈስ ቅዱስ እቲ ዝርኣ ምግላጽ (manifestation) ኣይኮነን። እቲ ንሰባት ዘውድቖም፡ ዘንቀጥቕጦም ዘሎ እቲ ካብኡ ዝፈስስ ነገር እዩ።

ሓደ ነገር ስብእና ኣለዎ ክትብል እንተኾንካ፣ ነዞም ሰለስተ ነገራት ዘጠቓለለ ክኸውን ኣለዎ። ንሳቶም ከኣ ስምዒት፡ ፍቓድን ኣእምሮን (ፍልጠትን) እዮም።
መንፈስ ቅዱስ ውን ስብእና ስለ ዘለዎ፣ ፍልጠት፡ ፍቓድን ስምዒትን ኣለዎ። ካብዚ ቀጺልና ድማ ነዚ ሰለስተ ነገራት ፈላሊና ክንርእዮ ኢና።

### ሀ. ፍልጠት (intelectual knowledge)

1ቆረ 2፡10 "እቲ መንፈስ ግና መዓሙቕ ኣምላኽ እኳ ኸይተረፈ ንኹሉ ይምርምር እዩ እሞ፣ ንኣና ኣምላኽ ብመንፈሱ ገይሩ ገለጸልና።" ይብል።
እቲ ኣባና ዘሎ መንፈስ ይፈልጥ ጥራይ ዘይኮነስ ይምርምር ውን እዩ። ፍልጠት መንፈስ ቅዱስ ኣዝዩ ዓምዩቕ እዩ። እቲ መንፈስ ኩሉ ግዜን ብዘይ ጌጋን መልእኽቲ ስለ ዘመሓላልፍ፣ ካብኡ ክንሰምዕ ንፈትን። እምበር ካብ ኣጋንንትን ሰይጣንን ሲ ሓቂ ኣይርከብን እዩ።

መንፈስ ቅዱስ ንኹሉ ነገር ይምርምር፡ ይፍትሽ ይገልጽን እዩ። ካብኡ ጥልቂ ዝኾነ ድምጽታት (ዝዓሞቐ ፍልጠታትን ምስጢራትን) ክንሰምዕ ንብሃግ።
ብዛዕባ እዚ ኣብ ናይ amplified bible "Yet to us God has unveiled and revealed them by and through His Spirit, for the [Holy] Spirit searches diligently, exploring and examining everything, even sounding the profound and bottomless things of God [the divine counsels and things hidden and beyond man's scrutiny]." ይብል።

ስለዚ ብመንፈስ ቅዱስ ተሓጊዝና ሓቂ ክትፈልጥ ንሰጉም እምበር፣ ንሓቕስ ካብ ኣቦ ሓሶት ኣይንድለያ።
ናይ መንፈስ ቅዱስ ፍልጠት ኣዚዩ ዓሚቕ እዩ። ኣእምሮ ክበጽሖ ኣይክእልን እዩ። እዚ ዓቕሚ ናይ መንፈስ ቅዱስ ፍልጠት ንኣና ዝተለቐቐ እዩ። ንሕና ኣብ መዓላ ከነውዕሎ እንተ ኼንና ግን ን ድምጺ መንፈስ ቅዱስ ብቐሊሉ ዝሰምዑ ሰባት ክንከውን ኣሎና።

ኣብ 1ቆረ 2፡11 "እቲ ኣብኡ ዘሎ መንፈስ እንተ ዘይኰይኑስ፡ ኣብ ሰብ ዘሎ ነገር ዚፈልጥከ እንታዋይ ሰብ እዩ፧ ከምኡ ውን መንፈስ ኣምላኽ እንተ ዘይኰይኑስ፡ ነቲ ኣብ ኣምላኽ ዘሎ ሓደ እኳ ዚፈልጦ የልቦን።" ኢሉ ኣሎ። ኣብ ኣምላኽ ዘሎ መዛግብ ምስጢራት ክንግንጽሎ እንተድኣ ደሊና፣ ምስቲ ገላጺ ምስጢራት ዝኾነ መንፈስ ንምሓዞ።
ምኽንያቱ ኣብ ኣምላኽ ይኹን ኣብ ሰብ ዘሎ ሓሳብ፡ ድሌት፡ ምኽሪ ዝፈልጥ መንፈስ ቅዱስ ጥራይ እዩ። እዚ ኩሉ ዝፈልጥ መንፈስ እዩ ተዋሂቡና ዘሎ። እዚ መንፈስ እዚ እዩ ኣባና ዘሎ። ናይ ኣምላኽን ናይ ሰብን ምስጢራት ንኽነለልዮን ከነስተውዕሎን ዝገልጸልና፣ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ምስኡ ግዜ ንውሰድ።

እዞም ሎሚ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ንርእዮም ዘሎና ዓበይቲ ናይ ኣምላኽ ሰባት፣ ፍሉይ መንፈስ ዝፈሰሶም ከይመስለኩም። ሓደ መንፈስ እዩ ተዋሂቡና።

"እሞኸድኣ እዞም ሰባት ብኸመይ ኣብዚ ደረጃ በጺሖም፧" እንተዳኣ ኢልና፣ ምስጢር ዓወት ናይዞም ሰባት፣ ምስ መንፈስ ቅዱስ ተተሓሒዝካ ምኻድ እዩ። ነቲ መንፈስ ክፈልጥዎ ደልዮም፣ ግዜ ሂቦሞ፣ ኣብዚ ደረጃ ኸኣ በጺሖም።

ምስ መንፈስ ቅዱስ እንተድኣ ተተሓሒዝና ብኣእምሮ ክንርድኦ ዘይንኽእል ምኽሪ (ምስጢራት)፣ ብምርዳእ መንፈስ ቅዱስ ክግለጸልና እዩ። ብኣእምሮ ክንምርምሮ ዘይንክእል ነገራት ብምርዳእ መንፈስ ቅዱስ ከነስተውዕሎ ኢና።
ንመንፈስ ቅዱስ ንፍለጦ! ቀሊል እዩ ምኽንያቱ ንሱ ከም ቃሉ እዩ። "ክምህረኩም፡ ክመርሓኩም፡ ዘረሳዕኩሞ ከዘክረኩም እዩ።" እዩ ዝብል።

ኣብ ነህ 9:20 ውን፡ “ዜስተምህሮም ድማ ጽቡቕ መንፈስካ ሃብካዮም። ማናኻ ኸኣ ካብ ኣፎም ኣየጉደልካን፡ንጽምኣቶም ድማ ማይ ሃብካዮም።” ዝብል፣ ነዚ ሐዝናዮ ዘሎና ሓሳብ ዘራጉድ ቃል ኣሎ።
ኩሉ ዘይፈልጥ ኩሉ ከስተምህር ኣይክእልን እዩ። እቲ ኩሉ ዝፈልጥ መንፈስ ቅዱስ ጥራይ እዩ ኩሉ ዘስተምህር እሞ ምስኡ ግዜ ውሰድ።

ካብ ኣፎም ማና ኣየጉደልካን እንተዳኣ ኢሉ፣ ማና እንታይ እዩ ኢልና ምሕታት ከድልየና እዩ። ማና ሬማ ቓል እዩ። ማና ኣብ እዋኑ ዝብላዕ እንተሓደረ ዝበላሾ መግቢ እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ እግዚኣብሄር ኣብ ጸጽባሕ ሓድሽ ማና ዝህብ።

እግዚኣብሄር ንኣመንቲ ብንስሪ እዩ ዝምስለና። ብዛዕባ ንስሪ እንተድኣ ኣስተውዒልና ኾይንና ህያው ነገር ተዘይኮይኑ ዝሞተ ነገር ኣይበልዕን እዩ። ዝሞተ ነገር እናጻሕተረት ትበልዕ ደርሆ እያ። (ገሌና) ህያው ዘይኮነ ነገር ስለ ንምገብ ድማ ኢና ናይ ደርሆ ህይወት ንነብር ዘለና።
ሓደ ኣገልጋሊ ብስጋ እንተድኣ መጺኡ ልሙድ ነገር ኢኻ ሰሚዕካ ክትመጽእ። እቲ ኣገልጋሊ ብመንፈስ ተመሊኡ እንተድኣ መጺኡ ግን፣ ኩሉ ግዜ ሓድሽ ነገር ሓድሽ ነገር ኣሎ።

ካብ መንፈስ እምበር ካብ ስጋ ሓድሽ ነገር የለን። ካብ መንፈስ እዩ ህያው ነገር ዝርከብ። መንፈስ ቅዱስ ከስተምህር ከሎ እዩ ቃል ህይወት ዝልቀቕ። ህያው ነገር ክንምገብ እንተድኣ ኾይንና መንፈስ ቅዱስ ኣብ ማእከልና ቦታ ክረክብ ኣለዎ። ስለዚ ምስ መንፈስ ቅዱስ ዘለና ሕብረት ነዕብዮ።

ዮሃ 14:26 “እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሱ ኹሉ ኺምህረኩም፡ ዝነገርኩኹም ዘበለ'ውን ኬዘክረኩም እዩ።” ከም ዝበሎ፣ ካብ መንፈስ ቅዱስ እምበር ካብ ኩነታትና ኣይንምሃርን ኢና። ውድቀትና ኣይንምሃርን ኢና። ካብ ሰባት ውን ኣይንምሃርን ኢና። ካብ ኣጋንንቲ እንተኾነ ውን ኣይንምሃርን ኢና። ንሕና ካብ መንፈስ ቅዱስ ጥራይ ኢና ንመሃር።

መከራ ይሕምሽሽ እምበር ኣይምህርን እዩ። ኩነታት፡ ሰባት፡ ሕማም፡ ሽግር ኣይምህሩናን እዮም። “መንፈስ ቅዱስ ክምህረኩም እዩ።” ዝብል እዩ ተጻሒፉልና ዘሎ።

ኣብቲ ንሓልፎ ኩነታት መንፈስ ቅዱስ እንተተገሊጹ ኢና ንመሃር። መከራ ግን ኣይምህረናን እዩ። ኣብቶም ሰባት መንፈስ ቅዱስ እንተድኣ ኣሎ እዮም ሰባት ክምህሩና ዝኽእሉ። ተዘይኮይኑ ሰባት ክምህሩና ኣይክእሉን እዮም። መንፈስ ቅዱስ ስብእና ስለ ዘለዎ እዩ ዘጸናንዕን ዝምህርን ዘዘክርን። እቲ መንፈስ ስብእና ከም ዘለዎ ፍልጠት ከም ዘለዎ ክምህር ከም ዝኽእል እንተዘይፈሊጥና ግን ክምህረና ኣይክንዕድሞን ኢና።

መንፈስ ቅዱስ ንየሱስ ተኪኡ፣ ኣብ ቦታ የሱስ ኮይኑ እዩ ዝዓዩ። እቲ መንፈስ ንየሱስ እዩ ዝውክል።
ስለዚ ድማ ኣብ ዮሃ 16:13 “እቲ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ዝሰምዖ ዘበለ እዩ ዚዛረብ እምበር፡ ካብ ርእሱ ኣይዛረብን እዩ እሞ፡ ንሱ ነቲ ዚመጽእ ኬፍልጠኩም፡ ናብ ኵሉ ሓቂ'ውን ኪመርሓኩም እዩ።” ይብለና።

መንፈስ ቅዱስ ብዛዕባ የሱስ እዩ ዝምስክር። “እቲ ኣነ ኻብ ኣቦ ዝሰደልኩም መጸናንዒ፡ ካብ ኣቦ ዚወጽእ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ኺምስክረለይ እዩ።” ዮሃ15:26

ኣብዚ ክንፈልጦ ዘለና መንፈስ ቅዱስ ንየሱስ ወኪሉ እዩ ዝሰርሕ፣ ቤተክርስትያን ከኣ ንመንፈስ ቅዱስ ወኪላ እያ እትዓዩ። ቤተክርስትያን ንመንፈስ ቅዱስ ርእሳ እንተዘይሂባ ግን ክትዓዩ ኣይትኽእልን እያ።
ስለዚ ድማ እዩ ኣብ ራእይ፡ “እዝኒ ዘለዎ መንፈስ ነተን ማሕበራት ዝብለን ዘሎ ይስማዕ።” ዝተጻሕፈ።
መንፈስ ቅዱስ (ስብእና ስለ ዘለዎ) ክምህረና ከሎ፣ ኣብ ህይወትና 6 ነገራት ይግለጹ።

## 1. ጥበብን ምግላጽን ይከቅቕ

መንፈስ ቅዱስ ክምህረና እንተድኣ ጀሚሩ ኣብ ህይወትና ጥበብን ምግላጽን ክርአ እዩ ዝጅምር። ከም ውጽኢቱ ድማ ሰማያዊ ምስጢራት ክንርኢ፡ ክንሰምዕ፡ ክነስተውዕል፣ ምስኡ ሓቢርና ድማ ክንዓዪ ይሕግዘና።

“ግናኸ ንነፍሲ ወከፍ ምግላጽ መንፈስ ንጥቕሚ ይውሃቦ እዩ።” 1 ቈረ 12:7
እቲ ጥቕሚ ዝበሃል ዘሎ መጀመርታ ንዓና ድሒሩ ኸኣ ንኻልኦት ርትዒ ዘምጽእ እዩ።

## 2. መንፈሳዊ ነገር ክነመዛዝን የኽእለና

መንፈስ ቅዱስ እንተድኣ ክምህረና ጀሚሩ፣ መንፈሳዊ ነገር ክነመዛዝን ንኽእል።

1ቈረ 2:13 “ንሕና ኸኣ መንፈሳዊ ነገር ምስ መንፈሳዊ እናኣሰማማዕና፡ መንፈስ ቅዱስ ብዚምህረሉ ቓል እምበር፡ ጥበብ ሰብ ብዚምህረሉ ቓል ኣይኰንናን እንዛረብ ዘሎና።”

መቸስ ንመንፈሳዊ ነገር ብስጋዊ ነገራት ኣይንሕዞን ኢና። ብኣእምሮና ውን ከምዚ ማለት ከምዚ እዩ፣ ከምዚ እንተኾይኑ ኸኣ ከምዚ ንገብር ንብሎ ኣይኮነን።

እዚ ኸኣ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ፡ “ዓይኑ ከም እትርእዮ ኣይኪፈርድን፣ እዝኑ ከም እትሰምዖ ኸኣ ኣይክብይንን እዩ።” ከም ዝተባህለ እዩ (ኢሳ11:3)።
ከመይሲ የሱስ ክርስቶስ መንፈሳዊ ነገር ሒዙ ይመጽእ ስለ ዝነበረ፣ መንፈሳዊ ነገር ምስ መንፈሳዊ ነገር እናሰማምዐ እዩ ክኸይድ ነይርዎ።
ስለዚ ድማ እዩ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝብሎ እምበር ዓይኑ ከም እትርእዮ ዘይፈርድ፣ እዝኑ ከም እትሰምዖ ኸኣ ዘይብይን።

እቲ ኣብ የሱስ ዝነበረ መንፈስ ኣባና ስለ ዘሎ ውን መንፈስ ቅዱስ ከም ዝብለና እምበር ሓሙሽተ ህዋሳትና ከም ዝብሉና ክንውስን የብልናን።

## 3. ምስትውዓል ይህበና

መንፈስ ቅዱስ ክምህረና እንተጀሚሩ መስተውዓልቲ ኢና ንኸውን።

ኢሰ11:2-3 “ኣብ ልዕሊኡ ድማ መንፈስ እግዚኣብሄር፡ መንፈስ ጥበብን ኣእምሮን መንፈስ ምኽርን ሓይልን፡ መንፈስ ፍልጠት እግዚኣብሄርን ፍርሃቱን ኪዓርፍ እዩ። ታሕጓሱ ኣብ ፍርሃት እግዚኣብሄር እዩ። ዓይኑ ኸም እትርእዮ ኣይኪፈርድን፡ እዝኑ ኸም እትሰምዖ ኸኣ ኣይኪብይንን እዩ።”

ምስትውዓል እንተድኣ ኣለና ኢና ምኽሪ ኣምላኽ ክንፍጽም ዕላማ ኣምላኽ ከኣ ክንወቅዕ እንኽእል።

## 4. ዝተሓብኡ ምስጢራት ይግለጽ

ምስ መንፈስ ቅዱስ ጥቡቕ ርክብ እንተድኣ ኣማዕቢልና፡ ዝተፈላለየ ዝትሓብአ ምስጢራት እዩ ዝግለጸልና።
ግሃ5:3 “ጴጥሮስ ከኣ፡ በል ሃናንያ፡ ንመንፈስ ቅዱስ ክትሕሱ ኻብ ዋጋ እቲ ምድሪ ኸኣ መቚልካ ኽትሐብእሲ፡ ስለምንታይ ሰይጣን ንልብኻ መልአ፧”

ሉቃ 2:26 “ነቲ ቕቡእ እግዚኣብሄር ከይረአየ፡ ሞት ከም ዘይርኢ ድማ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተገሊጽሉ ነበረ።”

## 5. ዝተረስዑ ነገራት ትምህርታት የዘኻኽረና

ዮሃ 14:26 “እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሱ ኹሉ ኺምህረኩም፡ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘክረኩም እዩ።”

## 6. ናትና ገዲፍና ናቱ ክንገብር ይመርሓና

ግሃ 16:6-7 “ኣብ እስያ ነቲ ቓል ከይነግሩ፡ መንፈስ ቅዱስ ምስ ከልከሎም፡ ብሃገር ፍርግያን ገላትያን ሓለፉ። ኣብ ሚስያ ምስ በጽሑ፡ ናብ ቢታንያ ኪኸዱ ፈተኑ፡ መንፈስ የሱስ ግና ኣይፈቐደሎምን።”

መንፈስ ቅዱስ ናትና ውጥን፡ ናትና ምኽሪ ገዲፍካና ናብ ናቱ ክንኣቱ ይደልየና (ራእ16:6-10)። ወይ ውን ከም ኣድላይነቱ ከም ጴጥሮስ ስራሕና፡ ሞያና ሓዲግና ከነገልግሎ ክጽውዓና ይኽእል እዩ።

- - - - ይቕጽል - - - -




# ኣገልግሎት ወንጌላዊ ራይናርድ ቦንኪ



ራይናርድ ቦንኪ ብምያዝያ 19, 1940 እዩ ኣብ ምብራቕ ፐርሽያ (ጀርመን) ተወሊዱ።

ኣቦ ቦንኪ፣ ኣብ ሓደ እዋን ንሃገሩ ብውትህድርና ዘገልግል ዝነበረ ኮይኑ፣ ድሓር ግን ናይ ቤተክርስትያን መጋቢ ብምዃን ዘገልገለ እዩ።

ቦንኪ፣ ብግዜ ቁልዕነቱ እንከሎ፣ ኣዲኡ ካብ ሓጢኣት ክርሕቕ ትመኽሮ ስለ ዝነበረት፣ ብጽቡቕ ኣተዓባብያ ተመልሚሉ ዝዓበየ ሰብ እዩ።
ቦንኪ፣ ጀርመናውን ኣባል ናይ ፔንተኮስታል ኣመንቲ ወንጌላውያን ክኸውን እንከሎ፡ ብሓፍሽኡ ኣብ ኩላ ዓለም ዘገልግል፣ ፍሉይ ኣተኩሮ ኣብ ኣፍሪቃ ገይሩ ዘገልግል ወንጌላዊ እዩ።

ራይናርድ ቦንኪ፣ ኣገልግሎት ካብ ዝጅምር ኣርባዕተ ዓሰርተ ዓመታት ኣሕሊፉ ኣሎ። ራይናርድ ቦንኪ፣ ገና ወዲ ትሽዓተ ዓመት እንከሎ እዩ ህይወቱ ንጎይታ ዝሃበ። ገና ዓሰርተታት ዓመታት ከይገበረ ኸሎ፡ ጎይታ ከም ምስዮናዊ ኣብ ኣፍሪቃ ከገልግል ከም ዝጸውዖ ይዛረብ።

ህይወት ናይ ሓደ ሃውልስ ዝተበሃለ፣ ናይ ሓደ ነገራዊ ቤት ትምህርቲ ሞለኮት ዳይሬክተር፣ ንኣገልግሎት ክነቓቓሕ ከም ዝገበሮ ይምስክር። እዚ ዝኾነ ቦንኪ፣ ናብ ዌልስ ብምኻድ ኣብታ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኮሌጅ ትምህርቱ ይኽታተል ኣብ ዝነበረሉ እዋን እዩ።
ራይናርድ ቦንኪ፣ ኣብ ሓደ መንፈሳዊ ኣኼባ ጸሎት ክጽሊ ዕድል ምስ ተዋህቦ፡ “ኦ ጎይታ! ናይ እምነት ሰብ ክትገብረኒ እደሊ ኣለኹ። ዘድልየኒ ነገራት ብየናይ መገዲ ከም ትቕርበለይ ውን ክፈልጥ እደሊ ኣለኹ።” ኢሉ ጸልዩ ነይሩ።

ኣብ ዌልስ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትምህርቲ ድሕሪ ምምሃሩ፡ ኣብ ቤተክርስትያኑ ከም መጋቢ ኮይኑ ን ሸውዓተ ዓመታት ኣገልጊሉ።

ብድሕሪኡ ብ1967 ዓም ኣብ ኣፍሪቃ ናይ ሚስዮናዊ ኣገልግሎት ዝጀመረ ክኸውን ከሎ፣ ናይ መጀመርታ ኣገልግሎቱ ከኣ ኣብ ለሴቶ እዩ ነይሩ።

ራይናርድ ቦንኪ፣ ኣብ ጎሮቤት ሃገር ኢትዮጵያ ሓዊስካ፣ ኣብ ውሽጢ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብተኸታታሊ ወንጌል ናይ ምዝርጋሕ ጥፈታት ኣካይዱ እዩ።

ግናኸ፣ ንሱ ዝመስረቶ ማሕበር ክርስቶስ ንኹለን ሃገራት (Christ for all nations) ኣብ ሰነዳቱ ከም ዝጸብጾቦ፣ ኣብ መጀመርታ ኣብ ኣፍሪቃ ዝገብሮ ዝነበረ ወንጌላዊ ንጥፈታት ውጽኢታዊ ኣይነበረን። ካብኡ ዝተላዕለ ተስፋ ናይ ምቝራጽ ስምዒታት የርኢ ነይሩ።

ኮይኑ ግን ብዛዕባ እቲ ንተስፍኡ ኣለምሊሙ ኣገልግሎቱ ዘቐጸለ ክስተት ክምስክር ባዕሉ ራይናርድ ቦንኪ፡ “ኣብ ሌሴቶ፣ ኣብ ሓንቲ ኩጆት የገልግል ኣብ ዝነበርኩሉ ግዜ፡ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብደም የሱስ ክርስቶስ ክትሕጸብ ከም ዘለዋ፣ እዚ ማለት ካብ ኬፕ ታውን ክሳብ ካይሮ፡ ካብ ዳካር ክሳብ ጅቡቲ፡ መላእ ኣፍሪቃ ብወንጌል ክትብጻሕ ከም ዘለዋ፣ እግዚኣብሄር ኣብ ልበይ ኣሕዲርዎ።” ይብል።

ራይናርድ ቦንኪ ወንጌል ንምዝርጋሕ ክጥቀመሉ ኣለኒ ዝበሎ መገዲ፡ ሓደ ንሓደ ናይ ምምስካር ንጥፈት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፣ ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለዎ፣ ኣብ ሓደ ግዜ ብዙሓት ሰባት ዝበጽሑሉ ናይ ወንጌል ኣገልግሎት ክህሉ ኣለዎ፣ ኢሉ እዩ ዝኣምን ዝነበረ።
ካብዚ ሓሳብ ተላዒሉ፣ ወንጌል ምስባኽ ኣብ 800 ሰባት ብዝሕዝ ድንኳን እኳ እንተጀመረ፣ ካብ ዝሓሰቦ ወጻኢ ኮይንዎ፣ ክሳብ 1984 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ፣ 34 ሽሕ ሰባት ክሕዝ ዝኽእል ዱንኳናት ክጥቀም ጀሚሩ።

ብድሕሪኡ ኣብ ዝቐጸለ ግዜ ድማ፣ ኣገልግሎቱ ኣብ ሓደ እዋን፡ ኣብ ሓደ ሜዳ ክሳብ 150 ሽሕ ሰባት ናብ ምግልጋል ደረጃ ዝዓበየ ክኸውን ከሎ፣ ኣብዚ ከይትሓጽረ ኣገልግሎቱ ኣዝዩ ስለ ዝዓበየ፣ ኣብ ዓበይቲ ናይ ኣፍሪቃ ከተማታት እናተዘዋወረ፣ ክሳብ1.6 ሚልዮን ዝበጽሑ ሰባት ኣብ ሓደ እዋን፣ ኣብ ሰፋሕቲ ሜዳታት እናገልገለ ይርከብ።

ንኣገልጉሎቱ ዝጥቀመሉም መጉልሒ ድምጽታት፣ ክንየ ብዙሕ ኪሎሜተራት ንዘለዉ ሰባት፣ ይፍተዉ ይጽልኡ ብዘየገድስ፣ ክርስቶስ ከም ዘድሕን ከም ዝሰምዑ ዝገብር እዩ።
ራይናርድ ቦንኪ ዝመርሖ ማሕበር፣ Christ for all nations ዝብል ኮይኑ፡ ካብ ዝምስረት ልዕሊ 45 ዓመታት ገይሩ ኣሎ።

እዚ ግዙፍ መንፈሳዊ ትካል፣ ቤትጽሕፈቱ ካብ ጀርመን ሓሊፉ ኣብ ኣሜሪካ፡ ካናዳ፡ ቸክ ሪፓብሊክ፡ ዩናይትድ ኪንግደም፡ ናይጀርያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣውስትራልያን ኣብ ሆንግ ኮንግን ገይሩ ኣሎ።

ካብ 1987 ጀሚሩ ዝተታሕዘ ሰነዳት Christ for all nations፣ ካብ 77 ሚልዮን ሰባት ንላዕሊ፣ ንጎይታ የሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ግሊ መድሓኒኦም ገይሮም ክቕበልዎ ከም ዝወሰኑ ይገልጽ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፣ ብምልእኣኽ ብትምህርቲ ደቀ መዝሙር ዝሰልጠኑን ዝስልጥኑ ዘለዉን ድምር ቁጽሪ ሰባት 185 ሚልዮን ዝበጽሕ ክኸውን ከሎ፡ እዚ ስልጠና ድማ ኣብ 55 ሃገራት ብ103 ቋንቋታት ይቕጽል ኣሎ።

ነዞም ኣብ ዙርያ ዓለም ዝርከቡ ተምሃሮ፣ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ መንፈሳዊ መጽሓፍቲ ብነጻ ክዕደል እንከሎ፣ ብተወሳኺ ውን ድሕሪ 2000 ዓ.ም ኣብ ዘሎ ግዜ 55 ሚልዮን ሰባት ንጎይታ የሱስ ከም ናይ ግሊ መድሓኒኦም ገይሮም ከም ዝተቐበልዎ ሰነዳት Christ for all nations ይገልጽ።

ናይ ራይናርድ ቦንኪ ዝዓበየ ጻዕሪ፣ ሰባት ብናይ መንፈስ ቅዱስ ሓዊ ተነቓቒሖም ናይ ክርስቶስ ወንጌል ክምስክሩ ንምልዕዓል እዩ።

ስለዚ ድማ እዩ፡ "እግዚኣብሄር ንመንፈሳዊ ህይወትና ዝሃቦ ውህበት ኣባና ክንሓጽሮ ዘይኮነስ፣ እቲ ዝጥዓምናዮ ህይወት ንኻልኦት ምእንቲ ከነካፍል እዩ።" ዝብል።

ናይ ቦንኪ ዝዓበየ ኣተኩሮ፣ ሰባት ብመድሓኒኦም ክርስቶስ የሱስ ኣሚኖም ክድሕኑ እዩ። በቲ ኣብ መላእ ዓለም ዝፍለጠሉ fire conference ዝተብሃለ ፕሮግራም ገይሩ ድማ፣ ነዚ ፕሮግራም ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃን ኣብ ካልኦት ክፍለ ዓለማትን ኣተግቢርዎ እዩ።

ናይዚ መደብ (ካልኣይ) ቀንዲ ዕላማ ድማ ኣገልገልቲ ኣብ መንፈሳዊ ህይወቶም ዝተነቓቕሑን፡ ንዝርግሐ ወንጌል ዝተዓጠቑን ንምግባር እዩ።

በዚ መደብ ድማ ካብ 95 ሚልዮንን 500 ሽሕን ንላዕሊ ዝኾኑ ክርስቶስ መድሓኒ ምዃኑ ዝገልጹ፣ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝወጹ ቅዳሓት ተሓቲሞም ከም ዝዝርግሑ ተገይሩ ኣሎ።

(ከም ሳልሳይ ቐንዲ ዕላማ ኸኣ)፣ ቦንኪን መንፈሳዊ ትካላቱን ዝተፈላለየ ኣገባባት ብምጥቃም፣ ነቶም ካብ ወንጌል ሓቂ ዝጠፍኡ ሰባት ንምድሓን (ንምምላስ)፣ ክኽፈል ዘለዎ ኩሉ ዋጋ ይኸፍሉ።

ካልእ ውን በታ " ናይ ሓዊ ነበልባል" ትብል ንሽሞንተ ክፋላት ዝሓዘት ተኸታታሊት መንፈሳዊት ፊልሙ፣ ኣገልገልቲ ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ፣ ናይ ወንጌል ዝርግሐ ክገብሩ ዘበራትዕ እዩ።

ብተወሳኺ ውን ቦንኪ፣ school of fire ኣብ ትሕቲ ዝብል መደብ ብ ናይ ኢንተርነት ቀጥታ መስመር፣ ኣብ ወንጌላውያን ዘተኮረ ተኸታታሊ ትምህርቲ ይህብ ኣሎ። ኣብዚ ተኸታታሊ ትምህርቲ ዝሳተፉ ተምሃሮ፣ ካብ ሰርቲፊኬት ክሳብ ዲግሪ ዝበጽሕ ምስክርነት ወረቐት ይውሃቡ።

ጎድኒ ጎድኑ እዚ ስልጠና ዝኸደ፡ ናይ ራይናርድ ቦንኪ መንፈሳዊ ጻውዒት ዝሰፈሮም minus 2 plus ዝተባህለ፣ ወንጌል ንዘይበጽሖም ሰባት፡ ወንጌል ንምዝርጋሕ፡ ናብ ገዛውቲ ዝቐንዐ ናይ ወንጌል ዝርግሐ ንጥፈታት ኣሎ።

ዛጊት ክሳብ ሕጂ ብዘሎ ጸብጻብ ድማ፣ ልዕሊ 95 ሚልዮን ዝበጽሕ ሕታማት፣ ኣብ ዙርያ ዓለም ኣብ ዝርከብ ወንጌል ዘይበጽሖ ገዛውቲ ወንጌል ንምብጻሕ ተዘርጊሑ ኣሎ።

ራይናርድ ቦንኪ ኣፍሪቃ ብወንጌል ንምብጻሕ ራእይ ዝተቐበለ፣ ኣብ ኣፍሪቃ ከምኡ ውን ኣብ መላእ ዓለም ዓቢ ናይ ወንጌል ምዝርጋሕ ኣገልግሎት ዝገበረን ዝገብር ዘሎን፣ እሙን ወንጌላዊ እዩ።

ራይናርድ ቦንኪ ወንጌል ናብ ብዙሓት ሰባት ካብ ምብጻሕ ዝሓለፈ፣ ተቐጺሩ ዘይውዳእ ኣዝዩ ብዙሕ ናይ ፈውስን ትኣምራታትን ክገብር እግዚኣብሄር ዝተጠቐመሉ ወንጌላዊ እዩ።

ኣብዚ ናይ ወንጌላዊ ኣገልግሎቱ፣ ኣዒንቲ ዓይነ ስዉራን ክበርሁ፡ ዓባሳት ክዛረቡ፡ ጽሙማን ክሰምዑ ክኢሎም። ከምኡ ውን ብርክት ዝበሉ ደውያን ተፈዊሶም እዮም።

እዚ ናይ ፈውሲ ውህበቱ ብብዙሓት ዝተፈወሱ ሰባት ምርግጋጽ ተኻኢሉ እዩ።
ብኣገልግሎት ናይ ሓደ ብዓል ራእይ፣ ከምዚ ዝዓይነቱ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ክትርኢ ዘገርም ኮይኑ፣ ሚልዮናት ብወንጌል ምብጻሕ ኣዝዩ ኸኣ ዘገርም እዩ።

ናይ ሬናርድ ቦንኪ፣ ካብኡ ሓሊፉ ንብዙሓት ኣገልገልቲ ኣብ ጎድኑ ብዘሰለፈ ሕልፍ ዝበለ ምውህሃድ፣ ኣብ ዙርያ ዓለም ዓበይቲ ናይ ሕበረት ኣገልግሎታት ብምግልጋል፣ ንብዙሓት ካብ ኣፍ ሲኦል መንጢሉ ብምውጻእ፣ ንመንግስቲ ሰይጣን ዘናወጸ ናይ እግዚኣብሄር ባርያ እዩ።

ከም ራይናርድ ቦንኪ ኣብ ዝኣመሰሉ ኣገልገልቲ፣
ካብ ኩሉ ንላዕሊ ኸኣ ኣብዞም ሰባት ዝርኣኽዎ ኣገራሚ ነገር እንተሎ፡ መንፈሳዊ ሙቐቶም ሓልዮም ዕላምኦም ምስኽያም፡ ዝፈጥርዎ ተጽዕኖ ንፍርቂ ሚእቲ ዓመት ዝኣክል ጽልውኡ ከይጎደለ ምቕጻሉ እዩ።

ሎሚ ውን ተሰማዕነቶም ከይጎደለ፣ ሓደስቲ ነፍሳት ብናይ መንፈስ ቅዱስ ሓይሊ እናማረኹ፣ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ከምጽኡ ምርኣይ፣ ኣዝዩ ዘገርም ነገር እዩ።

እቶም ዝምስርትዎም ትካላት ድማ ግሉጽነትን ተሓታትነትን ዝሰፈኖም፡ ጽኑዕ ብዝኾነ ሰረት ዝተመስረቱ ብምዃኖም፡ ንብዙሕ ዓመታት ዝቐጸለ ስርሖም፡ ሎሚ ካልኦት ሰባት ተቐቢሎሞ የካይድዎ ኣለዉ።
በቲ ብዙሕ ህዝቢ (ወለዶታት ኣርሒቐካ) ናይ ምርኣይ ተውህብኦም፣ እቲ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ዝርኣይዎ ራእይ፣ ሎሚ ኣብ ነገራዊ ዓለም ክውን ኮይኑ ኣገልግሎት ምሃቡ ዝድነቕ እዩ።

ኣብዚ ክነስተውዕሎ ዘሎና፣ እዞም ሰብ ራእይ፣ ብናይ ብዙሓት ሰባት ገንዘብ፡ ፍልጠት፡ ዝተፈላለየ ጸጋታት ተጠቒሞም ብሕብረት ዝሰርሕዎ ስራሕ እምበር፣ ብብሕቶም ዝሰርሕዎ ስራሕ ኣይኮነን።

ነገር ግን ነዞም ሰብ ራእይ ምንም እኳ ብሰሪ ኣገልግሎቶም ፍልይ ዝበለ ብድሆታት (ተጻብኦታት) ከም ዝገጥሞም ዘይክሓድ እንተኾነ፡ ኣብዚ ኹሉ ዕዮ ምቕብባል እንተዘይነብር ነይሩ፣ እዚ ኣገራሚ ስራሕ ንምስራሕ ኣይምኸኣሉን ነይሮም።

ኣብ ዓለምና ተጽዕኖ ናይ ዝፈጠሩ ከም ራይናርድ ቦንኪ ዝኣመሰሉ ሰባት ውልቃዊ ታሪክ ብመጠን ዘንበብኩ፡ "መኣስ ኢና ኸ ንሕና ናይዚ ሃገር ኣገልገልቲ፡ ከምዚ ዓለማዊ ኣተሓሳስባ ንሕዝ፧

"መኣስ ኢና'ኸ ብምቕብባል ንመንግስቲ እግዚኣብሄር ንምስፋሕ፣ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ንምብርካት ርእስና ንህብ፧ መኣስ እዮም ኣገልገልቲ ምስ ሰብ ራእይ ተሰማሚዖም፡ ብናይ ሓድነት ዕላማ ምስራሕ ዝጅምሩ፧

"መኣስ ኢና'ኸ እቲ ዓቢ ሽቶና ርኢና፡ ምክሳስን ምብልላዕን ደው ኣቢልና፡ ድኻምና ተሸፋፊንና፣ ብዘይ ምቁራጽ በዚ ናይ ፍቕሪ፡ ሰላም፡ ምቕብባል ማእሰር ንዝቕጽል ዓመታት ወንጌል ናብ ፍጥረት ነብጽሖ፧

"መኣስ እዮም ከ ሰብ ራእይ መንፈሳዊ ስልጣን ኣኽቢሮም፡ ብናይ ጎይትነት መንፈስ ዘይኮነስ ብናይ ባርነት መንፈስ ኣገልግሎት ዝህቡ፧

"ካልኦት ከ ምኣስ ኢና፣ ብዓል ጴጥሮስ ንጳውሎስን የማናይ ኢዶም ከም ዝሃብዎም፡ ብሰብ ራእይ፡ "ኣጆኻ! በርትዕ!" ኢልና የማናይ ኢድና እንህቦም፧

"ወንጌል ክበጽሖም ዝግባእ ሰባት፣ ናብ ሲኦል ክኸዱ ምኽንያት ንኸውን ከም ዘለና ና ነስተውዕል ዶ ንህሉ፧" እየ ዝብል።

ናብ ውልቃዊ ማህደር ራይናርድ ቦንኪ ምስ እንምለስ፣ ወንጌላዊ ራይናርድ ቦንኪ፣ ንኣቢ እትብሃል ሰበይቲ ተመርዕዮም ዝወለድዎም 3 ደቅን 8 ደቂ ደቅን ዘለዎም ኣቦ ሓጎ እዮም።
ምንጪ - Evangelical T. M

# ዓምዲ - ሐዲሽ ተኽሊ



"ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሐዲግና፥ ብንስሓ ኻብ ምዉት ግብሪ፥ ብእምነት ብኣምላኽ፥ ብትምህርቲ ጥምቀት፥ ብምንባር ኣእዳው፥ ብትንሳኤ ምዉታት፥ ብናይ ዘለኣለም ፍርዲውን ከም ብሓድሽ መሰረት ኣይንሰርት እሞ ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ። " እብ 6 ፡ 2

# ናብ ፍጸሚ ንሕለፍ





ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት እዛ መጽሔት፣ ብዛዕባ መሰረታዊ ትምህርቲ ክርስትና ጎይታ ከም ዝረድኣና መጠን ርኢና ኔርና። ከምቲ ቤት ድሕሪ መሰረት ምስራት ናብቲ ዝተደልየ ምዝዛም ቅርጺ እትቐጽል፣ ከምኡ ድማ ሂወትና ኣብቲ ግቡእ መሰረት ክርስትና ምስ ተሰረተት፣ ናብቲ ቅድሚ ምስራት ዓለም ዝተዳለወላ ኣምላኽ ኪንበጽሖ ዝሓንጸጸልና ናይ ህይወት ፍጻሜ ገጽና ክንዓቢ ኢዩ ትጽቢት ዝግበረልና።

እዚ ኪንበጽሖ ዘሎና ናይ ህይወት ፍጻሜ እንታይ ኮን ይኸውን፧

ነዚ ሕቶ'ዚ ኪምልሰልና ይኽእል ኢዩ ዝብሎ፣ ካብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ኣብ ሮሜ 8፡29 "ነቶም ቀደም ዝፈለጦም፣ ንሱ ንብዙሓት ኣሕዋት በዅሮም ምእንቲ ኪኸውን፣ ንምስሊ ወዱ ኪመስሉ ቀደም መደቦም።"ዝብል ቃል ኣሎ።

እንበኣር እግዚኣብሄር ዝፈለጠናን ዚጸዋዓናን ፍጻሜኡ ንምስሊ ወዱ ንምምሳል እንተ ኾይኑ፥ "ንክርስቶስ ምምሳል እንታይ ማለት ኢዩ፧" ዝብል ሕቶ ኪንምልሶ ከድልየና ኢዩ ማለት ኢዩ።

ብመጀመርታ እዚ "ምምሳል" ዝብል ቃል፣ ነዚ ናይ ሰብ ደጋዊ መልክዕና ዘይኮነ ነቲ ሓቀኛ መግለጺ ውሽጣዊ መንነትና ዘመልክት ምዃኑ ኪንርዳእ ጽቡቕ ኢዩ።

እዚ፥ "ከም መልክዕና ብምስልና ሰብ ንፍጠር" ዝብል ቃል፣ ኣብ ዘፍ1፡26 እውን ተጠቒሱ ንረኽቦ ኢና። በዚ ድማ እቲ ንምስሊ ወዱ የሱስ ክርስቶስ ምምሳል ዘይልወጥ ዘልኣለማዊ ሓሳብ እግዚኣብሄር ኢዩ።

ስለዚ ከምቲ ኣብ ኤፌ2፡10 ተጠቒሱልና ዘሎ፣ ብክርስቶስ ዳግም ዝተወለድና፥ በቲ ኣምላኽ ቀደም ዘዳለወልና ቅዱ ሂወት መታን ኪንመላለስ ኢዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ "ሓደ'ኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ የልቦን፣ እቲ ኣብ ሕቑፊ ኣቦኡ ዘሎ ሓደ ወዲ ንሱ ኣግሂዶ።" ይብለና (ዮሃ1፡18)። የሱስ ንሃዋርያት፥ "ናብ ኣቦይ እኸይድ ኣለኹ።"፣ ምስ በሎም፥ "ነቦ ኣርእየና፧" ኢሎም ኪሓትዎ ከለዉ ንርኢ።

መልሲ የሱስ ግና፥ "እዚ ክንድዚ ዚኣክል ዘመን ምሳኻትኩም ኪነብር ከሎኹስ ኣይትፈልጠንን ዲኻ፧ እቲ ንኣይ ዝረኣየ ነቦ ረኣዮ።"ዝብል ኢዩ ነይሩ።

ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዘነጽረልና ገጸይ ርእዩ ብሂወት ዝነብር የለን ዝብለና እቲ ሓደ እ/ሄር ርእሱ ዝገለጸሉ መገዲ ብምግሃድ ወዱ የሱስ ክርስቶስን በቶም ንክርስቶስ ተቐቢሎም መሰል ዉልድነት ዝረኸቡን ኢዩ።

ነዚ ኢዩ ድማ ኣብ ሮሜ8፡29 "ፍጥረት ኩሉ ንምግላጽ ደቂ ኣምላኽ ሃረር ይብል ኣሎ።" ዝብለና።

የሱስ ንኣቦ ዘግሃደሎም ባህርያት ወይ መገድታት እንታይ ኢዮም፧

የሱስ ኣምላኽ ህያው ምዃኑ ዝገለጸሎም መገድታት ኣዝዮም ብዙሓት ኢዮም። ካብኦም ገለ ንምጥቃስ ግን ኣብ ክልተ ከፊልና ክንርእዮም፥-

## 1. ሰብ ኮይኑ ምግላጹ

ኣብዚ የሱስ ክርስቶስ እቲ ኣብ ሓሳብ እግዚኣብሄር ዘሎ ምድሓን ደቂ ሰባት ክፍጽም፣ ኣምላኽነቱ ከም ምምንዛዕ ከይረኣየ፣ መልክዕ ባርያ ወሲዱ ብንብረቱ ከም ሰብ ኮይኑ ብምርካብ፣ ነቲ ኣብ ዮሃ3፡16 ዘሎ ፍቕሪ ኣምላኽ፣ ንሰብ ህይዎቱ ብምሃብ ኪገልጽ ከሎን እግዚኣብሄር መሓሪ ምዃኑ ውን ኣብ መስቀል ኮይኑ፥ "ኣቦይ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ፣ ሕደገሎም!" ብምባል፣ ስለቶም ሰቓልቱ ከማልድ ከሎ ንርኢ።

እዚ ጥራይ ዘይ ኮነ የሱስ ለዋህን ትሑትን ምኻኑ ሓቂ ምዃኑ ውን ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ነንብብ።

ስለዚ ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዘነጽረልና፣ "ገጸይ ርእዩ ብሂወት ዝነብር የለን" ዝብለና፣ እቲ ሓደ እግዚኣብሄር ርእሱ ዝገለጸሉ መገዲ፣ ብምግሃድ ወዱ የሱስ ክርስቶስን በቶም ንክርስቶስ ተቐቢሎም መሰል ዉልድነት ዝረኸቡን ኢዩ።

ነዚ ኢዩ ድማ ኣብ ሮሜ 8፡18-19 "ፍጥረት ኩሉ ንምግላጽ ደቂ ኣምላኽ ሃረር ይብል ኣሎ።" ዝብለና። እሞ የሱስ ሰብ ኮይኑ ሓሳብ እግዚኣብሄር ካብ ገለጸ፣ ንሕና ኣብ መወዳእታ ክንበጽሖ ዝድለ ናይ ሂወትና ጫፍ ንኹሉ ከነፍቅርን ንዝጸልኡና ክንጽልን ክንምሕርን ሓሳብ እግዚኣብሄር ኣብዛ ምድሪ ክንገልጽን ኢዩ።

እዚ ድማ ከምቲ ኣብ 2ይጴጥ1፡3-8 "እቲ ብፍልጠት ክብሩን ደግነቱን ዝጸወዓና ኣምላኻዊ ሓይሉ፣ ንህይወትን ንፍርሃት እግዚኣብሄርን ዝኸውን ኩሉ ኻብ ዚህበና፣ ብእኡ እታ ኽብርትን ዓባይን ተስፋ ዝረኸብና፣ ኣብ ዓለም ብፍትወት ስጋ ካብ ዘሎ ጥፍኣት ወጺእኩም ተማቓልቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ምእንቲ ኽትኮኑ" ዝብሎ መሰረት ብምግባር፣ ነዚ ኣምላኻዊ ባህርይ ኪንምቀልን፣ ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ብስጋዊ ትምኒት ዝመጽእ ጥፍኣት ኪንወጽእ እንኽእል ኣምላኻዊ ሓይሊ ተዋሂቡና ከም ዘሎን፣ ነዚ ክውን ንምግባር ድማ ብትግሃት ኪንጋደል ከም ዘሎና ይሕብረና።

ሰባት ንኣምላኽ ዝፈልጥዎ፣ እቲ እንኮ መገዲ ኣብ ምድሪ ኣምላኻዊ ባህሪ ብምንጽብራቕና ጥራይ ምዃኑ፣ የሱስ ባዕሉ ኣብ ማቴ5፡16 "ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም ነቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ኺመስግንዎ፣ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ።" ብምባል ከስምረሉ ከሎ ነንብብ።

## 2. ብመለኮት ባህሪ ምግላጹ

ከምቲ ኣብ ኢሳ8፡6-7 "ሕጻን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተውሂቡና ኢዩ እሞ፣ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ ሞንኩቡ ኢዩ። ስሙውን ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ኣቦ ዘልኣለም፡ መስፍን ሰላም ኪስመ ኢዩ።" ዝብለና፣ የሱስ ፍጹም ሰብ ጥራይ ዘይኮነ፣ ከኣልነትን ዘልኣለምነትን እግዚኣብሄር ኪገልጽ፣ ብኣምላኽነት ባህርይ እዉን ተገሊጹ ኢዩ። ነዚ መለኮታዊ ባህርይ ወይ ኣምላኻዊ ሓይሉ ድማ፣ ብዝተፈላለየ ተኣምራታዊ ግብሪ ሓይሊ ብምግላጽ ኣግሂድዎ ኢዩ። ኣብነታት ንምጥቃስ፥

ምዉታት ብምትንሳእ፡ ኣብ ልቢ ሰባት ዝተሰወረ ምስጢራት ብምግላጽ፡ ኣዒንቲ ዕውራት ብምኽፋት፡ ብማየማይ ብምኻድ፡ ብኽልተ ዓሳን ሓሙሽተ ኅኅን ንሓሙሽተ ሽሕ ሰባት ብምምጋብ፡ ንሞት ስዒሩ ብምትንሳኡን ኣብ ዕጹው ማዕጾ ምእታዉን ዓይኒ ደቀመዛሙቱ እንዳርኣየኦ፣ ብደመና ምዕራጉን፡ ካልእ ዘይተጠቕሱ ዓበይቲ ተኣምራትን ትእምርትን ብምግባርን ህልዉናን ዕቤትን እግዚኣብሄር ኣግሂዱ ኢዩ።

ብዙሓት ንየሱስ እቲ ኣመጻጽኡ ብምርኣይ ምእማን ኪስእንዎ ከለዉ፣ የሱስ፣ "ንዓይ እኳ እንተ ዘይኣመንኩምኒ፣ ነዚ ግብረይ ርኢኹም እመኑኒ!" ይብሎም ነይሩ።
ሎሚውን ሰባት ከምኦም ሰባት ብምዃንና 'ኳ እንተዘይኣመኑና፣ በቲ ከነንጸባርቖ ዘሎና ኣምላኻዊ ባህርን፡ ሰብ ኪገብሮ ዘይክእል ናይ መንፈስ ቅዱስ ዕዮን፣ እግዚኣብሄር ህያው ምዃኑ ከነግህድ ትጽቢት ይግበረልና።

እዚ ድማ ብናትና ጻዕርን ክእለትን ዘይኮነ፣ በቲ ብክርስቶስ ብምእማንና ዝተመቐልናዮ ኣምላኻዊ ባህርን፡ በቲ ዝተዋህበና ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓይልን፣ ነዚ ፍልጠት እዚ ንምፍላጥን ከምኡ ኮይንና ናብ ግሁድ ዓለም ንምግላጽ እነርእዮ ጽምኣትን ትግሃትን እዩ።

ጎይታ ን ደቀ መዛሙርቱ፡ "ከምቲ ሰምያዊ ኣቦኹም ቅዱስ ዝኾነ፣ ንስኻትኩም ድማ ቅዱሳት ኩኑ። ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም፣ ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ ድማ ትእዛዘይ እዚ 'ዩ።" ብምባል፣ ብቓሉ ኪእዝዞም ከሎን፣ እቲ መሳጢ ዝኾነ ናይ ሂወት ኣነብብራኡ፣ ኪነብርዎ ከም ዝኽእሉ ኣተንቢሁሎም ኪኸይድ ከሎን ንርእዮ።

ብተወሳኺ ውን እቲ ልዕለ ተፈጥሮ ዝኾነ ብመለኮታዊ ሓይሊ ኣምላኽ ዝከናወን ዝነበረ ትእምርትን ተእምራትን ውን፣ ኪገብርዎ ከም ዝኽእሉን፣ ካብኡ ንላዕሊ ውን ኪገብሩ ከም ዝኽእሉን ሓንትስ ነዚ ተረዲኦም ኪኣምኑ ጥራይ ትጽቢት ከም ዝግበረሎም፣ ኣስተምሂርዎም ኢዩ።

እዚ ተስፋ 'ዚ ከምቲ ኣብ ግሃ2፡38 ተጻሒፉ እነንብቦ፡ "እቲ ተስፋ ንኣኹምን ንደቅኹምን፡ ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዝጽወዖምን ኢዩ።" ከም ዝበሎም፣ ሎሚ ውን ከምቲ ሕጂ ኣብ ዘመንና እንርእዮ ዘሎና ምግላጽ ደቂ ኣምላኽ፣ ኣነ፡ ንስኻ፡ ንስኺ፡ ንሕና ድማ፣ በዚ ኣምላኻዊ ባህርን ምግላጽ መለኮታዊ ተኣምራትን ኪንግለጽ ፍጥረት ይጽበየና ኣሎ።

******************************************

# ወንጌላዊ ጻውዒት

## ኣብ ልብኻ መን ወይ እንታይ ኣሎ፧
## ማቴዎስ 19፡16-24

"እንሆ፡ ሓደ ናብኡ ቐሪቡ፡ ዎ መምህር፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክረክብሲ፡ እንታይ ጽቡቕ ግብሪ እግበር፧ በለ።

"ንሱ ኸኣ በሎ፡ ንምንታይ ብዛዕባ ጽቡቕ ትሐተኒ ኣሎኻ፧ እቲ ጽቡቕሲ ሓደ እዩ። ናብ ህይወት ክትኣቱ እንተ ደሌኻ ግና፡ እተን ትእዛዛት ሐሉ።

"ንሱ፡ ኣየኖት፧ በሎ። የሱስ ከኣ፡ እኒ ኣይትቕተል፡ ኣይትዘሙ፡ ኣይትስረቕ፡ ብሓሶት ኣይትመስክር፡ "ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡ ብጻይካውን ከም ነፍስኻ ፍቶ፡ በሎ።

"እቲ ጐበዝ፡ እዚ ኹሉ ካብ ንእስነተይ ሒዘ እሕልዎ ኣሎኹ፡ እንታይ ደኣ እዩ ዚጐድለኒ ዘሎ፧ በሎ።

"የሱስ ከኣ፡ ፍጹም ክትከውን እንተ ደሌኻስ፡ ኪድ፡ ዘለካ ሼጥካ ንድኻታት ሃብ፡ ኣብ ሰማይ ድማ መዝገብ ክትረክብ ኢኻ እሞ፡ ንዓ ስዓበኒ፡ በሎ።

"እቲ ጐበዝ፡ ብዙሕ ጥሪት ስለ ዝነበሮ፡ ዘረባኡ ሰምዔ፡ እናጕሃየ ኸደ።

"የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ በሎም፡ ምእታው ሃብታም ናብ መንግስተ ሰማያት ጭንቂ ምዃኑ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ሃብታም ናብ መንግስተ ኣምላኽ ካብ ዚኣቱስ፡ ገመል ብዓይኒ መርፍእ ክትሐልፍ ይቐልል፡ ኢሉ ኸም ብሓድሽ እብለኩም ኣሎኹ።" ማቴ19፡16-24

እዚ ሃብታም መንእሰይ ነተን ዓሰርተ ትእዛዛት ዝሕሉ እዩ ዝመስሎ ነይሩ እምበር፡ ግናኸ ነታ ዚዓበየትን ማእሰር ናይ ኩለን ትእዛዛት ዝኾነት ቀዳመይቲ ትእዛዝ ውን ክገብራ ኣይክኣለን።

ምኽንያቱ እታ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ፡ "ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ንፍስኻን ብኹሉ ሓሳባትካን ኣፍቅሮ" እያ ትብል (ማቴዎስ 22፡37-38)። በዛ ትእዛዝ መሰረት ክኣ ውዱቕ ኮይኑ።

እዚ መንእሰይ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ክኣቱ ዘይክኣለ፡ ሃብታም ስለ ዝኾነ ኣይኮነን። ግዳስ እቲ ልዕሊ ኣምላኽ ዘፍቅሮን ዘምልኾን ሃብቱ፡ ኣብ ልቡ ሓዲሩ ጣኦት ስለ ዝኾኖ እዩ።
ሓወይ ንስኻ ኸ ልብኻ ንጎይታ የሱስ ሂብካ ከይትስዕቦ ዝዓገተካ ነገር እንታይ ኣሎ፧ ኣብ ልብኻ ቦታ ሒዙ ንጎይታ የሱስ ቦታ ዝኸልእ ነገር እንታይ ኣሎ፧ ናይ ዘልኣለም ህይወት ከይትወርስ ዝዓግተካ ዘበለ ዝኾነ ነገር ደርቢኻ፡ ንጎይታ የሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ግሊ መዳሓኒኻ ተቐቢልካ ስዓቦ።

### ጎይታ ዝቕበል ሰብ ዝጽልዮ ጸሎት



ኣታ ነዚ ጻውዒት ትንብብ ዘለኻ ሰብ፣ ነቲ ኣምላኽ ብወዱ ኣብ መስቀል ዝገለጾ ፍቕሪ፣ ንወዱ (ንጎይታ የሱስ) ከም ናይ ግሊ መድሓኒኻ ብምቕባል ምላሽ ሂብካሉ'ዶ፧ መልስኻ፡ "ኣይፋለይን" እንተድኣ ኮይኑ፣ እሞ ኸኣ ንጎይታ የሱስ ከም ናይ ግሊ መድሓኒኻ ክትቅበሎ እንተወሲንካ፣ ብዝስማዕ ድምጺ ከምዚ ኢልካ ጸሊ።

እቲ ጽሑፍ፡ "ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ኣይሐፍርን፡ ይብል እዩ እሞ፡ ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑውን ይድሕን እዩ፡ ስለዚ ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ።" እዩ ዝብል እሞ፡ ብልበይ እኣምን ብኣፈይ ከኣ እምስክር ኣለኹ እሞ ከም ቃልካ ህያው ግበረኒ፡ ስመይ ኣብ መጽሓፍ ህይወት ጽሓፎ።

"ናይ ምድሓነይ ምልክት ዕርቡን መንፈስ ቅዱስ ሃበኒ። ኣሜን!!"

ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኢኻ! ድሒንካ ኢኻ። ግናኸ ምእንቲ ሱር ሰዲድካ ደው ክትብል ኣብ ቃል ኣምላኽ ክትስረት ስለ ዘለካ፣ ናይ ድሕነት ትምህርቲ ንክትመሃር ምስ ትፈልጦም ኣሕዋት ሕበር። ናይ ዓወት ናብራኻ ኸኣ ንበር። ኣምላኽ ይባርኽካ!

# ሓይሊ ኣምልኾ



እስራኤላውያን ካብ ግብጺ ወጺኦም ኣብ ናብ ከንኣን እናተጓዓዙ ኣብ መገዲ ኣብ ዘዕርፉሉ ዝነበሩ እዋን፣ ብሸነኽ ምብራቓዊ ደገ ድንኳን ምርኻብ፣ ኣብ ቅድሚት ዝሰፍሩ ደቂ ይሁዳ እዮም ነይሮም (ዘሁ2፡3)።
እስራኤልውያን ክጉዓዙ ከለዉ ድማ እቶም ብሸነኽ ምብራቕ ዘለዉ ነገዳት እዮም ቀዲሞም ዝብገሱ ነይሮም (ዘሁ10*5)። ካብኦም ውን ይሁዳ (ትርጉሙ ምስጋና) እዩ ዝፍልም ነይሩ (ዘሁ10፡14)።

እዚ ብመደብ እምበር ብሃውሪ ዝተሰርዐ ኣይነበረን። ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ውን ኣለዎ። ናይ ኣምልኾ (ናይ ምስጋና) ህይወት ዘለዎም ኣመንቲ፣ ልዕሊ ኻልኦት ኣመንቲ ናብ ጎይታ ዝተጸግዑን፣ ንህዝቢ ኣምላኽ መሪሖም ኣብቲ መንፈሳዊ ጉዕዞ ከም ዝምርሑን ሙኻኖም ምእንቲ ክገልጸልና እዩ።

ኣብ ኩሉ መገድና ክቕድም ዘለዎ እዚ ሓደ ካብ ናይ ኣምልኾ ክፋል ዝኾነ ናይ መዝሙር (ምስጋና) ህይወት እዩ።
ስለዚ ድማ እዩ ኣብ መዝሙር ዳዊት 100፡4 ውን "ኣብ ደጌታቱ ብምስጋና፣ ኣብ ኣጸዱውን ብውዳሴ እተዉ፣ ኣመስግንዎ ንስሙ ኸኣ ባርኹ።" ዝብለና።

ካብ ይሁዳ (ካብ ምስጋና) ዘንጊ መንግስቲ ከም ዝተባህለ፡ ዘንጊ (ስልጣን መንግስቲ ኣምላኽ) ኣብ ህይወትካን ኣብ ነገራትካን ዝግለጽ ከተመስግን ምስ ጀመርካ እዩ።

ንስኻ እናምለኽካ እግዝኣብሄር ኮፍ ክብል ኣይክእልን እዩ! ማሕተምካ እዩ ዝፈትሕ (ራኢ ምዕራፋት 6,7,8)።

## ጥቕሚ ኣምልኾ

ንእግዚኣብሄር ምምላኽ ማእለያ ዘይብሉ ትቕምታት እዩ ዘለዎ። ገለ ካብኡ፦

1. ኣምልኾ ሰማያት ከፊቱ ቕዱስተ ቀዱሳን ይኣቱ (ራኢ15፡3-5, ራኢ11፡16-19)።
2. መንፈሳዊ ቦታኻ ናብ እግዝኣብሄር ዝጠበቐ ከም ዝኸውን ይገብር (ዘሁ2፡3)።

3. ኣምልኾ ናብ ከረን የደይብ (ማቴ26፡30)።
4. ኣምልኾ ነታ ሓይሊ ትገብር ኢድ ኣምላኽ ይዝርግሕ፡ ምድሓን ከኣ የምጽእ (መዝ118፡ 15)።

5.ኣምልኾ በረኸትን ምንቕቓሕን የምጽእ (ሚል 3፡10-12)።
6-ኣምልኾ ንእግዝኣብሄር ዝሰወሮ ምስጢራት ክገልጾ ይድርኾ (መዝ49፡4)።

7.ኣምልኾ መቓውሕ ይሰብር (ግሃ16፡25-26)።
8. ኣምልኾ ምርኮ የምጽእ (2ዜና20፡21,25)።
9. ኣምልኾ ቀጽሪ የፍርስ (እያ6፡20)።
10. ኣምልኾ ነፍሳት ይገፍፍ (ግሃ16፡25, 30-33)።

11. ኣምልኾ ንመቕደስ እግዝኣብሄር (ንስጋኻ) ይቕድስ (ነህ12፡27-29,42-44)።

## ኣምልኾ ዝገልጾ ነገራት

ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ንእግዚኣብሄር ብሓቅን ብመንፈስን ምምላኽ ዘመሓላልፎ መልእኽታት ኣለዎ።

ነዚ መልእኽትታት እግዝኣብሄር ብዓቢኡ ጸላእቲ (ድያብሎስን መናፍስቱን) ውን እንተኾኑ ብኸምዚ ዝስዕብ እዮም ዝርድእዎ።

1.ኣምልኾ መግለጺ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ዘለካ ፍርሂ እዩ (ራኢ19፡5)።
2.ኣምልኾ መግለጺ ህያው ሙኻንካ እዩ (ኢሳ38፡19)።
3.ኣምልኾ መግለጺ ናይ እግዚኣብሄር ሙኻንካ እዩ (ኢሳ43፡21)።

4. ኣምልኾ መግለጺ ህልውና እግዚኣብሄር ምሳኻ (ኣብ ማእከልካ) እዩ (ዘሁ23፡21)።

5.ኣምልኾ መግለጺ ንእግዚኣብሄር ዘለካ ኣኽብሮት እዩ (መዝ50፡23)።

6.ኣምልኾ መግለጺ ንእግዚኣብሄር ዘለካ ፍቕሪ እዩ (1ዮሃ5፡3)።

ንስኻ ንእግዝኣብሄር ብሓቅን ብመንፈስን እናምለኽካ ከለኻ፣ ኣብቲ መንፈሳውን ነገራውን ዓለም ብቕደመ ተኸተል ዝኸውን መንፈሳዊ መስርሓት፣ ከምዚ ይመስል፦

1.ኣምልኾኻ ንሰማይ ይዓርግ (ራኢ15፡3-6)።
2.ቅድስተ ቅዱሳን ይኽፈት (ራኢ15፡3-6)።

3. መዝሙርካ ኣብ ቅድስተ ቅዱሳን ይኣቱ (ራኢ15፡3-6)።

4.እግዚኣብሄር ገለ ክገብር ይደፋፋእ።
ሀ. ባዕሉ ክገብሮ ንዘለዎ ኢዱ ሓይሊ ትገብር እሞ ንነገርካ ይዓሞ (ራኢ5፡7-14, ምዕ6, ምዕ7 መዝ107፡20)።

ለ.ብመልኣኽቱ ዝገበሮ ከኣ ካብ ቅድስተ ቅዱሳን ይልእኮም። እዞም ካብ ቅድስተ ቅዱሳን ዝወጹ መልኣኽቲ ተራ መልኣኽቲ ዘይኮኑስ ኩሩቤላትን ሱራፍኤላትን እዮም (ራኢ15፡3-6)።

5. ናይ ጸልማት ሓይልታት ብናይ ሕነ ምፍዳይ መልኣኽቱ ይእሰሩ፣ ኣብ ኣህዛብ፡ ንነገስታቶምን ክቡራቶምን ሕነ ምፍዳይ ይኸውን፡ ጽሑፍ ፍርዲ ውን ኣባታቶም ይፍጸም (መዝ149፡6-9)።

6. መቓውሕካ ብመላእኽቲ ይሰበር (መዝ16፡ 24-26)።
7. ንህዝቢ ኣምላኽ ኣብ ዓምዩቕ ሓጎስ (ፍስሃ)ን ኣምልኾን የእቱ (መዝ107፡21-22)።

ኣምልኾ ኣብ ምዝማር ጥራይ ዝተሓጽረ ስለ ዘይኮነ፡ ኣብ ሚልክያስ ከኣ ምሃብ መሳኹቲ ሰማያት ከምዝኸፍትን መንፈሳዊ ምንቕቓሕ ከምዘምጽእን ይገልጸልና(ሚልክያስ 3፡9-12, 2፡ 13-15)።

ብሓፈሽኡ ኣምልኾ ማለት ብመንፈስን ብሓቅን ንዕብየት እግዚኣብሄር እናዘከርካ ምድናቕ፡ ንዝተገበረልካ እናዘከርካ ምምስጋን፡ ርእስኻ ካብ ርኽሰት ዓለም እናሓለኻ ንዝኽታማትን መበለታትን ኣብ መከርኦምን ጸበብኦምን ምብጻሕ (ያቆ1፡27)፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ርእስኻ ንእግዝኣብሄር ምግዛእ፡ ልሳንካ ሎጉምካ መስቀልካ (ውርደትካን ጸርፍኻን) ብሓጎስ ምጻር፡ ብቃል ኣምላኽ ተመሊኽካ ከም ቃል ኣምላኽ ምንባር፡ ሰናይ ምግባርን ምምቓልን፡ ንስሙ ኸኣ ብኸናፍርካ ምእማን ወዘተ ዘጠቓልል ናብራ (ህይወት) እዩ (እብ13፡15-16)።



# ዓምዲ - ተወርዋሪ ፍላጻ

ከምቲ ኣብ ኢድ ጅግና ዘሎ ፍላጻ (ብሓይሊ ተወርዊሩ ዕላምኡ ዚወቅዕ)፣ ውሉድ ንእስነት ከምኡ እዮም (መዝ127፡ 4-5)።



## ዓይነት (quality) ተወርዋሪ ፍላጻታት

*"ከምቲ ኣብ ኢድ ጅግና ዘሎ ፍላጻ፣ ውሉድ ንእስነት ከምኡ እዮም።" መዝ 127:4*

ሓደ ጅግና ኣካላቱን ኣእምርኡን ሃኒጹ ኣብ ጽቡቕ ቁመና እናሃለወ፡ ምሩጽ ቀስቲ ሒዙ ውን ዕላምኡ ክወቅዕ ደው እንተበለ፣ እቲ ዘውርውሮ ፍላጻታት ብሉጽ ዓይነት ብቕዓት ዘለዎ እንተዘይኮይኑ፣ ውጽኢታዊ ክኸውን ኣይክእልን።

እምብኣርከስ ንሓደ ጅግና ጅግና ካብ ዝገብሮ ነገራት፣ ኩለንትናዊ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዓቕሙ ጥራይ ዘይኮነ፣ እቲ ዝዓጥቆ ዕጥቅን ኣተዓጣጥቕኡን ውን እዩ።
ቀንዲ ዛዕባና ነቲ ምሳሌ ውሉድ ንእስነት ዝኾነ ኣብ ኢድ ጅግና ዘሎ ፍላጻ ምግላጽ ክንድዝኾነ፣ እቲ ፍላጻ ከመይ ከምዝኾነ ክንርኢ ኢና።

### ሀ. ናይ ጅግና ፍላጻ በሊሕ እዩ

ንሓደ ፍላጻ እቲ ኣውራ ሓይሉ ኣብ ብልሑ እዩ። ከመይሲ ብብልሑ እዩ ኣየራት ዝጨድድን ዕላምኡ ዝወግእን። ብልሒ ዘይብሉ ዝጎደመ ፍላጻ ኣብቲ ክበጽሖ ዝተደልየሉ ቦታ ኣይበጽሕን እንተበጽሐ ኸኣ ምስ ዕላምኡ ይጋጮ እምበር ዕላምኡ ኣይወግእን እዩ።

እዚ በሊሕ (ብልሂ) ዝብል ቃል ብዙሕ ግዜ ምስ ብቕዓት ናይ ኣእምሮ ኣተሓሒዝና ኢና እንገልጾ። ፍልጠት ዘለዎ፡ ተበላሓታይ፡ ጥበበኛ ንምባል ውን ንጥቀመሉ ኢና። መጽሓፍ ቅዱስና ድማ ብልሂ ማለት ኣስተውዓሊ (ንቃል ኣምላኽ ሰሚዑ ዝገብሮ) እዩ ይብለና (ማቴ 7:24, 11:25)።

ማቴዎስ 7:24 "ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዚገብሮ ኹሉ፡ ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሰርሐ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል።"
ማቴዎስ 11:25 "በታ ወርሓት እቲኣ የሱስ መለሰ በለውን፡ ዎ ኣቦይ ጐይታ ሰማይን ምድርን፡ እዚ ኻብ ብልህታትን ኣስተውዓልትን ስለ ዝሓባእካዮ፡ ንሕጻናት ግና ስለ ዝገለጽካዮ ኤመስግነካ ኣሎኹ።"
ሓደ ነገር ክንፈልጦ ዘሎና ግና፡ ብሕጂ ዘይኮንናስ በላሕቲ ክንከውንሲ፡ በቃ ብክርስቶስ ዝኾንናዮ ነገር እዩ (ሮሜ11:25)። ከመይሲ፡ "ፍላጻታትካ በላሕቲ እየን፣ ኣብ ልቢ ጸላእቲ ንጉስ ይኣትዋ። ህዝብታት ኣብ ትሕቴኻ ይወድቁ።" እዩ ዝብለና ቃል ኣምላኽ (መዝ45:5, 120:4)።
በላሕቲ (ብልህታት) ምኳንና እንተድኣ ኣሚንና፡ እቲ ዝተርፈና ቁም ነገር ነዚ ብጎይታ ዝኾንናዮ ነገር ምርዳእን ብጸጋ ኣምላኽ ምዕቃቡን እዩ። ብዛዕባ መንነትና እንተድኣ ተረዲእና ንምዕቃቡ ክንገብሮ ካብ ዘለና ነገራት፡-

#### 1. ርእስና ብጥዑይ ትምህርቲ ምሕላው

ብልሕና ኣብ ርእስና ከም ዘሎ እንተድኣ ተሰማሚዕና፡ ርእስና ደጊሙ ኣብ ባርነት ከይቁረን ክንጥንቀቕ ኣሎና። እዚ ኸኣ ብንሰምዖ ዘበለ ብምጥንቓቕ እዩ (ማር4:23-24)። ከመይሲ ርእስና ንንህቦ ዘበለ ባሮቱ ክንከውን መንፈሳዊ ሕጊ ስለ ዝኾነ (ሮሜ6:16)።

"ሕጂ ደኣ፡ ንኣምላኽ ምስ ፈለጥኩምዎ፡ ምናዳውን ንሱ ምስ ፈለጠኩም፡ ከመይ ኢልኩም ናብቲ ሕማቕን ድኻን ምህሮ ቍልዕነት ከም ብሓድሽ ትምለሱ ኣሎኹም፡ ከም ብሓድሽውን ካብ መጀመርታ ሒዝኩም ባሮቱ ኽትኮኑ ትደልዩ ኣሎኹም፧" -ገላ4:9
ርእስና ካብ ምህሮ ቁልዕነት ንከላኸለሉ ምህሮ ትምህርቲ ክርስቶስ እዩ። ስለዚ ኣብ ቃል ኣምላኽ ድምጺ ጎይታ ብምስማዕ ካብ ድምጺ ጸላኢ ንጋልብ።

#### 2. ንሰናይ ነገራት ብልህታት ምዃን

እቲ ኻልኣይ ብልሕና እንዕቅበሉ መገዲ፡ ንሰናይ ነገራት ብልህታት ንእኩይ ግና ገርህታት ብምዃን እዩ።
"ምእዛዝኩም ኣብ ኵሉ ተሰሚዑ እዩ፡ ስለዚ ብኣኻትኩም እሕጐስ ኣሎኹ። ንሰናይ ብልህታት፡ ንእኩይ ግና ገርህታት ክትኮኑ፡ እደሊ ኣሎኹ።" ሮሜ 16:19
ማቴዎስ 10:16፡ "እንሆ፡ ከም ኣባጊዕ ናብ ማእከል ተዃሉ እሰደኩም ኣሎኹ። ደጊም ጠቢባን ከም ተመን፡ ገርህታት ከኣ ከም ርግቢ ኹኑ።" ይብል።

### ለ. ናይ ጅግና ፍላጻ ረዚን እዩ

ቀፎ ክንቲት በሊሕ እዩ፡ ግናኸ ፈኹስ ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ፡ ርሑቕ ተጓዒዙ ብሓይሊ ዕላማኡ ክወቅዕ ኣይኽእልን እዩ። ስለዚ ሓደ ፍላጻ ከድምዕ እንተድኣ ኾይኑ፡ ከምቲ ንፋስ ናብትን ናብትን ዘብሎ ማይ ዘይብሉ ፈኵስ ደበና ዘይኮነስ፡ ረዚን እዩ ክኸውን ዘለዎ።

ንሕና ብክርስቶስ ረዘንቲ ኢና። ግናኸ ዕላማና ዘይንወቅዕ ናብትን ናብትን ንብል ርዝነት ዘይብሎም ፍላጻታት ምእንቲ ክንከውን ከፍኩሱና ዝደሊ ጸላኢ ኣሎ። ብጸጋ ኣምላኽ ርዝነትና ክንዕቅብ ከም ዘለና ርዱእ ኮይኑ፡ እዚ ክኸውን ከነስተውዕለሎም ካብ ዘለና ነገራት፡ ካብዘን ዝስዕባ ሰለስተ ጥቕስታት ክንርዳእ ንኽእል ኢና።

1ጢሞ 3:8-9፤ "ዲያቆናትውን ከምኡ፡ ነቲ ምስጢር እምነት ኣብ ንጹህ ሕሊና ሒዞም፡ ረዘንቲ፡ ሰብ ክልተ ልሳን ዘይኰኑ፡ ብዙሕ ወይኒ ንምስታይ ዘየድህቡ፡ ርኹስ ረብሓ ዘይደልዩ ኪኾኑ ይግባእ።"
1ጢሞ 3:11፤ "ኣንስቲውን ከምኡ ረዘንቲ፡ ዘይሐምያ፡ ጥንቁቓት፡ ብዅሉውን እሙናት ኪኾና ይግባእ።"
ቲቶ2:2፤ "እቶም ኣረገውቲ ሰብኡት ጥንቁቓት፡ ረዘንቲ፡ ለባማት፡ ብእምነት፡ ብፍቕሪ፡ ብትዕግስቲ ጥዑያት ኪኾኑ፡"

### ሐ. ናይ ጅግና ፍላጻ ትኽ ዝበለ እዩ

ሓደ ፍላጻ ተወርዊሩ ዕላምኡ ክወቅዕ እንተድኣ ኾይኑ ብትኽ ዝበለ መገዲ ቅንዕ ኢሉ ክኸይድ ኣለዎ። ቄናን እንተድኣ ኾይኑ ግን ትኽ ኢሉ ክኸይድ ስለ ዘይክእል ካብ መገዲ ክወጽእ ብግዲ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ቃል ኣምላኽ ኣብ እብራውያን 12 :13፤ "እቲ ዚሕንክስ ኪሐዊ እምበር፡ ካብ መገዲ ምእንቲ ኸይወጽእሲ፡ ነእጋርኩም ትኽ ዝበለ መገዲ ግበሩ።" ዝበለ።

ኣብ ኢሳይያስ 40:4 ኸኣ፡ "ሸንጭሮ ዘበለ ልዕል ይበል፡ ኩሉ ኣኽራንን በረኽትን ድማ ለጠቕ ይበል፡ ቈናን ይቕናዕ ድንጉር ከኣ ሰጥ ዝበለ ስፍራ ይኹን።" ኢሉ ኣሎ።

ትዕቢት፡ ርእሰ ምትሓት፡ ተስፋ ምቑራጽ፡ ጉርሒ፡ ተንኮል፡ ቁጥዐ ወዘተ ነቲ ትኽ ዝበለ ፍላጻ ካብ ዘቕንኑ ሕማቕ ባህርያትን ልምምዳትን እዮም። ኩሉ ግዜ እግዚኣብሄር ከም ሓያል ጅግና ምሳና ምዃኑ ዘይስሓት ሓቂ እዩ። ብኣና ገይሩ ነቲ ሰማያዊ ምኽሩ ክወቅዕ እንተድኣ ኾይኑ ግን (ብጸጋ ኣምላኽ) ካብዞም ንብልሕና ዘጉድሙ፡ ንርዝነትና ዘፍኩሱ፡ ንቅንዕናና ዘቕንኑ ርኹስ መንፈስ ዝተሓንገጡ ክፉኣት ሓሳባትን ትምህርትታትን (ምህሮ ቁልዕነት) ክንርሕቕ ኣሎና።

### ካብ ዘበለጸ ነገራት ክንርሕቕ

*1. ቃል ኣምላኽ ብምንባብን ብምስልሳልን ብዛዕባ መንነትና ክንፈልጥ ኣሎና። ምስ ፈለጥና ድማ ኢና ብምሕዳስ ሓሳብና ተለዊጥና፣ ናብ ግቡእ ቁመና እንመጽእ።*
*2. ብቕዓትና (ብልሕና፡ ርዝነትናን ቅንዕናናን) ዝዕቀብ ብጸጋ ኣምላኽ እምበር ብሓይልናን ብኽእለትናን ከም ዘይኮነ ፈሊጥና፣ ንእግዚኣብሄር ከነሕልፎ ኣሎና። ምኽንያቱ ኣብ ኢድ ጅድና ዘሎ ፍላጻ ከጉድም፡ ከፍኩስን ከቕንን ዝመጽእ ፡ ጸላኢ ጉዳዩ ምስቲ ጅግና እዩ። ባዕሉ ውን ዝግብኦ መልሲ ክህቦ እዩ።* ሻሎም!

# ኵርናዕ - ጥቕሲ

## ኣብኡ ዘሎ ክብሪ

**“ብርሃንኪ መጺኡ፡ ክብሪ እግዚኣብሄር ከኣ ወጺኡልኪ እዩ እሞ፡ ተንስኢ፡ ብርሂ። ኢሳ 60፡1**

መጽሓፍ ቅዱስ፡ “ ክብሪ እግዚኣብሄር ከኣ ወጺኡልኪ” ክብል ከሎ፣ ነቲ ኣባኻ ዘሎ ክብሩ ኢዩ። እግዚኣብሄር ኣባኻ ሰፊርዎ ዘሎ መለኮታዊ ጽልዋ፣ ብደጋዊ ኣገላልጻ፣ ጸግኡ ኣብ ህይወትካ ንኽመልክት ዝጥቀመሉ መንፈሳዊ ቃል ኢዩ።

ኣምላኽ ንናይ ክብሪ ህይወት እዩ ጸዊዑካ፣ እዚ ኸኣ ልዕሊ ግዝኣተ ሕጊ እዛ ዓለም ኢዩ። እዚ ህይወት እዚ ናይቲ ኣብ መንፈስካ መንበሪ ጌሩ ዘሎ ምግላጽ ክብሩ፡ ፍጹምነቱ፡ ጽባቐኡን ክብሪ መለኮትነቱን ኢዩ።

እዚ ማለት ከኣ፣ ክብሪ ኣምላኽ ኣብ መንፈስካ ኢዩ ዘሎ እምበር ኣብ ርእስኻ ኣይኮነን። የሱስ ኣብዚ ምድሪ ይመላለሰሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ፣ ኩሉ መዓልቲ ኣብ ክብሪ ኣምላኽ ኢዩ ዝመላለስ ነይሩ።

ኣብቲ እዋን እቲ ዝነበሩ ሰባት፣ ጸጋ ኣምላኽ ብምልኣት ኣብኡ ኪሰርሕ ከሎ ርእዮሞን መስኪሮምሉን ኢዮም። “እቲ ቃል ስጋ ኮነ፡ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ከኣ ኣባና ሓደረ። ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ርኤና።” ዮሃ 1፡14

ኣምላኽ ነቲ ኣባኻ ኣንቢርዎ ዘሎ ውቁብን ክቡርን ጸግኡ፣ ኣብ ህይወትካ ከተንጸባርቐ ብጣዕሚ ኢዩ ዝደሊ።

ንሱ ኣብ ስራሕካ፡ ትምህርትኻ፡ ኣብ ዝምድናታትካን ኣብ ኩሉ እትዓዮ ዕዮታት ኩሉ፣ ዓለም ብኣኻ ክሳብ ትግረም ጸብለል ኪትብል ኢዩ ድሌቱ።

ነዚ ነገር ክዉን ክትገብሮ እትኽእል ከኣ፣ ነቲ ቃል ብቐጻሊ ብምኩምሳዕ ኢዩ። ሽዑ እዩ ከኣ ነዊሕ ከይሰጎምካ ክብሪ ኣምላኽ ካብ መንፈስካ ተበጊሱ ኣብ ህይወትካ ከም ዘሎ መርትዖ መታን ክኸውን፣ ሓሳባትካ፡ ቃላትካን ግብርኻን ይጥቀመሉ።

ዝንበብ ጥቕሲ፥ ቆሎ 1፡27 ፡ 2ጴጥ 1፡3

## ኣብ ዮሴፍ ዝተሰወረ ክርስቶስ

መጽሓፍ ቅዱስና ብብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን ዝቆመ እዩ። ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ኪዳናት ዘሎ ርክብን ፍልልይን ምፍላጥ ድማ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።

ብሓፈሻኡ ግና፥ ሓድሽ ኪዳን ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተሓብኤ ወይ ዝተሰወረ ክኸዉን እንከሎ፣ ብሉይ ኪዳን ድማ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዝተቐልዔ ኪዳን እዩ ክንብል ንኽእል ኢና። ብሉይ ኪዳን ጽላሎት ናይቲ ክመጽእ ዝነበሮ ኣዉራ ነገር ማለት ሓድሽ ኪዳን ብምንባሩ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።

ብሕልፊ ሰብ ንሓድሽ ኪዳን ተረዲእዎ ንብሉይ ኪዳን ክንብቦ እንከሎ፥ እቲ ኣድላይነት ናይ ብሉይ ኪዳን ጎሊሑ ክርኣየካ ይጅምር። ንሓድሽ ኪዳን ብዝግባእ ከይፈለጥካዮ ንብሉይ ኪዳን ኣንቢብካ ክተፈልጦ ምፍታን ድማ ነቲ ኣዉራ ነገር ከይረኸብካዮ ካብ ኣፍ ደገ ምምላስ ይኸዉን። ስለዚ፥ ሓድሽ ኪዳን ኣብ ብሉይ ኪዳን ከም ጽላሎት ዝተሰወረ እዩ። ብሉይ ኪዳን ድማ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዝጎልሐ፥ ዝነጸረ ወይ ድማ ዝተገልጸ እዩ።

እምብኣር ሎሚ፣ ኣብዚ ክንብሎ ዝጸንሓና መረዳእታ መሰረት ብምግባር፥ ንክርስቶስ የሱስ ኣብ ዮሴፍ ከም ጽላሎት ተሰዊሩ ምንባሩን ዘይምንባሩን ክንርእዮ ክንፍትን ኢና።

ስለዚ ካብዚ ኣስዒብና፣ ኣብ መንጎ ዮሴፍን ክርስቶስ ዘለዉ ኣዝዮም ዘገርሙን ዝምስጡን ምምስሳላት ንርኣዮም :–

# ኵርናዕ ሒደት ብዛዕባ

## ምምስሳል ዮሴፍን የሱስን

### ክልቲኦም፦

ብኣቦኦም ኣዝዮም ፍቱዋት እዮም
(ዘፍ 37፣3, ማቴ 3፣17)።

ንርእሶም ከም ጓሶት ገይሮም ተዛሪቦሙላ ኣለዉ
( ዘፍ 37፣2, የሃ 10፣ 1–16)።

ካብ ኣቦኦም ናብ ኣሕዋቶም ተልኢኾም ነይሮም
(ዘፍ 37፣13–14, ሉቃ 20፣13, እብ 2፣12)።

ብዘይ ምኽንያት ብኣሕዋቶም ዝተጸልኡ ነበሩ
(ዘፍ 37፣4–5,8, የሃ 1፣11, 7፣5, 15፣25) ።

ብኣሕዋቶም ቐሚሾም ደም ደምዩዩ እዮ
(ዘፍ 37፣20, የሃ 11፣53)።

### ክልቲኦም፦

ብኸቢድ ፈተና ተፈቲኖም ዝሓለፉ እዮም
(ዘፍ 39፣7, ማቴ 4፣1)።

ንግብጺ ተወሲዶም ዝኸዱ እዮም
(ዘፍ 37፣26, ማቴ 2፣14–15)።

ቀሚሾም ዝተቐንጠጡ እዮም
(ዘፍ 37፣23, የሃ 19፣23–24)።

ብዋጋ ገንዘብ ተሸይጦም ዝተዋህቡ እዮም
(ዘፍ 37፣28, ማቴ 26፣15)።

### ክልቲኦም፦

ብዘይ ገበኖም ዝተኣሰሩ እዮም
(ዘፍ 39፣20, ማቴ 27፣2)።

ኣብ ቅድሚ ከሰስቶምን ፈረድቶም ስቕ ዝመረጹ እዮም (ዘፍ 39፣20, ኢሰ 53፣7)።

ብሓሶት ዝተኸሱ ኽሱሳት እዮም
(ዘፍ 39፣16–18, ማቴ 26፣59–60)።

ኣብ ኩሉ መዳይ ህይወቶም ህልዉና እግዚኣብሄር ነይርዎም (ዘፍ 39፣2,21,23 ,የሃ 16፣32)።

በቶም ኣሕሊፎም ዝተዋህብዎም ዝኸበሩ እዮም
(ዘፍ 39፣21, ሉቃ 23፣41)።

### ክልቲኦም፦

ኣብ መንጎ ክልተ እሱራት ገበርዎም፣ እቲ ሓደ መተኣሰርቶም ጠፊኡ፣ እቲ ካልኣይ መተኣሰርቶም ግና ካብ ጥፍኣት ደሓነ (ዘፍ 40፣2–3, ሉቃ 23፣32)።

ኣብ ከባቢ ሳላሳታት ዕድሚኦም ኣገልግሎት ጀመሩ
(ዘፍ 41፣46, ሉቃ 3፣23)።

ድሕሪ ከቢድ ስቓያት ናብ ኣዝዩ ዓቢይ ክብሪ ተሰጋገሩ (ዘፍ 41፣41, ፊሊጲ 2፣9–11)።

ካብ ኣሕዋቶም ንጊዜኡ ተፈልዩ/ጠፉኡ
(ዘፍ 42፣7–8, ሮሜ 10፣1–3, 11፣7–8)።

ንዝተነስሑ ኣሕዋቶም ምሕረት ገበሩሎም
(ዘፍ 45፣1–15, ዘካ 12፣10–12)።

ንክልቲኦም ብናይ ኣህጉራት ነገስታት ምብጻሕ ይግበረሎም (ዘፍ 41፣57, ኢሳ 2፣2–3, 49፣6)።

ሮቤል ነጸረኣብ (ኣብ ፈይስ ቡክ ዝተወሰደ)



# ኩርናዕ ምኽርን ማዕዷን

## መቓን ኣይትሕለፍ

ሰራዊት ሰማይ ኣብ ዝተለኽዓሎም ርሕቀት ተነቢሮም፣ ንመላእ ምድሪ እናተበራረዩ ብርሃን ከመቓርሑ፣ ምድሪ ድማ ናህሪ ሕምባበኣ ሓልያ ከተንኮርኩር፣ በቲ ዝተዋህባ ቃል ጸኒዓ ትነብር ኣላ። ማያት ባሕሪ ዝተደረተሎም ዶብ ፈንጢሶም ንምድሪ ከዕለቕልቕዋ ኣይደናደኑን። ሰማያት ውን እንተኾኑ ከስተንክሩና ኢሎም ለጠቕ ኣይብሉን። እግዚኣብሄር ንብዘሎ ፍጡራት ዘይሓልፍ ሕጊ ኣስሚሩ ከም ዝሃቦም፣ ብኣምሳይኡ ንሳቶም ብልዕልና ቃሉ እናተገዝኡ ብምእዛዝ የገልግሉ። ሓንሳእ ንሓዋሩ ድማ ምድማር ዘየድልዮ ጽባቐ ተጀንጂኖም ካብ ንጉሳዊ ሕጉ ነቕ ኣይብሉን።

እምብኣርከስ፣ ጽሑፍ ክፈርስ ኣይክእልን እዩ። ኣምላኽ ብመልክዑ ሰብኣይን ሰበይትን ገይሩ ኣቐሞም፡ ትርኢቱ እምብዛ ግሩም ኮነ። እናተፋረዩ ክሰስኑ ንምድሪ ኺኣ ክመልእዋ ብኣፍ እግዚኣብሄር ድማ ተመረቑ።

ብኣደኳኹና ተኽለ ሰውነት ዝተፈላለዩ ግን ከኣ ሓደ ሽፋን ተማላላእትን ገበሮም። እግዚኣብሄር ከኣ፡ "ሰብኣይ ብዘይ ሰበይት ጽቡቕ ኣይኮነን።" በለ እምበር ሰብኣይ ብዘይ ሰብኣይ፡ ወይ ውን ሰበይቲ ብዘይ ሰበይቲ ኣይበለን። እቲ ምንታይ ክልቲኦም፡ ነናቶም ተምሳሌት ተላቢሶም ንሓንሳብ ኣምላኽ ከንጸባርቑ መታን እዮም ብኣውርኡ ዝተደራጀው።

ሰብኣይ ምስሊ ኣምላኽ ዘለዎ ርእሲ ጎድኡ ክኾውን፡ ሰበይቲ ድማ ከተባዝሕን ክትምእዘዝን ምስሊ ማሕበር ክርስቶስ ተዓደለት። ስለዚ ተጻይ እዚ ቅዱስ ስርዓት ዝግበር "መውስቦ" ነቲ ዝተጋህደ ኣካል ሓደ ስጋ፡ ዝገምዕ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣብ ሕቡእ ዘሎ መደብ፣ ኣምላኽ በታቲኹ ካልእ ሲኦላዊት ቤት ዝተክል "መውስቦ" ተመሳሳሊ ጾታ ኣቐሙ፣ ወለዶታት ብጅምላ ናብ መንደልህጸ ዝጎትት ፍሕሶ ጥልቂ እዩ።

እዚ ብላሕኩ ነጠብጣብ ዝፈለመ ርኽሰት ሎሚ ናሕሲ ቀዲዱ፡ ኣልማማ እናተላብዐ፡ ሓንጋዲ ትውልዲ፡ እናራብሐ ሽውሃት ሲኦል ብኸመይ የጽግብ፡ ቀንዲ መብጽሒ ሽቶኡ ኮይኑ ኣሎ። እቲ ዘደንጹ ኣብ ብርክት ዝበለ ሃገራት ሕጋዊ ኣገዳስነት ረኺቡ ኣብ ቅዋመን ቦታ ኣርሒበናሉ ምህላወን'ዩ። መራሕቲ ሃገራት ሳይንቲስት ሃይማኖተኛታት... ዝረዓማሉ ዘየሕንኽ ንቡር ተገይሩ፣ ገዚፍ ዝርግሐ ማሕበረሰ እናሸፈነ ወግዓዊ ቋንቋ ዓለም እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ንቓል ኣምላኽ መወከሲኦም ክገብርዎ ብድላይዮም ቅሩባት ኣይኮኑን። በጺሕናዮም ንዝብልዎ ስነ ህይወታዊ (biological) ምህርኦምን ዲሞክራስያዊ ጭርሖኦምን ከውሊ ገይሮም ልጓም ዝበተኹ፡ ሞቱ ዝጓስዮ ናብ ገደል ዝውንጨፍ ወለዶ ኮብኳቢኡ ስነ ሓሳቦምን ስነ ሓሳቦምን ጥራይ እዩ። "ማልካ እኳ ምስ ካልእ ዓይነት ማል ኣይተታሉ" ዝብል ቃል ሕጊ ንእኦም ፋይድኡ፡ ዝሓለፈ ዕሽነት እዩ።

እዚጽያፍከንኣናውያንንዓሌትከንኣንካብርስቶም ባሕጉጉ፡ምድሮም ካብ ሕቑፉ ክትተፍኦም ዓቕሚ ዝደረበላ ፍጻሜ፡ ልቦም ከውድቑሉ ኣይሓሰቡሉን። ኩለን ናይ ዘመንና ስልጣኔ ዝተደርዓ ሃገራት መሰረት ወሎዶታትን ሃደሽደሽ እናበለ ፍርሃቶም ካብ ትማሊ ሎሚ እናዛየደ ኣብ ዝብርኽሉ ዘሎ እዋን፡ ካብዚ መርዛም ሕብስቶም ንኣህጉር ኣፍሪቃ ብወግዒ ከቋድስዋ ናይ ሃገራት በርታት እናኣንኳሕኩሓ፡ ምሕደርኦም ከላልዩ፡ ስቱር ውጥኖም ኣብ ልቦም ሰኑድ እዩ።

እቲ መብረሲ ዛጊት እኳ ኣስሊኹዎ ንዘሎ ሕንዙ ግስጋሲኡ ካብ ሃገርናን ኣህጉርናን ክኹለፍ፡ ኩሉ ኣብ ገግንቡ ንሓለዋ ዘማዕዱ ዘበለ ይበራበር። ዘርኡ ዓንቢቡ ምድሪ ዝመልእ መጺጽ ፍረ ከይፈረየ እንከሎ፡ ብሸዓ ይቆጸ። ግዝያቱ ድማ ሰራዊት ኣምላኽ ብኹሉ መዳይ እናኣቋመተ፡ ዕጥቁ ዓጢቑ ዕጡቕ ከፍትሕ ዝዋደደሉ እዋን ሕጂ እዩ።

ጻድቃን ይዓምሩ። ብትምህርቶም ቁሽታትን ከተማታትን ይምላእ። ብሓይሊ ቃል እግዚኣብሄር ኩልና ስልቲ ድያብሎስ ክብርዕን ናይ ወንጌል ሽግ ወሊዕና ብሓድነት ብስሙር መርገጺ ስለ ወለዶታት፡ "እኔኹ" ንበል። ሓዊ ንቐሽም ከም ዝህምኾ፡ ነዲዱ ዘንድዶ፡ ሓዊ ዝተፍእ መሎኮታዊ ጉልበት ዝተወንዘፈ ሰራዊት ደበኽ ክብል ብብርኪ ንኺድ። በዚ ወለዶ እዚ ሕነ ምፍዳይ ክገብር እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ቀኒኡ ኣሎ። መብራህትና ከድምቕ እዩ። ድቕድቕ ጸልማት ቀዲድና፡ ናይ ሰማይ ኣጀንዳ ክንፍጽም ክንበቅዕ ኢና። ኣሜን!

በኽናፍ ንፋስ ንምርዳእና ዝሸብብ ኣምላኽ፡ ኣምላኽ ምድሓንና እዩ።



## ኩርናዕ መንፈሳዊ ሕደማ

### መዝ126፡1-6

"እግዚኣብሄር ንምሩኻት ጽዮን ምስ መለሶም ከም ሓለምቲ ነበርና።
ሽዑ ኣፍና ብሰሓቕ
መልሓስና ውን ብእልልታ መልአ።
ሽዑ ኣህዛብ፣ ነዚኣቶም እግዚኣብሄር ዓቢ ግብሪ ገበረሎም ተበሃሃሉ።
እግዚኣብሄር ዓብዩ ግብሪ ገበረልና
ንሕና ውን ተሓጎስና።

ዎ እግዚኣብሄር፣ ከም ንወሓይዝ ደቡብ ጌርካ ንምሩኻትና ምለሶም።
ብንብዓት ዝዘርኡ ብእልልታ ይዓጽዱ።
ዘርኢ ተሰኪሙ ብብኽያት ይወፍር፣
እንዳእቲ ተሰኪሙ ብእልልታ ይምለስ።"

*********

### ናይ ጽዮን እሱራት

ናይ ጽዮን እሱራት ምስ ፈትሐ ጎይታ
ከም ሓለምቲ ኢና ንሕና ሽዑ፡
ኣፍና መልኤ ብሓጎስ፡ ብእልልታ
ኣምላኽ ዓቢ ግብሪ ገበረልና።
ኣ'ዝ-ደሃይካ ኣልዕል፡ ወድሶ ብሓይሊ
ብዝማሬ ንንጉስካ ኣብ ላዕሊ
ንሱ ናይ ጽዮን እሱራት ክፈትሕ
ከም ሓለምቲ ኢና ንሕና ሽዑ።

እቶም እናነብዑ ዘርኦም ዝዘርኡ፡
ተሓጉሶም ይዓጽዱ ንዳሕራይ፡
እንድኣውቶም ብሰላም ይጠምሩ፡
ይረኽቡ ዓስቢ ኻብ ንጉስ ሰማይ።
ኣ'ዝ-ደሃይካ ኣልዕል፡ ወድሶ ብሓይሊ
ብዝማሬ ንንጉስካ ኣብ ላዕሊ
ንሱ ናይ ጽዮን እሱራት ክፈትሕ
ከም ሓለምቲ ኢና ንሕና ሽዑ።
መዝሙር ታሕጓስ የድምቑ ብሓቂ
ኣምላኽ ግሩም ስለ ዝነበረ
ረድኦም ካብ ኩሉ ጭንቀቶም ብጽድቂ
ንህዝቡ ደገ ሳሌም ከፈተ።
ኣ'ዝ

መዝሙር ሰላም ቁ.257

# ሕብራዊት - ብርሃኒ

## ርእስኹም ፈትኑ

### ቅኑዕ መልሲ ዝሓዘ ፊደል ምረጹ

1. ኣብ ናይ የሱስ ክርስቶስ ምስላ ብዛዕባ ጥፉእ ወዲ፣እቲ ጥፉእ ወዲ ናብ ቤቱ ምስተመልሰ ኣቡኡ ዘይገበረሉ ነገር ኣየናይ ኢዩ፧
ሀ) ሳእኒ ለ) ቀለቤት
ሐ) ናይ ክሳድ መ) ክዳን

2. ናይ መወዳእታ ቃላት መስቀል ናይ የሱስ ኣየናይ ‘ዩ፧
ሀ) ኣቦ ንንፍሰይ ኣብ ኢድካ ኣማዕቁባ ኣለኹ
ለ) ተፈጸመ ሐ) ጸማእኩ መ) ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣለኹ ሎሚ ምሸት ኣብ ገነት ምሳይ ኣለኻ

3. ንየሱስ፡ “ምጽላይ ምሃረና” ዝበሎ መን ኢዩ፧
ሀ) ቶማስ ለ) ጴጥሮስ
ሐ) ዮሃንስ መ) ያዕቆብ

4. ካብ ጉንዲ እሰይ ዝጥጥዕ ጨንፈር” ኢሉ ብዛዕባ ምምጻእ የሲስ ዝተነበየ መን ኢዩ፧
ሀ) ኢሳይያስ ለ) ህዝቂኤል
ሐ) ኤርሚያስ መ) ዳዊት

5. እቲ ንየሱስ ክርስቶስ “ገንሸል ኢሉ ዝጸዋዐ መን ኢዩ፧
ሀ) ሃዋርያ ዮሃንስ ለ) ዮሃንስ መጥምቕ
ሐ) እግዚኣብሄር ኣቦ መ) ነብዩ ኢሳይያስ

መልሲ ኣብ ዝቕጽል ሕታም

## ኩርናዕ ግጥሚ

ንእከዩ

“ወርቂ ዘሎካ ነሃስ
ሃብታም ኢኻ ፈሳስ
ኣታ መርማሪ መጻሕፍቲ
ፈላጥ ኢኻ
ሊቀ ሊቃውንቲ”
እናበለ ዝሰሚ
ቃል ኣምላኽ ዘጓኒ፣

“ነቲ መስኪን ፋራ
ነቲ ዕዋላ ርጓላ
ነቲ ቅኑዕ ድንዙዝ
ንሰራቒ ንጡፍ”
እናበለ
ብጌጋ ዝንእድ
ንሽንቱ
ሓሳቡ ብዘግህድ፣
ኣይትዝበል ካብ ጽንዓትካ
ኣይትደርቢ ትብዓትካ
ቃል ኣምላኽ ምስ እትሰምዕ
ኣብ ቃላቱ ምስ እትጸንዕ
ንሱ እንተመርሐ መገድኻ
ኣሰሩ ምስ እትረግጽ እግርኻ
ሽዑ
ካብ ኣምላኽ ትቕበል ንእዶኻ!

## ጎይታ የሱስ ኣብ መጽሓፍቲ

ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንድለዮ፡ እትምንታይሲ፡ “ኩለን ጽሑፋት ብዛዕባይ እየን ዝዛረባ” ስለ ዝበለና።

ኣብ ዘፍጥረት፡ ዘርኢ ናይታ ሰበይቲ
ኣብ ዘጸኣት፡ ገንሸል ፋሲካና
ኣብ ዘሁልቅ፡ ብቐትሪ ዓንዲ ደበናና ብለይቲ ዓንዲ ሓዊ

ኣብ ዘለዋውያን፡ ሊቀ ካህንና
ኣብ ዘዳግም፡ ከም ሙሴ ዝበለ ነብዩና
ኣብ መጽሓፍ ኢያሱ፡ መራሒ ናይ ምድሓንና
ኣብ መሳፍንቲ፡ ወሃቢ ሕግና
ኣብ መጽሓፍ ሩት፡ እቲ ተበጃዊ ዘመድና
ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ሳሙኤል፡ እቲ ሓቀኛ ነብዩና

ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን መጽሓፍ ነገስት፡ ንሱ እቲ ዝመርሓና ንጉስና
ኣብ እዝራ፡ ንሱ በዓል ሕግና
ኣብ ነህምያ፡ ንሱ ነዳቒ ናይ ዝተሰብረ መንደቕ
ኣብ ኣስቴር፡ ጠበቓና

ኣብ እዮብ፡ ናይ ሓዋሩ ተበጃዊና
ኣብ መዝሙር፡ ንሱ ጎይታን፡ ጓሳና ስለዝኾነ ዝጎድለና የለን

ይቕጽል

## ነቲ ኣባኻ ዘሎ ምንጪ ክወስዶ ዝኽእል የለን

ሓደ እዋን ኣብ ሓደ ቦታ ሓንቲ ጭሩን ንህብን ተራኸባ። ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ፣ እታ ጭሩ ነታ ንህቢ፡ “ህርኩትቲ ሰራሕተኛ ምዃንኪ እርእየኪ እየ። ግናኸ ነቲ ብጻዕሪ ትሰርሕዮ መዓር፣ ደቂ ሰባት ብዘይ ዝኾነ ዓይነት ዓስቢ ክሰርቁኺ እርእይ እየ። ስለዚ ንምንታይ ዘይትገድፍዮ፧” ኢላ ሓሳብ ሃበታ።

እታ ንህቢ ሱቕ ኢላ ድሕሪ ምስማዕ፡ “ደቂ ሰባት ነቲ መዓር እምበር፣ ነቲ ጥበብ ናይ መዓር ክወስዱለይ ስለ ዘይክእሉ ጸገም የለን።” ኢላ መለሰትላ።

ሎሚ ብዙሓት ሰባት ንፍቕርና ዝደልዩ ኣለዉ። ንሳቶም ግና ዋላ ሓንቲ ናይ ፍቕሪ ነገር ዘየርእዩ። ግናኸ ንስኻ ፍቕሪ ካብ ምሃብ ኣይተቋርጽ! እትምንታይሲ ንፍቕርኻ፡ ንለውሃትካ፡ ንሰላምካ ዝብህጉ ኣዝዮም ብዙሓት ኢዮም። እቲ ክትሕጎሰሉ ዘለካ ግና፣ ነቲ ምንጪ ኩሉ፡ ጥበብ ኩሉ ዝኾነ ግና ካባኻ ዝወስዶ የለን።

## ኩርናዕ ስእሊ



ኣብቲ ፈጺሙ ተስፋ ዘይብሉ ቦታ፣ እግዚኣብሄር ነቶም ብእኡ ተስፋ ዝገብሩ ብትኣምራት የንብሮም።

### መልሲ ናይ ዝሓለፈ ሕታም ሕቶታት

ምረጹ -1.መ 2.መ 3.ሐ 4.ሀ 5.መ
ኣዛምዱ-1.ረ 2.መ 3.ሐ 4.ከ 5.ሀ

### ተረኻብ ዘረባ

ቆልዓ - ማማየ! ኣነ እኮ ክሳብ ጸቒ ክልተ ዓመት ዘለዉ ቆልዑ ኣዝየ እየ ዝፈቱ! በጃኺ እባ ዋላ ካብ ኦርፋን ሓደ ቆልዓ ኣምጽእለይ!

ኣደ - ድሕሪ ክልተ ዓመት ከ እንታይ ክገብሮ፧











## ከየባተኽና ንጸሊ!

ካብ ዕለታት ሓንቲ ምዓልቲ ሓንቲ ከየቋረጸት እትጽሊ ጤለበዱን ሓደ ጸሎት ዘዘውትር ኣንበሳን ነበሩ። እዛ ጤለበዱ ቅድሚ እንጀርኣ ክትምእርር ምውፋራ፡ "ጎይታ ሎሚ ካብ ኩሎም ጸላእተይ ሓሊኻ፡ ብሰላም ኣውፊርካ ምለሰኒ እልምነካ ኣለኹ!" ኢላ ጸለየት።

ድሕሪ ቁሩብ ሰዓታት እቲ ኣንበሳ ድማ፡ "እንጌራ ካብ ዘይበልዕ ምዓልታት ገይረ፡ ብጥሜት ክመውት ኢለ ኣለኹ እሞ፡ በጃኻ ጎይታይ ድራር ዕለተይ ሃበኒ" ኢሉ ጸለየ።

እቲ ኣንበሳ ዝበልዖ ክደሊ ካብ ቦትኡ ውጽእ ክብል ከሎ፡ እታ ጤለበዱ ድሮ ጸጊባስ ማይ ሰትያ ካብ ሩባ ክትምለስ ተጓነፊቶ። ክልቲኦም ድማ ተጠማመቱ። እቲ ኣንበሳ ክጎብጣ ምስ ዘለለ ንሳ ውን ዘሊላ ካብኡ ኣምለጠት።

ሽዑ እቲ ኣንበሳ ተጎየያ፡ ንሳ ተሃደመት፡ ንሱ ተጎየያ፡ ንሳ ተሃደመት፡ እናተጓየዩ ኣብ ሓደ ዕሙር ሳዕሪ ዘለዉ ቦታ ምስ በጽሑ፣ ሓንቲ ዘይትጽሊ ካልእ ጤለበዱ ደቂሳ ጸንሐት። እቲ ኣንበሳ ድማ ነታ ዝጎይያ ዝነበረ ሓዲጉ ነታ ደቂሳ ዝነበረት ጤለበዱ ጎበጣ። ንጎይትኡ ኣመስጊኑ ድማ ክምስሓ ጀመረ።

እታ ጸሎት ተዘውትር ጤለበዱ ኸኣ፡ "ማእሰር ሲኦል ከቢቡኒ፣ መፈንጠራታት ሞት በጺሑኒ ነይሩ። ግናኸ ነፍሰይ ኸም ዑፍ ካብ መፈንጠራ ሃዳናይ ኣምለጠት፣ መፈንጠራ ተበትከ፣ ኣነ ውን ኣምለጥኩ። ረዲኤተይ ብስም እቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚኣብሄር እዩ።" ኢላ፣ ብመዝሙር እናመስገነት፣ ናብ ቤታ ተመርቀፈት (ዳዊ18፡5, 124፡7-8)።

ምቁራት ናይ የሱስ ህጻናት፡ ካብዛ ዛንታ እንታይ ተማሂርኩም፧ ጸሎት ዘዘውትር ሰብ ድራሩ ከም ዘይስእን፡ ካብ ጸላእቱ ውን ከምዘምልጥ ተረዲእኩም ኣሎ ሓቀይ 'ዶ፧ ንፋዓት! በሉ ነዛ ትስዕብ ጥቕሲ ኣጽንዕዋ!
"ናብ ፈተና ከይትኣትዉስ ንቕሑን ጸልዩን። መንፈስ ተዳልዩ ኣሎ፡ ስጋ ግና ድኹም እዩ።" ማቴ26፡41

"ከየባተኽኩም ጸልዩ።" 1ይ ተሰ 5፡17

## እቲ ዝዓበየ ፍቕሪ

ሓደ ግዜ ሓደ ካብ ሕሉፍ ጌግኡ ተማሂሩ ዝለበመ ንጉስ ነበረ። ኣብታ ዓዱ ድማ ንእኡ ሓዊስካ፡ ካብቲ ዝልዓለ መስፍን ክሳብ 'ቲ ዝትሓተ ባርያ፡ ኩሉ ሰብ ሰራቒ፡ ሓሳዊ፡ ዓመጸኛን ቀታሊ ነፍስን ከምዝኾነ ርኣየ። እታ ዓዱ ድማ ፍትሒ ከም ዘጥፍአት፣ ዝኾነ ትኣምር መጺኡ እንተዘይ ረዲእዋ ድማ፣ በቲ ሰማያዊ መንግስቲ ከምትቕጻዕ፡ ንሓዋሩ ውን ከምትጠፍእ ተረድአ።

ሓደ ዓብዩ ፍቕሪ ዘለዎ ኣካል ተረኪቡ፣ ካብ ዓመጽን ግፍዕን ርሒቑ፣ ብፍቕሪ፡ ብምሕረትን ብጽድቅን ምስ ዘመሓድራ ግና፣ እቲ ሰማያዊ ንጉስ ከም ዝጥዓስ፣ ምሕረት ውን ከም ዝገብረላ ኣስተውዓለ። ካብቲ ጥፍኣት ትሞልቀሉ እቲ እንኮ ተስፋ ክዉን ክገብር ድማ ኣብ ዓሚቝ ሓሳብ ተጸምደ።

ሽዑ እቲ ንጉስ ሓደ ኣዋጅ ኣውጽአ። ንሱ ኸኣ እንታይ እዩ ዝብል፡ "እቲ ዝዓበየ ፍቕሪ ዘለዎ ኣካል ክሸለም እዩ።" ዝብል ነይሩ።

እቲ ሽልማት ኣዝዩ ዓቢ ካብ ምኳኑ ዝተላዕለ፣ ንሃብታም ይኹን ንድኻ፡ ንብዓል ስልጣን ይኹን ንተራ፡ ንሰብኡት ይኹን ንኣንስቲ፡ ንቀልዑ ይኹን ንዓበይቲ፣ ኮታስ ንኹሉ ደረጃታት ሕብረተሰብ ዘወናውነ ነይሩ።

እቲ ዝዓበየ ፍቕሪ ዘለዎ ኣካል፡ ነታ ዓዱ ብፍቕሪ ምእንቲ ክመርሓ፣ ንመንግስቲ ናይታ ምድሪ ተረኪቡ ንጉስ ኮይኑ ከም ዘመሓድር ዝገልጽ እዩ ነይሩ።

ኩሎም ሰባት ድማ እቲ ኣብ ልቦም ዘሎ ፍቕሪ እቲ ዝበለጸ ፍቕሪ ምዃኑ ዘርእዩሉ መገዲ ክበላሓቱ፣ ኣብ ዓምዩቕ ሓሳብ ጠሓሉ።

ሓደ ሓንባሳይ መጺኡ፡ "ብርቱዕ ጋሻ ውሑጅ መጺኡ ንሓንቲ ኣደ ቀልዓ ምስ ውላዳ ምስ መንዝዓ፣ ሩባ ዓድና ካብ ጻት ናብ ጻት መሊኣ እንከላ፣ ኣነ ንህይወተይ ኣብ ኢደይ ሒዘ፣ ዘሊለ ናብቲ ሩባ ኣትየ ከም ዘውጻኣኩዋ፣ ዓዲ ብዓዳ ትምስክረለይ እያ።" በለ።

እቲ ንጉስ ከኣ፡ "ኣዝዩ ዘገርም ነገር እዩ። ንምኳኑ እታ ኣደ ቀልዓ እንታይካ እያ፧" ኢሉ ሓተቶ።

እቲ ሓንባሳይ ድማ፡ "ሰይቲ ዝፈትዎ ዓርከይ እያ።" በሎ። እቲ ንጉስ ከኣ፡ "ሕራይ ጽቡቕ! ብሓቂ ንፈተውትኻ ክትገብረሎም ዝግባእ ዓቢ ናይ ፍቕሪ ውዕለት ኢኻ ፈጺምካ። በል በዚ ሸነኽ የማነይ ኩን።" በሎ።








ሽዑ ሓደ ሓረስታይ መጺኡ ኸኣ፡ "ዓድና ኣብ ኣጻምእ ቦታታት ካብ ዘርከባ ዓድታት ሓንቲ እያ። ኣብ ዓድና ብርቱዕ ጸሓይ ዘወልዶ ከቢድ ሙቐት እዩ ዘሎ። ብዘይ ማይ ካብዚኣ ናብቲኣ ተወሲ ምባል ዘይካኣል እዩ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኸኣ ኣብ ዓድና ብቐረባ ማይ ኣይርከብን እዩ።

"ኣነ ግን ህይወት ሰባት ብጽምኢ ምእንቲ ከይትሓልፍ፣ ወትሩ ኪሎሜተራት እናተጓዓዝኩ፣ ማይ እናምጻኹ ንሓለፍቲ መገዲ ብናጻ ኣስቲ ኣለኹ። ብመገዲ ዓድና ዝሓልፍ ዘበለ ሰብ፣ ንኣይ ዘይፈልጠንን ዘይመረቐንን የለን።" በለ።

እቲ ንጉስ፡ "እዚ ኩሉ ሰብ ክፈልጦ ንክገብርን ዘለዎ ናይ ፍቕሪ መስዋእቲ እዩ። በል በዚ ሸነኽ የማነይ ዘሎ መቓምጦ ኣዕርፍ በሎ።

ብድሕሪኡ ሓንቲ ኣደ መጺኣ፡ "ሓደ ግዜ ድርቂ ኸሎ እታ ዝነበረትኒ ንእሽቶ ቆጫን ሓደ ቘልዓ ሂበዮ፡ ብድሕሪኡ ኣነ ጥምየት ተሰኒፈ ወዲቐ። እቲ ቆልዓ ግና ካብ ሞት ሰሪሩ። ናይ ረዲኤት ትካላት ክቐብሩኒ ኢሎም ምስ ኣልዓሉኒ ኸኣ ከም ዘይሞትኩ ምስ ፈለጡ ተሸናኺኖም ኣድሒኖምኒ" በለቶ።

እቲ ንጉስ ከኣ፡"ምስቲ ቆልዓ ዘለኪ ዝምድና 'ዶ ምገለጽክለይ፧" በላ። እታ ሰበይቲ ድማ፡ "እቲ ቆልዓ ቦኽሪ ወደይ እዩ።" በለቶ።

እቲ ንጉስ፡ "ብሓቂ ኣብ ሞንጎ ኣደን ወድን ንዘሎ ዓብዩ ናይ ፍቕሪ ርክብ ዘንጸባርቕ ናይ ፍቕሪ ተግባር እዩ።" በለ እሞ ኣብ ሸነኽ የማኑ ኣብ ዘሎ ኮፍ መበሊ ኮፍ ክትብል ብኣእዳዉ ኣመልከተላ።

ቀጺሉ ሓደ ጎበዝ መጺኡ፡ "ሓደ ግዜ ሕጽይተይ ክልተ ኹሊታ ተበላሽየን ናብ ሆስፒታል ምስ ኣተወት፣ ሓኪም ድማ ኩሊት እንተዘይ ተለጊሱላ ከም ትመውት ምስ ነገረኒ፣ ኣነ ሓንቲ ኩሊት ከም ዘሃብክዋን፡ እታ ሰብ ድማ ብህይወት ትነብር ከም ዘላን፡ መሰኻኽረይ ሒዘ መጺአ ኣለኹ።" በለ።

እቲ ንጉስ፣ ንእኡውን፡ "እታ ሰብ እንታይካ እያ ትኸውን ዘላ፧"ኢሉ ሓተቶ። እቲ መንእሰይ ከኣ፡ "ናይ ቀደም ሕጽይተይ ናይ ሎሚ ብዓልተ ቤተይ እያ ትኸውን ዘላ ማለት እዩ።"ኢሉ ምላሽ ሃቦ።

እቲ ንጉስ፣ "ንሕጽይትካ ክግበር ካብ ዘለዎ ዓቢ ናይ ፍቕሪ ተግባር ኢኻ ፈጺምካ። በዚ ዓብዩ ናይ ፍቕሪ ውዕለትካ ልቢ ሕጽይትኻ ከም ዝሰለብካ ኣይጠራጠርን እየ። ንስኻ ኣፍካ ከይከፈትካ ኩሊትካ ባዕላ ትገልጾ ፍቕሪ ኣሎ። ፍቕርኻ እኳ እንተዘይ ትገልጽ ኩሊትካ ባዕላ ምገለጸቶ።" በለ በዚ ናይ ፍቕሪ ጀጋኑ ኮፍ ንምባል ዘዳለኽዎ መቓምጦ ተቐመጥ በሎ።

ሽዑ ሓደ ተሓሪዱ ከም ዝነበረ ምልክት ዘለዎ ገንሸል መጺኡ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ንጉስን ኣብ ቅድሚ እቲ ህዝብን ደው በለ። መን ምዃኑ ምስ ፈለጡ ድማ ክቡ'ክዩ ጀመሩ። ጸላእቱ ከለዉ፣ እናዓመጽዎ ኸለዉ፣ ግናኸ ንሱ ካብቲ ነታ ዓዲ ሓይልዋ ዝነበረ ገበል ንኸድሕኖም፣ ብገዛእ ፍቓዱ ርእሱ ዝሃበ፣ ገንሸል ምዃኑ ምስ ፈለጡ ዝርንዛሕ እናንብዑ ምሕረት ክገብረሎም ክሓትዎ ጀመሩ።

እቲ ንጉስ ተንሲኡ ድማ ከምዚ በለ፡ "ኣብ ክንዲ ሓደ ጸድቕ ዚመውት እኳ ዚርከብ ኣይመስለንን፣ እንድዒ ኣብ ክንዲ እቲ ጽቡቕ ዝገበረሉ ኺመውት ዚደፍርሲ ኣይምተሳእነን ይኸውን። ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከለና። ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፣ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ።

"ንሱ ንህይወቱ ኣብ ክንዳና ስለ ዝሕለፈ፣ በዚ ንፍቕሪ ንፈልጣ ኣለና። ንሕና ውን ኣብ ክንዲ ኣሕዋት ህይወትና ክነሕልፍ ይግባኣና እዩ።" በለ (ሮሜ5፡7-8. 1ዮሃ3፡16)።

እቲ ንጉስ ብዓው ዝበለ ድምጺ፡ "ካብዚ ናይዚ ገንሸል ዝዓቢ ካልእ ፍቕሪ ኣሎ ድዩ፧" ኢሉ ሓተተ። ኩሎም እቶም ህዝቢ ድማ ብዓው ዝበለ ድምጺ ኸኣ፡ "እቲ እተሓርደ ገንሸል፡ ንሱ ስልጣንን ሃብትን ጥበብን ሓይልን ክብርን ግርማን ውዳሴን ኪወስድ ብቑዕ እዩ፡"በሉ (ራእይ 5፡12)።

እቲ ንጉስ ከኣ ካብታ ዙፋኑ (ናይ ክብሪ ቦትኡ) ተንሲኡ፣ ነቲ በጃ እቲ ህዝቢ ሓሊፉ ካብ ሞት ዝተንስአ ገንሸል ኣብታ ናቱ ዙፋን ኣቐመጦ። ምቁራት ናይ የሱስ ህጻናት፣ እቲ ኣብዛ ዛንታ ዘሎ ገጸ ባህሪ (ብዓል ዓቢ ፍቕሪ) ንመን ወኪሉ ከምዘሎ ፈሊጥኩሞ 'ዶ፧ እ! "ንጎይታ የሱስ" ዝበልኩም ጽቡቕ ኣለኹም። ዓሸ! ቻው በሉ ንሎሚ! ቻው!

ነዞም ዝስዕቡ ኣስማት ኣብ ባዶ ቦታ ኣእትውዎም

ዮሱስ፡ ዮስያስ፡ ዮሴፍ፡ ዮናስ፡ ሳሙኤል፡ ዮሃንስ ሠጥሠቕ

1. __________ ወዲ 8 ዓመት ከሎ ነጊሱ።

2.__________ ቆልዓ እንከሎ፡ "ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ እሞ ተዛረብ" ኢሉ ጸልዩ።

3. ብሰሪ ገብንና ዝቖሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ዝተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ኽንረክብ፡ መቕጻዕቲ ናብኡ ዝወረደ እሞ፡ ንሕናውን ብስምብራቱ ዝሕወየና __________ እዩ።

4. ______ቆልዓ ከሎ ጸሓይን ወርሕን 11 ከዋኽብትን ክሰግድሉ ርእዩ።

5. ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ክሃድም ብመርከብ ምስ ከደ ናብ ባሕሪ ተደርብዩ 3 ምዓልታት ኣብ ከብዲ ዓሳ ዝገበረ ነብዩ__________ እዩ።

6."መገዲ ከተቕንዕ ቀቅድሚ ጎይታ ክትከይድ… ኢኻ" ዝተባህለሉ ቆልዓ__________ እዩ።

## ኣዛምዱ

_____1. ብ ኢድ ጎይታ ካብ ሞት ዝተንስአት ህጻን

_____2. ብመገዲ ጴጥሮስ ካብ ሞት ዝተንስአት ህጻን

_____3. ብጸሎት ናይ ኤልሳእ ካብ ሞት ዝተንስአ ህጻን

_____4. ብኣገልግሎት ናይ ኤልያስ ካብ ሞት ዝተንስአ ቆልዓ

ሀ. ጣቢታ

ለ. ወዲ እታ ሱናማዊት ሰበይቲ

ሐ. ጓል ያኢሮስ

መ. ወዲ እታ ሲዶናዊት ሰበይቲ